# ወ ደ ን

ፉሉይ ሕታም

ልሳን ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ | መበል 49 ዓመት ቁፅሪ 1064 | www.woyengazeta.org | 1968 - 2017 ዓ/ም | ዋጋ ብር 50





## 11 የካቲት!! መበል 50 ዓመት...
## ወርቃዊ እዮቤልዩ!!
## ዘይዛሪ ቓልሲ፣ ፅንዓት፣ ዓወት!
## ፅላል 11 ለካቲት ንህልውናናን ንህዳሰናን!!
## እንኳዕ ኣብፀሐና!!

# “ህልውና ህዝብናን ውድብናን ውሑስ ንምግባርን ጉዕዞ ትንሳኤና ንምግሃድን ኩሉ ክረባረብ ኣለዎ።”

ኣቦወንበር ውድብ ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል



ህልውናና ህዝብናን ውድብና ውሑስ ንምግባርን ጉዕዞ ትንሳኤና ንምግሃድን ኩሉ ከም ሓደ ኮይኑ ክረባረብ ከምዘለዎ ኣቦመንበር ውድብ ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል ገሊፆም።

ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካኤል ነዚ ዝገለፁ ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ወርቂ እዮቤልዮ 11 ለካቲት ኣብ ህልው ኩነታት ውድብ ህወሓት ሓድነት ህዝብና ንምዝራግ ይካየድ ኣብ ዘለው ምንቅስቓሳት፣ ቐፀልቲ ኣንፈታትን ካልኦት እዋናዊ ጉዳያትን ኣመልኪትና ብፍሉይ ኣብ ዘካየድናዮ ቃለ መሕተት እዩ።

ዶ/ር ደብረፅዮን ኣብ መብርሂኦም፤ “እንርከበሉ ኩነታት ኣዝዩ ከቢድን ዝተሓላለኸን ምዃኑ ዝፍለጥ እኳ እንተኾነ ኣብ ክሊ እዞም በዳህቲ ፈተናታት ተሓፂርና እግርናን ኢድናን ኣጣሚርና እንሪኣሉ ዘይኮነስ መዋፅኢ መንገድታት ኣለሲና፣ ጉዕዞ 50 ዓመት ልደት ቃልሲ ህወሓት ገምጊምና ቃልና እነሐድስሉ፣ መፂእና እንፍትሸሉ ክኸውን ይግባእ፤” ኢሎም።

“እዚ መድረኽ እዚ ህዝቢ ትግራይ ብፅንተታዊ ኩናት ካብ ዝበፅሖ በሰላታትን ካብቲ ሐዚ ዘለዎ ጭንቅን ፀበባን ወፂኡ፤ ድሕሪ 25 ዓመት ኣበይ ክበፅሕ ከምዘለዎ ሽቶታት ተቐሚጦም ናይ ሓደ ትውልዲ ትልሚ ወይ ፍኖተ ካርታ እንሕንፅፀሉ ክኸውን ኣለዎ።” ዝበሉ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ነዚ ድማ መንግስቲ፣ ዝተፈላለዩ ውድባት ፖለቲካን ክፋላት ሕብረተሰብን ባህጊ ህዝቢ ትግራይ ንምምላስ ዳግመ ህንፀትን ሕውየትን ህዝብና ጋህዲ ንምግባር ቃል እንኣትየሉ ኣብ ልዕሊና ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኩናት ካብዘብፀሐልና በሰላታት እንሓውየሉን እንመሃረሉን ክኸውን ይግባእ ኢሉዎ።

ዶ/ር ደብረፅዮን ብዘይካ እዚ፤ ውድብ ህወሓት ብምፍራስ ኣቢልካ ህዝቢ ትግራይ ብከባብያውነት ውሽጣዊ ሓድነቱ ክበታተን ናይህልውና ሓደጋ


ናብ ገፅ 3 ይዘውር


# መበል 50 ዓመት 11 ለካቲት፣ ሕውየት ውድብና እነረጋግፀሉን ንህዳሰ ትግራይ ቃልስና እነሐይለሉን ክኸውን ከምዘለዎ ተገሊፁ

መበል 50 ዓመት በዓል 11 ለካቲት፣ ሕውየት ውድብና እነረጋግፀሉን ቃልሲ ህዳሰ ትግራይ እነሐይለሉን ክብረ በዓል ክኸውን ከምዘለዎ ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴን ሓላፊ ዘፈር ፕሮፖጋንዳን ምልዕዓልን ህወሓት ተጋዳላይ እያሱ ተስፋይ ገሊፁ።



ተጋዳላይ እያሱ ነዚ ዝገለፀ መበል 50 ዓመት ወርቂ እዮቤልዮል 11 ለካቲት ምኽንያት ብምግባር ብፍሉይ ምስምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ኣብ ዘካየዶ ቃለ መሕተት እዩ። ሕሉፍ ጉዕዞ ቃልሲ 50 ዓመት ህዝቢ ትግራይ ብዙሓት በዳህቲ ፈተናታት፣ ፅንዓትን ዓወትን ዝተመዝገበሎም ከምዝኾኑ ብምዝኽኻር እዚ ድማ ፍሉይ መስተንክር ዝሰርሐ ውድብ ከምዝገብሮ ወሲኹ ሓቢሩ።

“ውድብ ህወሓት ብውሽጣውን ግዳማውን ሓይልታት እናተፈተነን ነቶም ፈተናታት እናሰገረን ኣብዚ ብርኪ በፂሑ፤” ዝበለ ተጋዳላይ እያሱ ሎሚ እውን ገጢምዎ ንዘሎ ፈተና ከምቀደሙ ቕኑዕ መስመር ውድብ ህወሓት ሒዙ፣ በዓል ዋና እቲ ውድብ ዝኾነ ህዝቢ ኣባላትን ደገፍቱን ሒዙ “እምቢ ንብሄራዊ ክሕደትን ንብተናን ምልክን” ኢሉ ዝተፈላለዩ መደረኸት ወፍሪ እምቢታ ብምክያድ ቃልሲ ሕውየት ውድብና ናብ ዝለዓለ ብርኪ ተሰጋጊሩ ከምዘሎ ብምሕባር፤ ነዞም ፈተናታት እዚኦም ሰጊሩ ገዊዱን ተኸሊዑን ከምዝወፅእ ኣየጠራጥርን ኢሉ።

ኣብ ውሽጢ ውድብ ዝተፈጠረ ፅግዕተኛ ጠላም ጉጅለ ክብርታትን ረብሓታትን ህዝቢ ትግራይ ሃደሽደሽ ኣቢሉ፣ ሓደጋ ብሄራዊ መንነትና ዝኾኑ ተግባራት ይፍፅም ከምዘሎ ወሲኹ ዝሓበረ ተጋዳላይ እያሱ፤ ነዚ ድማ ተጀሚሩ ዘሎ ወፍሪ እምቢታ ኣጠናኺርካ ብምቕፃል ሰላማውን ፖለቲካውን ቓልስና ናብ ዝለዓለ ብርኪ ክነሰጋግሮ ይግባእ ክብል ገሊፁ። እዚ ፅግዕተኛ ጉጅለ እዚ ንኹሎም ዲሞክራሲያዊ መሰላት ዓፊኑ፣ ብሄራዊ ክሕደት ይፍፅም ከምዘሎን ንህዝቢ ትግራይ ጠሊምካ፣ ኣምበርኪኽካን መሊኽካን ኣብ ስልጣን


ናብ ገፅ 3 ይዘውር




እምቢ ንብሄራዊ ክሕደት! እምቢ ንምልኪ! እምቢ ንብተና!

ዋና ዳይሬክተር - ተወልደብርሃን ተኸሉ
ቁ.ስ - 034 440 00 10

ዋና ኣሰናዳኢ- ኣክሊሉ ታደሰ
ቁ.ስ - 034 440 22 92

ም/ዋና ኣሰናዳኢ- ኣማኑኤል ገ/ሩፋኤል

ዲዛይንን ለይኣውትን - መነን ይሕደጐ
- ማርታ መረሳ
ቁ.ስ - 03 42 40 53 98

25 ጥሪ 2017 ዓ/ም
መበል 48 ዓመት ቁፅሪ 1064
ፋክስ - 034 440 46 07
ቁ.ሳ.ፖ- 840 መቐለ

## መልእኽተ ወይን

# ኣብ ፅላል ዕላማታት 11 የካቲት ንዕሰል!!

ንዘመናት ብዘርኢ ሓረግ እናተወራረሰ ዝፀንሐ ዘውዳዊ ስርዓት ኢትዮጵያ 1966 ዓ/ም ብናዕቢ ህዝቢ ምውጋዱ ስዒቡ ስልጣን ብኣቋራጭ ዝመንዘዐ ፋሽስት ደርጊ ከይወዓለ ከይሓደረ ንሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ብኣዋጅ ከልከለ። ንኩሎም ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ህዝቢ ብምዕፋን “እምቢ ላለ ሰው ጥይት ኣጉርሰው፤” ወይ ድማ “እምቢ ንዝበለ ሰብ ጥይት ኣኾልሶ፤” ዝብል ጭርሖ ብምቅላሕ ናብ ምልካዊ ኣገዛዝኣ ምሉእ ብምሉእ ተሰጋገረ። በዚ ምኽንያት ድማ ብተምሃሮ ዩኒቨርስቲ ምንቅስቓስ ማሕበር ገስገስቲ ብሄረ ትግራይ (ማገብት) ተባሂሉ ኣብ ከተማ ኣዲስ ኣበባ ዝተጠጀአ ምንቅናቕ ቃልሲ፤ 11 የካቲት 1967 ዓ/ም ናብ በረኻ ደደቢት ወሪዱ ሽግ ሓርነት ምጅማር ዕጥቃዊ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣበሰረ። እንሆ ድማ ብሄራውን ደርባውን ወፅዓ ዝወለዶ፣ ህዝባዊ ፅንዓትን ሓቀኛ ዕላማን ዝተሓንገጠ ቓልሲ ውድብና ህወሓት 50 ዓመት ወይ ድማ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ተጓዒዙ።

ቅድሚ ሓምሳ ዓመት ከምዚ ሎሚ፤ ህወሓት ዕጥቃዊ ቓልሲ ኣብዝጀምረሉ እዋን ብሓፈሻ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ብፍላይ ድማ ኣብ ትግራይ ኣዝዩ ዝኸፍአ ከርፋሕ መነባብሮን ድኽነትን ዝነበረሉ፤ ነዚ ንምቕያር እውን እዚ ዝበሃል መዋፅኦ ዘይርከበሉ ብኹሉ ገፅ በደልሃመት ዝተሸፈነሉ ናይ መከራ፣ ጭንቅን ፀበባን ግዘ እዩ ነይሩ። እዚ ብዝምልከት ሓደ እዋን ብፃይ መለስ ዜናዊ ነቲ ሽው ዝነበረ ኩነታት ከምዚ ኢሉ ገሊፅዎ እዩ።

“... ከመይ ገይርና ንወፅእ? ክሓልፈልና ድዩ? ዝበሃል ነገር መንገዱ፣ ዓይኒ መርፍኡ ዝጠፍአሉ ኩነታት እዩ ነይሩ። ካብቲ ክፉእ ናብራ ማሕበራዊ ሽግራትን ጭቆናን ንላዕሊ ብርሃን ዘይነበሮ ኩሉ ፀልማት እዩ። በዚኣ ከይድና ከምዚኣ ገይርና በዚኣ ሓሊፍናስ ክንወፅእ ኢና ዝበሃለሉ ነገር ጠቐሊሉ ኣይነበረን። ካብዚ ፀልማት እዚ ንምውፃእ ዝነበረ ብሕታዊ መማረፂ ቓልሲ እዩ ነይሩ።...”

ነዚ ካብ ብጉሓቱ ዝተገንዘበ ህወሓት ነቲ ዝነበረ ድኽነት፣ ነቲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዝነበረ ግፍዕን ጭቆናን ብሰላማዊ መንገዲ ብዲሞክራሲያዊ መንገዲ ብፖለቲካዊ ቓልሲ ንምውጋድ ምንም ዕድል ኣይነበሮን። ስለዚ ብረት ኣልዒልካ ምቅላስ ክመርፅ ግድነት ዝኾነሉ ሃዋህው ተፈጢሩ። ይኹን እምበር ነቶም ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተዳዕነኑ ፀገማት ንምውጋድ ብረት ምልዓል ወይ ዕጥቃዊ ቓልሲ ኣማራፂ ምውሳድ ንበይኑ መፍትሒ ክኸውን ኣይኽእልን ነይሩ። ነዚ ድማ ህወሓት ገና ቅድሚ ናብ በረኻ ደደቢት ምውራዱ ዕጥቃዊ ቓልሲ ንምክያድ ግድን ክማልኡ ዝግበኦም መሰረታዊ ጉዳያት ኣነፂሩ እዩ። ንሳቶም እውን ንምቅላስ ምሉእ ድልውነት ምህላውን ነቲ ቓልሲ መሪሑ ናብ ዓወት ክወስድ ዝኽእል ዕላማ፣ ፕሮግራምን ስትራተጅን ናይ ምሕንፃፅን ጉዳያት ኣረጋጊፁ። እቲ ኻልእ ድማ ኣብ ከይዲ እቲ ቓልሲ እናተመለአ ከምዝኸይድ ብምእማን እዩ ውሑዳት ተጋደልትን ብረትን ግን ድማ ዓብይን ቑኑዕን ዕላማ ተሓንጊጡ ናብ ዝተናወሐ ዕጥቃዊ ቃልሲ ወፊሩ። በዚ ከይዲ እውን እዩ መላእ ህዝቢ ትግራይ ኣፍቲ ህዝባዊ ቓልሲ ኣሰሊፉ ከበድቲ ብድሆታት እናተሳገረ ነቲ ፋሽስታዊ ስርዓት ብምድምሳስ ናብ ዓወት ዝበፅሐ።

ህወሓት፤ ድሕሪ ውድቀት ደርጊ ከምሃገር ይኹን ከምትግራይ ሱር ሰዲዶም ዝፀንሑ ፀገማት ብሱር ቦቆስ ለውጢ ንምውጋድ፣ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ምሉእ ብምሉእ ዘረጋግፅ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ንምትካል፣ ኩሉ መዳይ ልምዓትን ምዕባለን ክገሃድ ንምግባር ብዝገበሮ ምርብራብ ንዝሓለፉ 27 ዓመት (ክሳብ 2012 ዓ/ም ኣብዝነበሩ ዓመታት) ተኣምራዊ ውፅኢታት ምምዝጋብ ተኻኢሉ እዩ። ዕድመ ንቓልስና፣ ዘልኣለማዊ ክብርን ሞጐስን ንጀጋኑ ስውኣትናን ተጋደልትናን ህዝባዊ መስመር ዝተሓንገጠ ሓቀኛ ቃልስና በብእዋኑ ዝገጠመ ፈተና እንተገጠሞ ኣብ መትከሉ ፀኒዑን ህዝቡ ኣዕሲሉን ብጥበብን ብልሓትን ነቶም ዘይሰገሩ ዝመስሉ ዝነበሩ ፈተናታት እናሰገረ ኣብዚ መዋእል ፍርቂ ክፍለ ዘመን ወርቃዊ እዮቤልዮ ክብረ በዓል ምብፅሑ ብደረጃ ዓለም ከይተረፈ “መስተንክር ዝሰርሐ ታሪካዊ ውድብ” ክኸውን ዝገብሮ እዩ።

ከምቲ ብፃይ መለስ ደጋጊሙ ዝገልፆ ዝነበረ ንሓደ ውድብ ዝዓበየ ሓደጋ ውሽጣዊ ሓደጋ እዩ። ካፍቲ ውሽጣዊ ሓደጋ ድማ እቲ ዝዓበየ ሓደጋ ናይ ኣረኣእያ ደንበርበር እዩ። ፅሩይን ንፁርን ኣረኣእያ እንተልይዎ እንተወደቐ እውን እንተተስአ እውን በቲ ኣረኣእያኡ ተደጊፉ ኣብ መጨረሻ ምዕዋቱ ኣይተርፍን። ትኽክለኛ መስመር ህዝባዊ ኣረኣእያ ክሳብ ዝሃለወ... ብግዝያዊ ሽግርን ዕንቅፋታትን ብዘይምስኳን መወዳእትኡ ብርሃን ከምዝኸውን ተኣማሚንካ ምኻድን ተዓፃፂፉይ ዓወት ምምዝጋብን ውድብና ህወሓት ኣብ ነዊሕ ተሞክሮ ቃልሱ ዘጥረዮን ሕዚ እውን ዝቐፅል ዘሎን ብሕታዊ ሃፍቱ እዩ።

ውድብና ገና ኣብ ዕሸል ዕድሚኡ እናሃለወ ተደጋገምቲ ናይ ውሽጢ ሕንፍሽፍሻት ኣጋጢምዎምእዮም። ነዚኦም ብመትከላዊ ፅንዓትን ዲሞክራሲያዊ ኣተኣላልያን እናፈትሖም ዝመፀ እውን ካብቲ ትኽክለኛ ኣረኣእያኡን ህዝባዊ መስመሩን ብምብጋስ እዩ። ኣብቲ ዕሸል ዕድሚኡ ብዙሓት ፀላእቲ ከቢቦም ከጥፍእዎ እንትረባረቡ ውድብና ግና ህዝባዊ መስመሩ ኣፅኒዑን ዕላማታቱ ህዝቢ ትግራይ ክስለፈሎም ገይሩን እዩ ሰጊርዎ። ነዚ እውን እዩ ህወሓት ኣብዘየረብርብ ቃልስን ፈተናን እናተስሓለ ሓምሳ ዓመት ክጓዓዝ ዝኸኣለ።

እዚ ኮይኑ፤ ውድብና ህወሓት ሕዚ እውን ፍርቂ መዋእል ዘመን ኣብዘቑፀረሉ ዕድሚኡ ካልእ ሓደጋ ካልእ ፈተና ኣጋጢምዎ ይርከብ። ፈተናታትን ዓወታትን ዘይተፈለይዎ እዚ ታሪካዊ ውድብ ኣብዚ መድረኽ እዚ ምስበፅሐ እውን እንተኾነ ህዝቢ ትግራይ ብልፍንታውያን ወረርቲ ዝበፅሖ ፅንተትን ብርሰትን ከቢድ ፃውራ ኣብዝኾነሉ፣ ተስፋ ህዝብና ብፍላይ ድማ ተስፋ ተመዛባላይ ህዝብና ኣብዝፀልመተሉ፣ ብኣውርኡ ድማ ኣፍቲ መሪሕ ውድብ ዝተፈጠረ ፅግዕተኛ ምብስባስ ሓይሊ ገንጊኑ ብምውፃእ ውድብና ክትብተንን ትግራይ ክትስኮንን ቀትርን ለይትን እናሰርሐ ኣብዝርከበሉ ኩነታት ዝኽበር ዘሎ ክብረ በዓል ምኳኑ ፍሉይ መድረኽ ይገብሮ።

በዚ መንፅር እዚ፤ ናይ ሎምዘበን 11 የካቲት ፍሉይነቱ ፅምብል ወርቂ እዮቤልዩ 50 ዓመት ኣድሚቕና እነኽብረሉ ብምኳኑ ጥራሕ ኣይኮነን። ውድብና ህወሓት ሎም እውን ከምትማሊ ኣብ መትከላዊ እምነታቱ ፀኒዑ፣ ኣባላቱን ህዝቡን ብምውዳብ ንድሕነት ውድብና ብፍሉይ ቁርፀኝነት እናተረባረበ ዝርከበሉን ናብ ብራኸ ዝሰጋገረሉን ፈታኒ ኩነታት ብምኳኑ እውን ፍሉይ ይገብሮ። ሎሚ መበል 50 ዓመት ክብረ በዓል 11 ለካቲት እንትነኽብር ካብ ወትሩ ብዝተፈለየ ኣብ ውሽጢ ውድብና ዝገጠመ ፅግዕተኛን ሓደጋ ብሄራዊ ህልውናናን ዝኾነ በታኒ ሓይሊ ዝሰርሖም ውዲታት ብምፍሻል ነቲ ዝተሃቀነልና ሓደጋ መትከልና ኣፅኒዕናን ብሓድነት ሰሚርናን ክንሰግሮ ካብዝኾነ እዋን ንላዕሊ ዕጥቅና እነስጥመሉ ነዚ እውን ቃልና ደጊምና እነሐድሰሉ ታሪካዊ ክብረ በዓልና ምኳኑ ምግንዛብ የድሊ።

ሎሚ ነዚ መሰረት ህዝባዊ ፅንዓትናን ሓድነትናን ዝኾነት ወርቅዊት ዕለትና እንትነኽብር፤ ከምሕሉፍ ካብ ሕሉፍ ጉዕዞ ቓልስና ተማሂርና ኣብ ምምካት ሕዚ ገጢሙና ዘሎ ብሄራዊ ሓደጋ ከይተሓፀርና ንናይ መፃኢ ጉዕዞና ብሄራዊ ክብርታትናን ኣነፃፂርና ኣብ ሓደ ምርድዳእ እውን በፂሕና ንውፅኢታውነቶም ምርብራብ እንጅምረሉ ክኸውን እዩ። ብመንፅር እዚ ወርቅዊ ናይ ፍርቂ ክፍለ ዘመን ክብረ በዓልና እንትነኽብር “ፅላል 11 ለካቲት ንህላወናን ህዳሰናን!” ኣብ ዝብል መሪሕ ሓሳብ ዓሲልና ብህዝባዊ ማዕበል እናተዓጀብና ካብ ዝኾነ እዋን ብዝተፈለየ ድምቀት ብምብዓል በቲ እንፈጥሮ ዋዕይ ንደምበ ፅግዕተኛታት ረመፅ ዝኾነት ምዕብልቲ ትግራይ ክንፈጥር ንበገስ።

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንጀጋኑ ስውኣትና!!**

## ትብፃሕ

# “ይኣክል”...፤ ንመን?

ትብፃሕ ናብ መሰናዳእቲ ጋዜጣ ወይን! ኣቐዲመ ንዓኹም ጥዕና ንስራሕኹም ኣሳልጦ እናተመነኹ ነዛ ዝልእኽልኩም ዘለኹ ፅሑፍቲ ብውነ ርኢኹም ዝእረም ኣሪምኩም ንንባብ ክተብቅዕዋ ይላቦ።

ከምዝፍለጥ ካብ ዕለት ሓሙሸተ ክሳብ ሸውዓተ ጥሪ 2017 ዓ/ም ኣብ ከተማ መቐለ ብፍላይ ኣብ ኣደባባይ ሮማናት(መቐለ) “ይኣክል” ብዝብል መሪሕ ቃል ሰላማዊ ሰልፊ ተኻይዱ እዩ። እቲ ብፅላል ሲቪል ማሕበረሰብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ዝተፀወዐን ግዝኣታዊ መሬት ትግራይ ክረጋገፅን ተመዛበልትን ዝተሰደዱን ወገናት ናብ መረበቶም ክምለሱን ዝሓትት ሰላማዊ ሰልፊ ንሰለስተ መዓልትን ለይትን ዝፀንሐ ምንባሩ ይዝከር። ኣብቲ ዝተኻየደ ሰላማዊ ሰልፊ “ይኣክል” ዝብል ቃል ብናተይ ርድኢት ናይ ዝተረሰዐ፣ ዝተፀገሙ፣ ኣብ ኣዝዩ ዝሓመቐ ኩነታት ወዲቖም ዝርከቡ ተመዛበልቲ ተጋሩ ድምፂ ዘስመዐ፣ ነፃ፣ ግልፅን ትኽክለኛን ሕቶ ተሓንጊጡ ዝተኻየደ ምኳኑ እየ ዝርዳእ። እቲ ሕቶ ግቡእን ኣዕጋብን መልሲ ክሳብ ዘይረኸበ ድማ ዋኒን መላእ ህዝቢ ትግራይ ኮይኑ ብህዝባዊ ማዕበል እናተዓጀበ ተጠናኺሩ ክቕፅልን ኣብ ውሽጥን ደገን ዘሎ መላእ ህዝቢ ትግራይ ክኽተሎን ክሳብ ዕልባት ዝረክብ ክቃለሰሉን ከምዝግባእ ድማ እምነተይ እዩ።

እዚ ኮይኑ ግና እቲ “ይኣክል” ዝብል ዝተሰምዐ ድምፂ ቁጥዐ ተመዛበልቲ እንታይ?፣ ንመን? ዝብል ኣዐርዩ ዘይበርሀን ተሓታቲ ዘይነፀረን ኮይኑ እዩ ተሰሚዑኒ። እቲ ክኸውን ዝነበሮ ዝምልከቶ ኣካል ብዘርኢ ወይ ተጠያቕነት ብዘነፅር ኣገባብ ክግለፅን ኣፅንኦት ክወሃቦን ይግባእ ነይሩ ዝብል እምነት ኣለኒ። ነቲ ብመሰረት ውዕሊ ፕሪቶርያ ፍሉይ ልኡኽን መደብን ተዋሂብዎ ሓላፍነት ዝተረከበ ሓይሊ ዕማም ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝምልከት ምኳኑን ዛጊድ ልኡኹ ብዘይምፍፃሙ ተሓታቲ ከምዝኾነን ግልፂ መልእኽትን ፃውዒትን ክቐርብ ተሓሲቡ ዝተገበረ ከምዝኾነ ግን እምነተይ እዩ። እቲ ምንታይ ‘ሲ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዝተጣየሸሉ ዕላማ፣ ልኡኽን ስርዓተ ምሕደራን ንጎኒ ብምግዳፍ ብሽም ለውጥን “ሪፎርም”ን ፖለቲካዊ ሕፅቦ ንምክያድ ናብ ሕቱኽቱኽ ብምጥሓሎም ውዕሊ ፕሪቶርያ ምሉእ ብምሉእ ከይፍፀምን ክመክንን እናገበሩ እዮም መዒኦም። ንህዝቢ ወኪሎም ዝተረከብዎ ስልጣን ኣብ ክንዲ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ዘረጋግፅ ቃልሲ ምክያድ ብተፃራሪ ንመራጎዲ ባህግን ዕላማን ደመኛታት ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ዘውዓሉን ዝጠለሙን መራሕቲ ኮይኖም እየ ረኺበዮም።

እቲ ብወረርትን ሓይልታት ትምክሕትን ካብ ዞባ ምዕራብ፣ ዞባ ሰሜን ምዕራብ፣ ምብራቕን ደቡብን ትግራይ ብከቢድ ግፍዕን ጨፍጫፍን ተመዛቢሉን ተበታቲኑን ኣብ ኬንዳ ብቑርን ፀሓይን እናተሳቐየ ግዳይ ጥምየት፣ ሕማምን ሞትን ኮይኑ ዘሎ ህዝቢ ናብ መረበቱ ንክምለስ ከምግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ክሳብ ሕዚ ዝሰርሖ ኮነ ዘዐወቶ ስራሕ ዋላ ሓደ የለን። እኳ ድኣስ በቶም ተመዛበልቲ በቢዓመቱ ኣብ ዝተኻየዱ ሰላማዊ ሰልፍታት ዝተሰምዑ ዝተፈላለዩ ድምፅታት መረረትን ጥርዓናትን ንዘይምትግባር ኣብ ቀረባ እዋን፣ 30 ግንቦት፣ 30 ሰነ፣ ድሕሪ ወርሒ፣ ተወዲኡ እዩ፣ ክትምለሱ ኢኹም ወዘተ ብዝብሉ ዘይትግበሩ መፅብዓታት ብምእታው ዕድመ ስልጣኖም ብጉልባብ ግዝያዊ ምምሕዳር ንምንዋሕ ዝፅዕሩ ምኳኖም ግልፂ እናኾነ እዩ መፂኡ። ብመታለልቲ ቃላት ዘይትግበር ተስፋ እናሃቡ ድምፂ ተቓውሞ ተመዛበልቲ ወገናት ንምዕፋን በቢግዚኡ መዐገሲ መልሲ እናሃቡ ንክልተ ዓመትን ልዕሊኡን ፀኒሖም እዮም። በዚ ድማ ስቓይን መከራን ተመዛበልቲ ወገናት ሱር ክሰድድ ዘጋጠምዎ ኩለመዳያዊ ፀገማትን መፍትሒ ኣልቦ ክኸውን፣ መሬቱ ብወረርቲ ሓይልታት ተሓዲጉ ክነብር፣ መነባብርኡ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ክሓምቕን ክገድድን ክኢሉ እዩ። ብተወሳኺ ድማ ብዙሕ ህዝቢ ካብ ትግራይ ወፃእ ናብ ጎረቤት ሃገር ሱዳንን ካልኦትን ዝተበተነን ኣድራሽኡን ሃለዋቱን ዘይተፈለጠ ተስፋ ዘንጊዕዎ “ስደት ዓዲ ማትና ይኣኽለና ዓድና ምለሱና” እናበለ ኣብ ሃገረ ሱዳን ኮይኑ ድምፁ እናስመዐ ፀኒሑን ኣሎን።

ስለዝኾነ እቲ “ይኣክል” ዝብል ድምፂ ተመዛበልትን መላእ ህዝቢ ትግራይን ነቲ ብግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ ኣብ ተመዛበልቲ ዝተፈፀመ ክሕደት፣ ዘጋጠመ ብተናን ዝቐፅል ዘሎ ሞትን እውን ይኣክል ክባሃል ኣለዎ። እዚ ንከብቅዕ ድማ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ተልእኾን ዕላማን ውዕሊ ፕሪቶርያ ብቅደም ሰዓብ ሓደን ክልተን ኢሉ ከተግብር፣ ተመዛበልቲ ናብ መረበቶም ክምለሱ ህዝቢ ዝመረፆ ሕጋዊ መንግስቲ ክህሉ እቲ ብሽም ግዝያዊ ምምሕዳር ስልጣን ምስሓዘ ንህዝቡ ዝጠለመን መጋበርያ ፀላእቲ ዝኾነን መላኺ ጉጅለ ክሕደት እውን “ይኣክል” ክበሃል ኣለዎ እብል።

**ኣስረስ ኣረሩ**
**ካብ መቐለ**



ህወሓት ተምሳሌት ፅንዓትን ዓወትን እያ!!

# ዝ ቖፀለ ዜና

ህልውና...ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ክፍጠር ውሽጣውን ደጋውን ሽርሒታት ተተሊሙ ይሰርሓሉ ከምዘሎ ድሕሪ ምግላፅ ብወፍሪ እምቢታ ኣቢልካ ተግባራት ፅግዕተኛ ሓይሊ እናቃላዕኻ ጥርሒም ክተርፉ፣ ኣተን ኣብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝተቐመጣ መትከላት ማለት እውን፤ ሉኣላዊ ግዝኣት ትግራይ ክኽበር ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ፣ ውሑስ ሰላምን ፀጥታን ክህሉ ቀዳምነት ተዋሂቡዎ ክሰርሓሉ ዘለዎ ጉዳይ እዩ ኢሎም።
"ነዞም ፀገማት እዚኦም ንምፍታሕ ይትረፍ ኣብ ትሕቲ ግዝያዊ ምምሕዳር ኮይንካ ኣብ ስሩዕ መንግስቲ ኮይንካ እውን ኣፀገምቲ እዮም፤" ዝበሉ ዶ/ር ደብረፅዮን ገ/ሚካል፤ ይኹን እምበር ኣብ ሓፂርን ነዊሕን እዋን ዝፍትሑ ፀገማት ኣለሊኻ ኣብ ደብረኽረኽ ኣትዩ ዘሎ ፖለቲካ ትግራይ ንምዕራይ ብሄራዊ ረብሕኡን መሰሉን ንምኽባር ድልው ዝኾነ፤ ነዚ ድማ ብዙሕ መስዋእቲ ዝኸፈለ ህዝቢ ትግራይ ኣመራርሓ ስኢኑ "ቀልጢፍኩም ተመዓራሪኹም ሃለዋትን ድሕንነትን ህዝቢ ውሑስ ግበሩ" ይብል ከምዘሎ ኣረዲኦም።

ከምኣገላልፃ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ውድብ ህወሓት ድሕሪ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤኡ መሪሕነቱ መሪፁ ዝተፈላለዩ መድረኻት ኣካይዱ፣ ንዝኸሓደ ኣካል ኣሰናቢቱ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ መንገዲ ጥዕና ከምዘሎ ዝሓበሩ ዶ/ር ደብረፅዮን ኣመራርሓ ኣመዓራርዩ ፍኖተ ካርታ ኣዳልዩ ናብ ህዝቢ፣ ኣባል ወሪዱ ይሰርሕ ከምዘሎን ብቐፃሊ እውን ህዝባዊ ውዳበታት ተሰጣጢሙ ክኸይድ፣ ብፍላይ ይፈታተንዎ ንዘለው ከባብያውነት ኣትሪሩ ንምቅላስ "እምቢ ንብሄራዊ ክሕደት፣ ብተናን ምልክን" ዝብል ኣንፈት ነፂሩ ይቃለስ ምህላው ኣገንዚቦም።

"ኣብ ዝተፈላለየ ምዕራፋት ቃልሲ ስለዘለና ዝተፈለየ ሰላማውን ፖለቲካውን ቃልሲ ይሓተና ኣሎ፤" ዝበሉ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ ስምምዕ ፕሪቶርያ ንዓርሱ ሓደ ዓብዩ መቃለሲ ዕድል ስለዝኾነ ነቶም ኣብ ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝኣተው ኣካላት ሒዝካ ህዝብና ኣጋጢምዎ ካብ ዘሎ ናይ ህልውና ሓደጋ ክወፅእ ውድብ ህወሓት ናይ ትማልን ሎሚን ውድብ ጥራሕ ዘይኮነስ ናይ መፃኢ ውድብ ኮይኑ ንክቕፅል ዝተጀመሩ ስራሕቲ ሪፎርም ተጠናኺሮም ክቕፅሉ ከምዘለዎም ኣፍሊጦም።

ካብዚ ብተወሳኺ ድማ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመሉ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ከይኣክል ሐዚ ድማ ብናይ ባዕሉ ኣካላት ዝተፈላለዩ ፀገማት ይገጥምዎ ከምዘለው ዶ/ር ደብረፅዮን ይገልፁ። እዚ ሓደጋ መቐፀልታ ናይቲ ጀኖሳይዳዊ ኩናት ከምዝኾነን እዞም ሓይልታት እዚኦም ካብ ገፅ መሬት ክበርስ ምስዝደልዩ ኣካላት ኮይኖም ሓድነቱ ክብተን፣ ብኢኮኖሚ ክዳቐቕ፣ ነንባዕሉ ክባላዕን ሰላሙ ክዝረግን ምስናይ ደገን ውሽጥን ተሻሪኾም ይሰርሑ ከምዘለው ኣገንዚቦም።

ብፍላይ እቲ ዝበስበሰ ፅግዕተኛ ጉጅለ ዝለዓለ ስልጣንን ሓላፍነትን ንዘለዎን ብሕገ መንግስቲ ዝተጣየሻን ኣብያተ ምኽሪ ትግራይ ክፈርሳ፣ ናይ መኸተ ሓይሊ ዝኾነ ሰራዊት ትግራይ ብምኽንያት "ዲዲኣር" ክብተን ይሰርሕ ኣሎ ኢሎም። እዚ ተግባር እዚ ድማ ነቶም ብኹናት መሊኦም ዘየፅነቱና ሓይልታት መቐፀልታ ፅንተታዊ ኩናትን እኩይ ተግባርን ከምዝኾነ ኣብሪሆም።

ድሕሪ ጉባኤ ዝተኻየዱ መድረኻትን ውፅኢቶምን ኣመልኪቶም ዶ/ር ደብረፅዮን ኣብ ዝሃብዎ መብርሂ፤ ህወሓት እቶም ፀገማት እናተሓላለኹ ሓደጋ ህልውና እናኾኑ ምስመፁ ናብ በዓል ዋንኡ ዝኾነ ህዝቢ፣ ኣባልን ካድረን ወሪዱ ኣብ እንታይነትን መንነትን እቲ ዝኸሓደ ፅግዕተኛ ጉጅለ፣ ኣብ መፍትሒ ሓሳባት፣ ኣብ ህልው ኩነታት ውድብ ህወሓት ተመሳሳሊ ኣተሓሳስባ ንምሓዝን ተናቢብካ ሰሚርካን ንምኻድን ዘኽእሉ ናይ ምርድዳእ መድረኻት ከምዝተኻየዱ ገሊፆም።

ብዘይካ ናይ ህዝብን ውድብን መድረኻት ምስ ሰራዊት ትግራይ ምዝርራብ እናተገበረ ምምፅኡ ዘዘኻኸሩ ዶ/ር ደብረፅዮን፤ እዚ ዝኸሓደ ጉጅለ ህዝቢ ዝመረፆ መንግስቲ ከይህልወና ኮነ ኢሉ ይሰርሕ ከምዘሎን ጠቕሊሉ ናብ ውልቀ መላኽነት ምስግጋሩን ተነፂሩ ብሰላማዊን ፖለቲካውን መድረኽ ንምፍታሕ ፃዕሪ ይግበር ከምዘሎ ግልፂ ገይሮም።

ዶ/ር ደብረፅዮን፤ መረፃ ቦርድ ኢትዮጵያ ኣብ ልዕሊ ህወሓት ዘውፅኦ መግለፂ ኣመልኪቶም ድማ መበል 50 ዓመት ወርቂ እዮቤልዮ 11 ለካቲት እናኽበረ ዝርከብ ውድብ ህወሓት ከም ብሓዱሽ ካብ ሰለስተ ነሓሰ 2016 ዓ/ም ጀሚሩ መዝጊብካ ኣለኹ ምባል መንነትናን ታሪኽናን ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ዘህስስ ስለዝኾነ ብዝኾነ መዐቀኒ ተቐባልነት ከምዘይብሉን ኣብዚ ጉዳይ እዚ ናይ ኣፍልጦ ሰርቲፊኬት ምሓዝን ዘይምሓዝን፣ ጉባኤ ምድጋምን ዘይምድጋምን ዘይኮነ ውዕሊ ፕሪቶርያ ናብ ሕቶ ዘእቱን መኸተ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝሕንሸሽን እዩ ኢሎም። እዚ ድማ ምስቲ ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ዘሎ ፅግዕተኛ ጉጅለ ተናቢቡን ተኣሳሲሩን ዝሰርሖ ዘሎ ሽርሒ ከምዝኾነ ኣገንዚቦም።

ህወሓት ምስ መንግስቲ ፌደራል ዘለዎ ርክብ ብመሰረት ስምምዕ ፕሪቶርያ ዝትግበር እንተኾነ እኳ ሉኣላዊ መሬት ትግራይ ኣብዘይተኸበረሉ፣ ዝተመዛበሉ ወገናትና ናብ መረበቶም ኣብ ዘይተመለሰሉን ሐዚ እውን ህዝብና ኣብ ትሕቲ ወረርቲ ሓይልታት ኣብዘለወሉን ኩነታት፣ ነዚ ዕልባት ከይገበርካ "ኣነ እየ ዘመሓድረኩም፣ ኣነ እየ ኣፍልጦ ዝህበኩም" ምባል ትኽክል ከምዘይኮነን ኮነ ኢልካ ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ንምድኻም ዝፈሓሰ ዘሎ ሽርሒ ከምዝኾነ ሓቢሮም።

ኣብ መወዳእታ መበል 50 ዓመት ወርቂ እዮቤልዮ 11 ለካቲት እንትኽበር ዘለናሉ ኩነታት ኣዝዩ ከቢድን ዝተሓላለኸን ዋላ እኳ እንተኾነ ኣብ ክሊ እዞም ፈተነታት ተሓፂርና ክንነብር ዘይኮነስ ጉዕዞና ንቕድሚት ንምስጓም ዘኽእለና ስራሕቲ ብምስራሕ ባህጊ ህዝቢ ትግራይ ንምምላስን ህልውናና ውሑስ ንምግባርን ኩለመዳይ ቃልሲ ክካየድ ምኺኑ፤ በዚ ኣቢልካ ድማ ጉዕዞ ትንሳኤ ትግራይ ንምርግጋፅን ሓፋሽ ህዝብና፣ ኣባላት ውድብናን ደገፍትናን ኣብ ፅላል ውድብ ህወሓት ዓሲሎም ሎሚ እውን ከምቀደም ክረባረቡ ይግባእ ክብሉ ኣቦመንበር ህወሓት ዶ/ር ደብረፅዮን መልእኽቶም ኣመሓላሊፎም።

መበል 50 ዓመት...ካብ ገፅ 1 ዝዞረ

ክትፀንሕ ምድላይ ፈፂሙ ዘይኸውን ሕልሚ ከምዝኾነ እውን ሓቢሩ።

ተጋዳላይ እያሱ፤ ውድብ ህወሓት ዝተማለአ ሕውየት ንምርግጋፅ ዝጀመሮ ቃልሲ ተጠናኺሩ ንምቕፃል ዝተትሓዙ ቀፀልቲ ኣንፈታት እንታይ እዮም" ንዝብል ሕቶ እንትምልስ፤ መፃኢት ትግራይ ክትኮኖ ኣብ ዘለዎ መሰረት ዝገበሩ ስራሕቲ ናይ ለውጢ መመሓየሽታት (ሪፎርም) መፅናዕቲ ይካየዱ ከምዘለውን ነዚ ድማ ኣብ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤ ህወሓት መሰረታዊ ናይ ሪፎርም ኣንፈታት ከምዝተቐመጡን ግልፂ ገይሩ።

ቁመና ናይቲ ውድብ ብምትዕርራይ እቶም ኣብ ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝተቐመጡ ብሄራዊ ህልውናን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ክረጋገፅ፣ ሉኣላዊ መሬትና ክኽበር፣ ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስን ውሑስ ሰላምን ፀጥታ ክህልውን ከም ኣንፈት ተታሒዞ ከምዘሎ ድማ ተጋዳላይ እያሱ ሓቢሩ።

ነዚ ምትግባር ዓቕምታት ወዲብካ ብምንቅስቓስ ዳግመ ሕውየትን ህንፀትን ምርግጋፅ ከምዘድሊን እዚኣቶም ድማ ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ዝፍፀሙ ዘይኮኑ ብሓባር ኮይንካን ተዋዲድካን ኣብ ሓፂርን ነዊሕን ግዜ ንምፍፃም ዘኽእሉ ዝተፈላለዩ መፅናዕትታትን ብምክያድ ዝፍትሑ ከምዝኾኑ ኣገንዚቡ።

በቢከባቢኡ ዝተኻየዱ መድረኻት ወፍሪ እምቢታ ኣብ ኣባልን ህዝብን ዝፈጠርዎ ግልፅነት ኣመልኪቱ እንትገልፅ ድማ፤ ተፈጢሮም ዝነበሩ ምድንጋራት ከምዝተቐረፉን ህዝቢ ኣብዚ ሐዚ እዋን ካብ ደንገርገር ወፂኡ ብድሕረትን ከባቢያውነትን ዝተሸመማ፣ ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ኣሕሊፉ ዝህብ መንከምዝኾነ ብንፁር ዝተገንዘበሉ ኩነታት ከምዘሎ ሓቢሩ።

"ቀንዲ ዕላማ ናይቶም ዝተኻየዱ መድረኻት ወፍሪ እምቢታ ግልፅነትን ናብ ተግባር ዘሰጋግር ባይታ ምፍጣርን እዮም" ዝበለ ተጋዳላይ እያሱ እቲ ግልፅነት ድሕሪ ምፍጣሩ ዝተውሃቦ ዕማም ክፍፅም ዘይከኣለ ግዚያዊ ምምሕዳር ኣብ መሪሕነቱ ምትዕርራይ ክግበር፣ ኣብ በቢከባቢኡ ዳግመ ሕውየት ስራሕቲ ናይ ምስራሕን ናይቲ ወፍሪ እምቢታ ናህሪ ዓቂብካ ብምኻድ ዝተጀመሩ ምንቅስቓሳት ልምዓት ተጠናኺሮም ክኸዱን ቐፀልቲ ስራሕቲ ከምዝሓቱ ግልፂ ገይሩ።

ከም ኣገላልፃ ተጋዳላይ እያሱ፤ ኩሉ ኣመራርሓ፣ ካድረን ኣባልን ነዚ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ኣሕሊፉ ዝህብ ጠላም ፅግዕተኛ ጉጅለ ብሓደ ገፅ እናተቓለሰ ብኻልእ ገፅ ድማ በብዝተዋፈርካሉ ዓውደ ስራሕቲ ብቕንዕናን ብተወፋይነትን ከገልግል ይግባእ። ጀሚርናዮም ዘለና ቃልሲ ወፍሪ እምቢታ ናብ ዝለዓለ ጠርዝን ምልኣተ ህዝብና ብዘነቓንቕን መንገዲ ብምኻድ ቃልስና ናብ ዝለዓለ ብርኪ ክነሰጋግሮ ክንቃለስ እቲ ባይታ ተመቻቺዩ ኣሎ፤ ክብል ገሊፁ።
በዓል ዋና ውድብ ህወሓት ዝኾነ ህዝብና ኣባልናን ካድረናን ሕድሪ ናይ ትማሊን ሎሚን ሰማእታት ተሓንጊጡ ንጠላማት እናኣለየ ጉርድን ፅሩይ ምህርትን እናፈለየ ብምኻድ ዕላማታት 11 ለካቲት ንምዕዋት ቃሉ ክሐድስ እውን ተጋዳላይ እያሱ ፃውዒቱ ኣመሓላሊፉ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዕላማታት 11 ለካቲት ዝተፈጠረት ጋዜጣ ወይን ልሳን ህዝቢ ትግራይን ውድብ ህወሓትን ኮይና ትቕፅል ብምህላዋን ኣብ'ዚ ተፈጢሩ ዘሎ ፅንኩር ኩነታት ቃልሲ ኮይና ንእትገብሮ ዘላ ቃልሲ ብምንኣድ ሐዚ ካብ ዘላቶ ዓብያን ዓንቢባን ክትረአ ኩሉ ክድግፉ ይግባእ፤ ኢሉ።




**ዋና ቤት ፅሕፈት ምስንዳእ**

**ጋዜጣ ወይን ብምኽንያት መበል 50 ዓመት ወርቃዊ እዮቤልዩ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይ 11 ለካቲት እንኳዕ ኣብፀሐና ብምባል ሰናይ ትምኒቱ ይገልፅ።**

**ዘለኣለማዊ ክብሪ ንጀጋኑ ሰማእታትና!!**

## እዋናዊ ዛዕባ

# 50 ዓመት ዘይረብረበ ቓልስን ዓወትን!

ህዝቢ ትግራይ፤ ኣብ ዓለም ናይ ባዕሎም ፖለቲካዊ መፈጠር ካብ ዘለዎም ክፉላት ሕብረተሰብ ሓደ እዩ። እዚ ህዝቢ፤ ምስቶም ዘመናዊ ስልጣነ ወዲ ሰብ ዝጀመሩ ዓድታት ዝስራዕ ጥንታዊ ስልጣነ ነይርዎ። ይኹን እምበር በቶም ኣብ ኢትዮጵያ ፖለቲካዊ ልዕልነት እናሓዙ ዝመፁ ስርዓታትን ፋሽስታውያንን ጉዕዞ ስልጣነ ህዝቢ ትግራይ ተኾሊፉ ናብ ደልሃመት እናጠሓለ ከምዝመፀ ሰነዳት ታሪኽ የመላኽቱ። እዞም ስርዓታት ህዝቢ ትግራይ ብድኽነት፣ ድሕረትን ድንቁርናን ሰንሰን ክብል ብምግባር ከምህዝቢ ህልውንኡ ንከየውሕስ ንዘመናት ግዳይ ዘይዛሪ ባዕዳዊ ወራራት፣ ብሄራውን ደርባውን ወፅዓ እናኾነ ንክጓዓዝ ኣገዲደምዎ እዮም። ኮይኑ ግና እቲ ንተምበርካኽነት፣ ምስኳንን ባርነትን ዘይቕበል ህዝቢ ትግራይ፤ ፀላእቲ ውሽጥን ግዳምን ብዘብፅሕሉ ዝነበሩ ግፍዕን መከራን ተሰኪሉ ዝሓለፈሉ መዋእል ኣይነበረን። ንሓድነታዊ ፅንዓቱ ከምዋሕስ ብሄራዊ ህልውንኡን መንነቱን እናወሰደ ብዝተወደበን ብዘይተወደበን ኣግባብ እናተቓለሰ ተጓዒዙ። ይኹን እምበር እቲ ክገብሮ ዝፀንሐ ዘይተሓለለ ቓልሲ ካብቲ ዝበፅሖ ዝነበረ ዘስካሕክሕ ብሄራውን ደርባውን ወፅዓ ከናግፎ ኣይከኣለን። ናይዚ ቀንዲ ምኽንያት ድማ ብኣግባቡ ወዲቡ ዝመርሖ ብቑዕ መሪሕነትን ኣወዳድባን ስለዘይነበሮ እዩ። እምብኣር እቲ ብሄራውን ደርባውን ወፅዓ ዝመረሮ ህዝቢ ትግራይ፤ 11 ለካቲት 1967 ዓ/ም ንመሪሕ ውድቡ ህወሓት ካብ ኣብራኹ ብምፍጣርን ኣብ በረኻ ደደቢት ርችት ሓርነቱ ብምውላዕን ናብ ነዊሕን መሪርን ብረታዊ ተጋድሎ ክወፍር ተገዲዱ እዩ። 17 ዓመት ዝወደአ ነዊሕን መሪርን ተጋድሎ ብምክያድ ድማ ንፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ንሓንሳብን ንሓዋሩን ደምሲስዎ።

ኣብዚ ናይ ፍርቂ ክፍለ ዘበን ጉዕዞ ቃልስን ዓወትን ነዛ ሕላገት ብሄራዊ ፅንዓትን ጅግንነትን ዝኾነት 11 ለካቲት ከምመርዓት ዓይንና እናረአና፣ እቶም መድረኻዊ ዕማማት ኣብ ግምት ብዘእተወ ብድምቀት እናኽበርናያ መፂእና ኢና። ብተመሳሳሊ ነቶም ኣብ እንግድዓ ህዝቢ ትግራይ ተዳዕኒኑ ንዝነበረ ዘስካሕክሕ ብሄራውን ደርባውን ወፅዓ ንምንጋፍ ኢሎም ኣብቲ ዝተኻየደ ንምግላፁ ዘፀግም መሪር ብረታዊ ተጋድሎ ብመስተንክራዊ ህዝባዊ ፅንዓት ንዝሓለፉ ጀጋኑ እናዘከርና ሕድሮም ከምዘይንጠልም ቃልና እናሓደስና ከምዝመፃእና ይዝከር። ህዝቢ ትግራይ ብውድቡ ህወሓት እናተመርሐ ከምህዝቢ ተወዲቡ ነቲ ዋርድያ ድኽነት ዝነበረ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርጊ ኣብ ምድምሳስ ዝሰርሖ መሰታ ኣልቦ ታሪኽ ዘለና ዘይነፅፍ ክብሪ፣ ደረት ዘይብሉ ሓበንን ኩርዓትን እናገለፅናን ቃልስና እናበረኽናን መፂእና ኢና። እዛ ክብርትን ወርቃዊትን ዕለት ናይ ህዝብና ዳግማይ ልደት ዝተበሰረላን ቦኳሪት ሓዱሽ ምዕራፍ ታሪኽ ራህዋን ህዳሰን ቃልስና ብምኳና ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ንህልዊ መድረኻዊ ዕማማትና ዘይነፅፍ ትምህርቲ እናለገሰትልና ዝተጓዓዘት መምህር ህዝባዊ ክብርታትና ብምኳና እናኽበርናያን እናብዐልናያን ምምፃእና ዝፍለጥ እዩ።

እነሆ ድማ ሎሚ መበል 50 ዓመት ወርቂ ኢዩቤልዩ ምጅማር ህዝባዊ ተጋድሎና 11 ለካቲት፤ ብኹለ መዳያዊ ዝተወደበ ውዑይ ምንቅስቓስ ሓፋሽ ንፍሉይ ባህርን ትሕዝቶን መድረኻዊ ቓልስና ተሓሳቢ ዝገበረ ኣከባብራ ብዝለዓለ ድምቀት ንምኽባር ምድላዋት ተወጊኖም ኣለዉ። እቶም ሰብ ዋና ዕላማታት 11 ለካቲት ዝኾኑ

**እዞም ፀረ ህዝቢ ሓይልታት ኣብ ምብታን ውድብና ከይተሓፀሩ ንህዝቢ ትግራይ መሪሕ ኣስኢኖምን ሓድነቱ በታቲኖምን ከንበርክኽዎ፤ እንተኽኢሎም ድማ ከጥፍእዎ ኣብ ዝረባረብሉ መዋእል ኾይንና እነኽብሮ ዘለና በዓል እዩ። ስለዝኾነ መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዩቤልዩ እንትነኽብር፤ ኣብ ጉዕዞ 50 ዓመት ወዲ ሰብ "ክሰግሮም እዩ" ኢልካ ንምግማቶም ዘፅግሙ ከበድቲ ፈተናታትን ሕልኽላኻትን ንምስጋር ከምህዝቢ ዝተኸፈለ ክቡር መስዋእትነት ብዝተፈለየ ጠመተ ንምዕቃብ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ባዕሉ እቲ ጭቡጥ ኣጋጢሙና ዘሎ ሓደጋ ብሄራዊ ህልውና ዝሓትተና ፅንዓት ቃልስን መስዋእትነትን ዝተፈለየ ክኸውን ኣብ ዝገበረሉ መዋእል ብምዃን እዩ። እቲ ኣጋጢሙና ዘሎ ሓደጋ ብሄራዊ ህልውና ሎሚ እውን ከምትማሊ ከምህዝቢ ሓድነትና ብምጥንኻርን ኣብ ፅላል ህዝባዊ ዕላማታት 11 ለካቲት ብምዕሳልን ብሄራዊ ህልውናናን ድሕንነትናን ንምውሓስ ናይ ሞትን ሕየትን ቓልሲ ኣብ እነካይደሉ ፍሉይ መድረኻዊ ቓልሲ ብምዃን ዝኽበር ዘሎ ታሪኻዊ በዓል እዩ።**

መላእ ተቓለስቲ ስትራቴጂክ ዓቕምታት ንህልዊ መድረኻዊ ቃልሲ፣ ባህርያትን ኣሰላልፋን ተገንዚቦም ንምውሓስ ዕላማታት ለካቲት ኣብ ዝቃለስሉ ዘለዉ ወሳኒ እዋን ንርከብ። እዚ ዘለናዮ መድረኽ ህዝቢ ትግራይ ንውድቡ ህወሓት ቅድሚ ምምስራቱ ይኹን ድሕሪ ምስረታ ውድብን ዝሓለፎ ውፃእ ውረድ ኣብ ዝተፈለየ ሓደጋ ብሄራዊ ህልውና ዝጠሓልናሉ መድረኽ ከምዝኾነ ኩሉ ዝርድኦ ግሁድ ሓቂ እዩ። ሎሚ መበል 50 ዓመት ወርቂ ኢዩቤልዩ በዓል እንትነኽብር፤ ካብ ወትሩ ብዝተፈለየ ሓደጋ ፅግዕተኛ ምብስባስን ብሄራዊ ህልውናን ናይ ሓደ ሳንቲም ክልተ ገፅ ኣብ ዝኾንሉ መድረኽ ቃልሲ ኮይንና እነኽብሮ ምዃኑ ድማ ፍሉይ ይገብሮ።

እዚ መድረኽ፤ ኩሎም ደንበ ምድሕርሓራት፣ ፅግዕተኛታትን ጆኖሳይደራትን ኣብ ሓደ ረቢቦም ንመሪሕ ውድብና በታቲኖም ከምዘይነበረ ንምግባር ወሲኖም ዝወፈርሉ እዋን እዩ። እዚ ብምዃኑ ሕዚ እነኽብሮ ዘለና መበል 50 ዓመት ልደት ህወሓትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን፤ ውድብና ንዘልኣለም ክብርታቱ ንከይለዓል ፖለቲካዊ ሕፅቦ ንከካይዱ ኣብ ዝወፈርሉ መዋእል ብምዃኑ ፍሉይ ይገብሮ። እዞም ፀረ ህዝቢ ሓይልታት ኣብ ምብታን ውድብና ከይተሓፀሩ ንህዝቢ ትግራይ መሪሕ ኣስኢኖምን ሓድነቱ በታቲኖምን ከንበርክኽዎ፤ እንተኽኢሎም ድማ ከጥፍእዎ ኣብ ዝረባረብሉ መዋእል ኾይንና እነኽብሮ ዘለና በዓል እዩ። ስለዝኾነ መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዩቤልዩ እንትነኽብር፤ ኣብ ጉዕዞ 50 ዓመት ወዲ ሰብ "ክሰግሮም እዩ" ኢልካ ንምግማቶም ዘፅግሙ ከበድቲ ፈተናታትን ሕልኽላኻትን ንምስጋር ከምህዝቢ ዝተኸፈለ ክቡር መስዋእትነት ብዝተፈለየ ጠመተ ንምዕቃብ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ባዕሉ እቲ ጭቡጥ ኣጋጢሙና ዘሎ ሓደጋ ብሄራዊ ህልውና ዝሓትተና ፅንዓት ቃልስን መስዋእትነትን ዝተፈለየ ክኸውን ኣብ ዝገበረሉ መዋእል ብምዃን እዩ። እቲ ኣጋጢሙና ዘሎ ሓደጋ ብሄራዊ ህልውና ሎሚ እውን ከምትማሊ ከምህዝቢ ሓድነትና ብምጥንኻርን ኣብ ፅላል ህዝባዊ ዕላማታት 11 ለካቲት ብምዕሳልን ብሄራዊ ህልውናናን ድሕንነትናን ንምውሓስ ናይ ሞትን ሕየትን ቓልሲ ኣብ እነካይደሉ ፍሉይ መድረኻዊ ቓልሲ ብምዃን ዝኽበር ዘሎ ታሪኻዊ በዓል እዩ።

እዚ በዓል፤ ኣብ ሕሉፍ ጉዕዞ 50 ዓመት ህዝባዊ ቃልሲ ዘጋጥሙ ዝነበሩ ማሕለኻታት ንምስጋር ብዝተሰርሐ መስተንክራዊ ታሪኽን ዘይነፅፍ ክብርን ንምግላፅ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ነቲ ሕዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ጭቡጥ ብሄራዊ ሓደጋ ብምምካት ኣብ ህዳሰ ትግራይ ፍሉይ መቐይሮ ነጥቢ ንምፍጣር ዝውፈረሉ እዩ። እዚ ጥራሕ ኣይኮነን። እቲ ኣብ ልዕሌና ዝተፈፀመ ኲናት ፅንተት ፍፁም ንከይድገም ብዝለዓለ ቆላሕታ ዝስርሐሉ ወሳኒ ምዕራፍ ቃልሲ እውን ኢና ዘለና። ብፍላይ ነቲ ኣጋጢሙና ዘሎ ሓደጋ ፅግዕተኛ ምብስባስ ብምምካትን ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ተግባራዊ ብምግባርን ብሄራዊ ህልውናን ድሕንነትን ውሑስ ንምግባር ዓብይ ርብርብ ዝግበረሉ መድረኽ ቃልሲ ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ።

ነዚኦም ውፅኢታዊ ብምግባር ድሕነት ውድብና ብምውሓስ ንመድረኻዊ ተልእኾኡ ምብቃዕ ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ህወሓት ናይ መፃኢ ወለዶታት ውድብ ከምዝኾነ ኣብ እነረጋግፀሉ መድረኽ ከምዘለና ክንርዳእ ይግብኣና። እዚ እንርከበሉ መድረኽ፤ መስመራትን ስትራቴጅታትን ውድብና ኣብ ኣፍልጦን መፅናዕትን ብምድራኽ፣ ህልዊ ኩነታት መሰረት ብምግባር ንምምዕርራይን ንምሕዳስን ብዝለዓለ ትኹረት ዝስርሓሉ ምዃኑ መላእ ህዝብን ኣባልን ፈሊጡ ክሰርሕ ኣለዎ። ካብዚ ብተወሳኺ ንህልውን መፃእን ኩነታት ዝተረደአ፣ ንምርግጋፅ ቅልጡፍ ፖለቲካዊ ለውጥን ምትዕርራይን ንሕዳሰ ውድብናን ድሕነት ህዝብናን ብልዑል ፖለቲካዊ ምልዕዓልን ሓድነትን ብናይ "ግዘ የለን" መንፈስን ወፍሪ ዝግበረሉ ምዃኑ ምርዳእ የድሊ። ነዛ መሰረት ህዝባዊ ፅንዓትናን ሓድነትናን ዝኾነት ወርቃዊት ዕለት 11 ለካቲት እንትነኽብር፤ ከምህዝቢ ካብ ሕሉፍ ጉዕዞ ቃልሲ ብምምሃር ኣብ ምምካት ሕዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ብሄራዊ ሓደጋ ከይተሓፀርና ንናይመፃኢ ጉዕዞና ዝውሰን ብሄራዊ ክብርታት ብምንፃርን ኣብ ሓበራዊ ምርድዳእ ብምብፃሕን ንውፅኢታውነቶም ዝለዓለ ርብርብ ዝግበረሉ እዩ። እዚ ማለት እውን ንክብርታት 11 ለካቲት ተገዛእቲ ብምዃን ነቶም ወሰንቲ ብሄራዊ ሓደጋታት ዝኾኑ ድሕረት፣ ድኽነትን ድንቁርናን ንምምካት ፍሉይ ምልዕዓል ዝፍጠረሉ መድረኽ እዩ። ከምዚኦም ዝበሉ ዕማማት ብምውጋን ውድብና ብምድሓን እታ እንምነያን እንብህጋን ትግራይ ንምህናፅን ብራኽኣ ግሁድ ንምግባርን ቃልና እነሓድስሉ እዋን ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ።

መበል 50 ዓመት ልደት ህወሓትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን፤ "ኣብ ፅላል 11 ለካቲት ንህላወናን ህዳሰናን!" ዝብል መሪሕ ሓሳብ ካብ ሕሉፍ እዋን ብዝተፈለየ ድምቀት ክበዓል ዘድሊ ቅድመ ምድላው ተገይሩ ኣሎ። እዚ ወርቃዊ ኢዩቤልዩ በዓል ካብቶም ሕሉፋት ኣከባብራ በዓላት ብትሕዝትኡን ኣፈፃፅማኡን ኣዝዩ ብዝተፈለየ መልክዕ ክፅምበል እዩ። ነዚ እንርከበሉ መድረኻዊ ቃልሲ ፍሉይ ባህርያት ኣብ ግምት ብዘእተወ ኣብ ምብሳር፣ ከይድን ምዝዛምን ዝስርሑ ስራሕቲ ነናይባዕሎም ቅደም ሰዓብ ርዝነትን ትሕዝቶን ብምንፃር ንውፅኢታውነቶም ዓብይ ርብርብ እናተገበረ ይርከብ። ብመሰረት እዚ፤ ኣብ ውሽጥን ወፃእን ዘሎ በዓል ዋናን ፈታውን ህዝባዊ ቃልሲ ሓድነታዊ ቃልስና ብዘጠናኽርን ብዝለዓለ ወነን ክኽበር እዩ። ብምዃኑ ድማ ኣብ ምብሳር፣ ከይድን ምዝዛምን በዓልና ንዝህልዉ መደባት መሰረት ብምግባር ኣብ በብብርኩ ዘሎ መሪሕነትን ኣባልን፣ ኣብ ውሽጥን ወፃእን ዝነብር ህዝቢ ትግራይ፣ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ፣ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ፣ ልምዓታዊ ዲሞክራስያዊ ምምሕዳራት ወረዳታትን ጣብያታትን፣ ሚድያታት፣ ንፍትሒ፣ ማዕርነትን ህዳሰን ትግራይ ዝዋሳእ ኹሉ ነዛ ክብርቲ ዕለት ብዝተፈለየ መንፈስ ሕራነን ቃልስን ንከኽብራ ካብኡ ዝድለ ኩሉ ንከወፍይ ትፅቢት ይግበረሉ። ብፍላይ መላእ ህዝብና ብዝተፈላለዩ ምህዞታት እናዓጀበ ንመበል 50 ዓመት ወርቂ ኢዩቤልዩ በዓሉ ከኽብር ኣለዎ። እዚ በዓል፤ ሓባሪ መፃኢ ብሩህ ጉዕዞ ከምዝኾነ ብዘመላኽት ድምቀትን ምንቅስቓስን ንምኽባር ኩሉ ዓይነት ምድላው ይካየድ ኣሎ። እዚ ምድላው ብተግባር እናዓምቖን እናሰፍሐን ከምዝኸይድ ድማ ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ።

ነዞም መደባት ንምዕዋት ዝተነፀፉን ብተግባር ዝፍፀሙ ዘለዉን ኣንፈታት ኣለዉ። እዚ በዓል ዓመት ምሉእ ከምዝኽበር፤ ግን ድማ ኣብ ሙብሰሪ፣ ከይድን መዛዘምን ክፍፀሙ ተባሂሎም ዝተነፀፉ ወሰንቲ ስራሕቲ ኣለዉ። ንኣብነት፣ ኣብ መላእ ፈፀምቲ ዓቕምታት ዝተማለአ ግልፅነት ፈጢርካ ንምዕዋት መበል 50 ዓመት ወርቂ ኢዩቤልዩ እኹል ምድላውን ምውፋርን ተገይሩ ኣሎ። ኣብዚ ክስመረሉ ዝግባእ መሰረታዊ ነጥቢ፤ ንዕውትነት ምኽባር በዓልና ይኹን ንምውሓስ ድሕነት ውድብና ዝመርሖ ብሄራዊ ህልውና ኣብ ዝግበር ቃልሲ ንሓደጋ ፅግዕተኛ ምብስባስ ካብ ምምካት ወፃኢ ህያው ኣይኸውንን። ብምዃኑ ድማ ኣብ ሕድሕድ ዕለታዊ ተግባር መሰረት ዝገበረ ቓልስን ምንቅስቓስን ንውሳነታት መበል 14 ውድባዊ ጉባኤና ከምቀንዲ መሳርሒ ንምምካት ፅግዕተኛ ምብስባስ ዝግበር ቃልሲ ኩሎም መደባት ንምፍፃም ብዕቱብ እናተሰርሐ እዩ። ነቲ ሕዚ ኣጋጢሙ ዘሎ ሓደጋ ብሄራዊ ህልውና ንምምካት ይኹን መፃኢ ብሩህ ጉዕዞና ህያው ንምግባር "መሪሕ ውድብና ንመድረኻዊ ተልእኾኡ ብምብቃዕ እዩ!" ዝብል ቅኒት ቃልሲ ሒዝካ ዝተወደበ ምንቅስቓስ ሓፋሽ ብቕኒት ምውሓስ ብሄራዊ ህልውና፣ መፃኢ ኩነታት ዝተረደአ ኣብ ውሽጢ ውድብና ንቕልጡፍ ለውጢ ትንሳኤ ዘሰጋግር ፖለቲካዊ ምትዕርራይን ሪፎርምን ንምክያድ ዘኽእል ልዑል ፖለቲካዊ ምልዕዓል ዝፈጥርን ሓድነትና ዘረጋግፅን ኮይኑ ክፅምበል ዘኽእል ኣንፈት ተቐሚጡ ኣሎ።

ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተጠቐሰ መበል 50 ዓመት ወርቂ ኢዩቤልዩ ዓመት ምሉእ ብዝውላዕ ዝተወደበ ውዑይ ምንቅስቓስ ሓፋሽ ዝኽበር

ናብ ገፅ 5 ይዘውር

## 50 ዓመት....ካብ ገፅ 5 ዝዞረ

እዩ። እቲ ዝውላዕ ዝተወደበ ምንቅስቓስ ሓፋሽ ኣብ ምኽባር በዓል 11 ለካቲት ጥራሕ ከይተሓፀረ ኣብ መደባት ምድሓንን ዳግመ ህንፀትን ብሓፈሻ ድማ ኣብ ህንፀት ዲሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን፣ ጉዳይ ፀጥታን ድሕንነትን ክፍፀሙ ምግባር ግድን ይኸውን። መበል 50 ዓመት ወርቂ ኢዩቤልዩ በዓልና ነቲ ኣብ ህዝባዊ መኸተና ዝተርኣየ ሓፂናዊ ሓድነትን ሕራነ ቃልስን ብዘህድስ ቅኒት ክፍፀም እዩ። እቲ ኣብ እዋን መኸተ ተፈጢሩ ዝነበረ ልዑል ሓድነት ዲያስፖራ ትግራይ ናብ ቦትኡ ብዝምልስ ቅኒት ንምፍፃምን ንምጉልባትን ክስራሕ ተተሊሙ ኣሎ። ብመሰረት ምኽባር በዓልና ኣብ ብሄራዊ ክብርታትናን ባህግታትናን ግልፅነት ብዝፈጥር፣ ሓድነትና ብዘጠናኽር፣ ምቅብባል ሕድሪ ብዘመላኽት፣ ትካላውነት ብዘጠናኽርን ዓቕምታት ብዝእክብን ኮይኑ ክፍፀም እዩ። ከምኡ እውን ኣብ ኩሉ - መዳያዊ ሓሳብን ክእለትን ቃልሲ እናተመስረተ ንምልኣተ ህዝብና፣ ዝተፈላለዩ ሰብ ሞያን ውዳበታትን ናብ ሰፊሕ ምንቅስቓስ ዘእትው ኣሳታፋይነት ብዘለዎ መንገዲ ከምዝፍፀም ምግንዛብ የድሊ። እዚ ንምግባር ድማ ኣብ መናእሰይ፣ ምሁራት፣ ነባር ዓቕምታት፣ ስድራ ህዝባዊ ቃልስና፣ ሰብ ሃፍቲ፣ ደቂ ኣንስትዮ ወዘተ. ግልፅነትን ምርድዳእን እናፈጠርካ ንምፍፃም ዘኽእል ጥጡሕ ባይታ ንምምችቻው እናተሰርሐ ይርከብ።

እቶም ኣብዚ ዓመት ዝዕመሙ መደባት፤ ህዝቢ ትግራይ ብመሪሕነት ውድቡ ህወሓት ኣብዚ ንፍርቂ ክፍለ ዘበን ዘካየዶ ጉዕዞ ቃልሱ ዝወነኖም ታሪኽ ቃልሲ፣ ዓወታትን ክብርታትን ኀሊሆም ክረኣዩ ብዘኽእሉን ግልፅነት ብዝፈጥሩን ቅኒት ክፍፀሙ እዮም። ነዞም ክብርታት ብቐፃልነት ንምውሓስ ብሄራዊ ህልውንኡ ይኹን ንምርግጋፅ ህዳሰ ትግራይ ኣብ ተቓለስቲ ብሓፈሻ ስውኣት፣ ጉድኣት፣ ነባር ዓቕምታትን ስድራ ስውኣትን ኩለ - መዳያዊ ክብሪ ብምሃብ ፍትሓዊ ተጠቃምነቶም እናረጋገፅካ ምኻድ ከምሓደ ናይ ተግባር መርኣያ ክብርታትና እናገበርካ ክፍፀም እዩ። እቲ ሎሚ እነኽብሮ ዘለና መበል 50 ዓመት ኢዩቤልዩ በዓልና ነዚ መድረኽ ብዝምጥን ኣብ ምብሳር፣ ከይድን ምዝዛምን ዝብሉ ንኡሳን ምዕራፋት ተመቓቒሉ ዓመት ምሉእ ክኽበር ዝተደለየሉ ምኽንያት እውን ዓበይቲ ልኡኻት ንምፍፃም ክኽእል ተባሂሉ እዩ። ነዚ ህያው ንምግባር ድማ እዞም ዝስዕቡ መደባት ቅድመ ምድላው፣ ተግባርን ዝርዝር ኣፈፃፅማን ክህልዉ እዮም።

ብመሰረቱ መበል 50 ዓመት ልደት ህወሓትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ንምኽባር ይኹን ነቲ ሕዚ ዘለናዮ ፖለቲካዊ መድረኽ ብምስጋር ከምውድብ ህልውንኡ ንምርግጋፅን ናብ ለውጢ ንምግስጋስን ዘድሊ በጀት ብዙሕ እዩ። ብመንፅር እዚ እንትርአ፤ ኣብ ድልየት ዝተመስረተ ስራሕ ምትእኽኻብ ሃፍቲ ምስራሕ ኣዝዩ ወሳኒ እዩ። ብመሰረት እዚ፤ ከምሓደ ዓብይ ሸቶ ተነፂሩ ሃፍቲ ንምእካብ ይስራሕ ኣሎ። ብፍላይ ካብ ህዝብና፣ ልምዓታውያን ሰብ ሃፍቲ፣ ዲያስፖራ፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላትን ካልኦትን መበገሲ ገይርካ ምስምብሳር፣ ከይድን ምዝዛምን በዓልና ብምትእስሳር ንምድንፋዕ እቶት ውድብና ብፍሉይ ትኹረት ክስራሕ እዩ። ስራሕቲ ምእካብ እቶት ብምህዞታት ዝተዓጀበ፣ ግልፅነት ብዘለዎን ብዝተወደበ ናይ ሓፋሽ ምንቅስቓስን ክኸይድ ብምግባር ንክምራሕ ኹሉ ዓይነት ምንቅስቓስ ይግበር ኣሎ። ኣብዚ ምንቅስቓስ መሪሕነትን ኣባልን ቅድመ ግንባር ክኸውን ግድን እዩ። እዚ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ከይተሓፀረ ካብ ትግራይ ወፃእ ዘሎ ትግራዋይ ንመሪሕ ውድቡ ብፋይናንስን ማተርያልን ከጠናኽርን ካብኡ

**ፅግዕተኛ ምብስባስን ብሄራዊ ህልውናን ድሕንነትን ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገፅ ኣብ ዝኾንሉ ፍሉይ መድረኽ ቃልሲ ኮይንና ኢና መበል 50 ዓመት በዓልና ነኽብር ዘለና። እዚ መድረኽ፤ ኣብ መንጎ ብውድብና ዝምራሕ ህዝቢ ትግራይን ንህዝቢ ትግራይ መሪሕ ኣስኢኖም ሓድነቱ ብምብታን ካብ ምድረ ገፅ ንክጠፍእ ዝተፈላለዩ ሽርሒታት ሓንፂፆም ዝረባረቡ ዘለዉን ኹሎም ዓይነት ደንበ ምድሕርሓራት፣ ፅግዕተኛታት ገዛእቲ ደርብታትን ጆኖሳይደራትን ምትሕንናቐ ቃልሲ ዝካየደሉ ዘሎ እዩ። እዞም ሓዱሽ ፅግዕተኛ ገዛኢ ደርቢ ዝመርሖም ደምበ ምድሕርሓራት መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዩቤልዩ በዓልና ብድምቀት ንከይኽበር ዝተፈላለዩ ውዲታት ሓንፂፆም ንተግባራውነቱ ዓቕሞም ፀንቂቖም ክገጥሙ እዮም።**

ትፅቢት ዝግበር ንከዋፅእን ዝለዓለ ርብርብ ክግበር ኣለዎ።

ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ ኣብ መብሰሪ፣ ከይድን መዛዘምን መበል 50 ዓመት ኢዩቤልዩ በዓልና ብዝፍጥር ውዑይ ዝተወደበ ናይ ሓፋሽ ምንቅስቓስ ንበዓል ዋናን ፈተውቲ ህዝባዊ ቓልስናን ብዘሕብን፤ ብኣንፃሩ ንደንበ ፅግዕተኛታት ድማ ርእሶም ብዘድንን ብኹሉ ዓይነት ቓልስን ምህዞን ዝተዓጀበ ድሙቕ በዓል ንምክያድ ርብርብ ንምግባር ቅድመ ምድላው ተወጊኑ ናብ ተግባር ተኣትዩ ኣሎ። ኣብዚ ምቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ ብመሪሕነት ውድቡ ህወሓት ንፍርቂ ክፍለ ዘበን ዘካየዶ ጉዕዞ ቃልሱ ዝወነኖም ታሪኽ ቃልሲ፣ ዓወታትን ክብርታትን ኀሊሆም ክረኣዩ ንምግባር እውን እናተሰርሐ ይርከብ። ብዝተዋደደን ዝተኣሳሰረን ምንቅስቓስን ቓልስን ኣብ ስትራቴጂካዊ ዓቕምታት ግልፅነት ብምፍጣርን ንዕንቅፋታት እቲ ሓዱሽ ፅግዕተኛ ምብስባስ ብምምካት ንድምቀት በዓልና ዝለዓለ ርብርብ ዝግበረሉ እዋን እዩ።

ብመሰረት እዚ ኣብ ትግራይን ካብ ትግራይ ወፃእን ንምስራሕ ዝተትሓዘ መደባት ኣለዉ። ኣብ ትግራይ፤ መላእ ዓቕምታት ውድብና፣ ህዝቢ፣ ሚድያታት፣ ፀጥታን ድሕንነትን፣ መንግስታዊ መሓውር ወዘተ ምልዕዓላት ይግበሩ ኣለዉ። ብፍላይ መናእሰይ፣ ምሁራት፣ ነባር ዓቕምታት፣ ስድራ ህዝባዊ ቓልስናን ደቂ ኣንስትዮን ብመልክዕ ፓነልን ኮንፈረንስን መድረኻት ንምክያድ ቅድመ ምድላው ተገይሩ ኣሎ። ኣብቶም መድረኻት ዝግበሩ ምልዕዓላት ምስተግባር መሰረት ዝገበሩ ስራሕቲ ሕውየትን ዳግመ ህንፀትን ተኣሳሲሮም ውፅኢታዊ ንክኾኑ ብፍሉይ ትኹረት ይስራሕ ኣሎ። ነዚ መሰረት ብምግባር ኣብ ዝግበር ምንቅስቓስ ንስድራ ስውኣትን ጉዱኣት ኲናትን ፍሉይ ሓገዝን ምትብባዕን ክግበር እዩ። እዞም ዕማማት ውፅኢታዊ ብዝኾነ መንገዲ ንምፍፃም ድማ ኣባል፣ መሪሕነትን ህዝብን ጀሚረምዎም ዘለዉ ብዝተወደበ መንገዲ ከባቢኦም ናይ ምሕላውን ምፅራይን ምንቅስቓሳት ኣጠናኺሮም ንክቕፅልሎም ዓብይ ቆላሕታ ተዋሂቡ እናተሰርሐሉ ይርከብ። እቲ ተፈጢሩ ዘሎ ምልዕዓል ኣብ ምኽባር መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዩቤልዩ በዓልና ከይተሓፀረ ኣብ መደባት ምድሓንን ዳግመ ህንፀትን ብሓፈሻ ኣብ ህንፀት ዴሞክራስን ሰናይ ምምሕዳርን፣ ጉዳይ ፀጥታን ድሕንነትን ብተግባር ውፅኢታዊ ኣፈፃፅማ እናረጋገፅካ ንምኻድ ይስራሕ ኣሎ። ብፍላይ ንምርግጋፅ ፍትሓዊ ተሳትፎን ተጠቃምነትን መናእሰይ፣ ስድራ ህዝባዊ ቃልስናን ደቂ ኣንስትዮን ብዕቱብ ንምስራሕ ከምሓደ ዓብይ ዕማም ተታሒዙ ከምዘሎ ኣብ ባይታ እውን በዚ ደረጃ ምቅላስ ከምዘድሊ ምርዳእ የድሊ።

ኣብዚ ንምውሓስ ድሕነት ውድብናን ብሄራዊ ህልውናናን እንገብሮ ዘለና ኣብ ኣሰላልፋ ዝተመስረተ ቃልሲ ግልፅነት ብዘትሕዝን ንተጠቀምቲ ሕብረተሰባዊ ክፋላት ብፅሒቶም ብዘርእይን ክኸውን ብዘግብር ቅኒት ስራሕቲ ምልዕዓል ክግበር ግድን ይኸውን። በዚ መዳይ እዞም ፅግዕተኛታት ኣብ መንጎ መሪሕነት ህወሓትን ህዝቢ ትግራይን ነቓዕ ንምፍጣር ንምንታይ ቀትሪ ምስ ለይቲ ይረባረቡ ከምዘለዉ ግልፂ ብዝገብርን ነዚ ኣብ ምምካት ብፅሒቶም ዘርእይን ስራሕ ንምስራሕ ዘኽእሉ ምድላዋት ይግበሩ ኣለዉ። ካብ ትግራይ ወፃእ ዘሎ ትግራዋይ ብሓፈሻ ኣብ ዲያስፖራ ዘሎ ትግራዋይ ድማ ብፍላይ ካብ ምጅማር ብረታዊ ተጋድሎ ህዝቢ ትግራይ ኣትሒዙ ኣብ ህዝባዊ መኸተና ዘርእዮ ሓድነታዊ ፅንዓት ቓልሲ ብዘርኢ ሕዚ እውን ንምውሓስ ብሄራዊ ህልውናና እንገብሮ ዘለና ወሳናይ ቃልሲ ክደግሞ ከምዘለዎ፤ "ትግራይ ናይ መጀመርታን መወዳእታን መረበትና እያ፤" ዝብል ፅኑዕ ኣረኣእያ ንክሕዝ ዘኽእሉ ስራሕቲ እናተሰርሑ እዮም። ስለዝኾነ ድማ "ትግራይ ንዘጋጥምዋ ማሕለኻታት ብፅንዓት ብምቅላስ ንህደስ!" ዝብል ቅኒት ዝሓዘ ምልዓል ክግበር እዩ። ከምኡ እውን ንመሪሕ ውድቡ ብፋይናንስን ማተርያልን ንምጥንኻር ካብኡ ትፅቢት ዝግበር ኩሉ ንክበርክት ዘኽእል ምልዕዓል እናተገበረ ይርከብ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ብሄራዊ ክብርታትና መሰረት ዝገበሩ ፓነላትን መድረኻትን ብምክያድ ንናይ መናእሰይ፣ ምሁራት፣ ደቂ ኣንስትዮ፣ ነባር ዓቕምታትን ስድራ ቃልስናን ማእኸል ዝገበረ ፅሑፍ መሰረት ብምግባር ብቑዕ ፖለቲካዊ ስራሕ ንምስራሕ ከምኣንፈት ተቐሚጡ ኣሎ።

ከምዚኦም ዝበሉ ዓበይትን ወሰንትን ስራሕቲ እንትስርሑ ድማ ከጋጥሙ ዝኽእሉ ፀገማት ከምዝህልዉ ተነፂሩ ኣሎ። ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ ፅግዕተኛ ምብስባስን ብሄራዊ ህልውናን ድሕንነትን ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገፅ ኣብ ዝኾንሉ ፍሉይ መድረኽ ቃልሲ ኮይንና ኢና መበል 50 ዓመት በዓልና ነኽብር ዘለና። እዚ መድረኽ፤ ኣብ መንጎ ብውድብና ዝምራሕ ህዝቢ ትግራይን ንህዝቢ ትግራይ መሪሕ ኣስኢኖም ሓድነቱ ብምብታን ካብ ምድረ ገፅ ንክጠፍእ ዝተፈላለዩ ሽርሒታት ሓንፂፆም ዝረባረቡ ዘለዉን ኹሎም ዓይነት ደንበ ምድሕርሓራት፣ ፅግዕተኛታት ገዛእቲ ደርብታትን ጆኖሳይደራትን ምትሕንናቐ ቃልሲ ዝካየደሉ ዘሎ እዩ። እዞም ሓዱሽ ፅግዕተኛ ገዛኢ ደርቢ ዝመርሖም ደምበ ምድሕርሓራት መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዩቤልዩ በዓልና ብድምቀት ንከይኽበር ዝተፈላለዩ ውዲታት ሓንፂፆም ንተግባራውነቱ ዓቕሞም ፀንቂቖም ክገጥሙ እዮም። ከምኡ እውን ኣብ በብብርኩ ዘሎ መሪሕነትን ኣባልን ንናይቲ በዓል ርዝነት ዝምጥን ኣረዳድኣ ዘይምሓዝ፣ ጉድለት ግልፅነት ኣረኣእያ፣ ምንኣስ ውፍይነትን ምትዕፅፃፍን መሰረታዊ ፀገማት እዮም።

ነዞም ፀገማት ንምፍታሕ ድማ ውዑይ ማዕበላዊ ምንቅስቓስ ስትራቴጂካዊ ዓቕምታት ብምውላዕ ንኣተሓሳስባን ተግባርን ፅግዕተኛ ምብስባስ ብሓፈሻ ንውዲታት ሓዱሽ ፅግዕተኛ ገዛኢ ደርቢ ድማ ብፍላይ ብምምካት ኩሎም መደባት ብመሰረት ዝተትሓዘሎም ኣንፈት ክፍፀሙ እዮም። መላእ ስትራቴጂካዊ ዓቕምታት ውድብና ብምጥቃም ንመድረኻዊ ተልእኾኡ ንምብቃዕን መበል 50 ዓመት ወርቃዊ ኢዩቤልዩ በዓልና ብድምቀት ንምኽባርን ውድባዊ ሕፅረት ፋይናንስ መሰረታዊ ከምዝኾነ ዝተማልአ ግልፅነት ክሕዙ ብምግባር ኣካል ድሕነት ውድቦም ከምዝኾነ ተገንዚቦም ንምድንፋዕ እቶት ብዝለዓለ ወነ ቃልሲ ንክወፍሩ ዘኽእል ስራሕ ኩሉ ኣባልን ህዝብናን ክወፍረሉ ዘለዎ ውራይ እዩ። በዓልና ንምኽባር መሰረት ብምግባር እንገብሮ ተግባር መሰረት ዝገበረ ቃልሲ ምስኣብ ፀረ- ፅግዕተኛ ምብስባስ ዝግበር ቃልሲ ተጠናኺሩ ክኸይድ እዩ። ብጭቡጥ እውን ይስርሖሉ ኣሎ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፤ ከምህዝብን ውድብን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ህልውናን ዝተሓላለኸ ፖለቲካዊ ኩነታትን ኣለና። እቲ ሎሚ ዝኽበር ዘሎ መበል 50 ዓመት ልደት ህወሓትን ቃልሲ ህዝቢ ትግራይን ድማ ኣብ ከምዚ ዝበለ ከቢድ ኩነታት ኮይኑ ዝኽበር ዘሎ ብምዃኑ ፍሉይ ታሪኻዊ ሓላፍነት ዝተሸከመ እዩ። ብርግፅ ከምቲ ብተደጋጋሚ ዝተገለፀ ውድብ ህወሓት ኣብ ጉዕዞ ታሪኹ ከበድቲ ፈተናታት እናሰገረን ዓወታት እናመዝገበን ብዘይ ምርብራብ 50 ዓመት ዝተጓዓዘ ህዝባዊ ውድብ እዩ። እዚ ውድብ ሕዚ እውን ኣብ ከቢድ ሓደጋ ህልውና እዩ ዘሎ። ይኹን እምበር እቲ ኣጋጢምዎ ዘሎ ሓደጋ ከምዝሰግሮ ተመክሮ ሕሉፍ ታሪኹ ህያው ምስክር እዩ። እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ምንቅስቓስ ኣባልን ህዝብን ብጭቡጥ ዘርእዮና ዘሎ እውን ንሱ እዩ። እቲ ኣብ መላእ ትግራይ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ "እምቢታ" ሓደ ናይዚ መርኣይ እዩ። ካብዚ ተበጊስካ ክርአ እንተሎ፤ መፃኢ ብሩህ ጉዕዞና ህያው ዝኸውን ነዚ ብጭቡጥ ኣጋጢሙና ዘሎ ብሄራዊ ሓደጋ ብምምካት እዩ። እዚ ውፅኢታዊ ክኸውን ዝኽእል ድማ ኣብ ውሽጥን ወፃእን ዘሎ ትግራዋይ፤ "መፃኢ ጉዕዞና ህያው ዝኸውን ብመንገዲ ህዝባዊ ዕላማታት 11 ለካቲት ዝተሓንገጠ መሪሕ ውድብና እዩ" ዝብል ምርድዳእ ክሕዝ ኣለዎ። ብህወሓት ዝምራሕ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ መበል 50 ዓመት ወርቂ ኢዩቤልዩ በዓል 11 ለካቲት ኣብ ውሽጥን ደገን ብዝለዓለ ድምቀት ብምኽባር ምስሊ ትግራይን ህዝቢ ትግራይን ብቀንዱ ድማ መንነት ህወሓትን ህዝባዊ ዕላማኡን ናብ ወለዶታት ንምስግጋር ብውነ ክስራሕ ኣለዎ። ብፍላይ ኣባልን መሪሕነትን ብሓፈሻ ድማ መላእ ህዝቢ ትግራይ ውዲት ፅግዕተኛታትን ጆኖሳይደራትን ንምፍሻል ኣብ ጎድኒ ውድቡ ብምዕሳልን ውድቡ ብምድሓንን ዘላቒ ውሕስንኡ ከረጋግፅ ክቃለስ ኣለዎ።

**ዘልኣለማዊ ክብርን ሞጎስን ንስዉኣትና!!**
**ድምቀት ን11 ለካቲት!!**



ውድብና ብምድሓን ንመድረኻዊ ተልእኾኡ ነብቅዕ!

# ኣብዚኣማ

እዚ ዓምዲ እዚ ኣብ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ጉዳያት ተመስሪቱ ካብ ተሳተፍቲ ዝመፁ ፅሑፋት የተኣናግድ

# ደጃት "ደበባት" እዚ እዋን

መንክር ካብ መቐለ

ተጋሩ፤ ኣብ ውሽጦም ብዝፍፅምዎ ሕድሕድ ጎንፂ እምበር ብግዳም ብዝመፅ ሓይሊ ተሳዒሮም ኣይፈልጡን። ኮይኑ ግና ነኒሕድሕዶም እንትናቖቱ መፃወቲ ግዳማዊ ሓይሊ ይኾኑ። ንኣብነት፣ ትግራይ ብደጃት ውቤን ደጃት ንጉሴን ዝባደመት ንዕኦም ዝሕሸከሩ መሳፍንቲ ተጋሩ ስለዝነበሩ እዩ። ኣብ መዋእል ሃፀይ ዮሃንስ ተጋሩ ኣንፃር ግብፅን ጣልያንን ከበድቲ ውግኣት እንተካይዱ፤ ምስፀላኢ ዝወገኑ ከዳዓት ተጋሩ ነይሮም እዮም። ንሳቶም እውን ቤተሰብ ሃፀይ ዮሃንስ ዝኾኑ እኒ ደጃት ደበብን ደጃት ገብረኪዳንን ይበሃሉ። እዞም ሰባት ብዙሕ ሚስጢር ሒዞም ናብ ፀላኢ ብምኻድ ትግራይ ከቢድ ዋጋ ከፊላ እያ። ደጃት ደበብ ኣንፃር ሃፀይ ዮሃንስ ብምሽፋት መሳርሒ ግብፅን ጣልያንን እንትኾኑ ደጃት ስዩም ድማ ኣንፃር ሃፀይ ዮሃንስ ዝተሰለፉ መሳርሒ ሚኒልክ እዮም ኮይኖም (ትንሳኤ ትግራይን ትግራዋይነትን 2015፡ 152/3)።

እዞም ሰባት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዘብፅሕዎ በደል ኣፅዋርን ዕላማን ፀላእቲ ተዓጢቖም ንወገኖም ምውጋእን ምድኻምን ጥራሕ ዘይኮነስ፤ እንትሽፍቱ ዝጥቀምዎ ሃፍትን ንብረትን እውን ናይቲ ጭቁን ሓረስታይ ትግራይ እዩ ነይሩ። ምስዞም ጠላማት ውግእ እንትለዓል ዝፍጠር ዕንወት ሃፍትን ሰብን እውን ብኡልክዕ ኣብ ህዝብና ዝዓልብ እዩ። እቲ ዝገርም ድማ ሃፀይ ዮሃንስ ኣብ መተማ ምስተሰውኡ ሓዘንተኛታት ቅድሚ ናብ ዓዶም ምምፅኦም ብሚኒልክ ተሸይሞም ናብ ትግራይ ብምእታው ዝሓመሱ ሃፀይ ሚኒልክ 1882 ዓ/ም ናብ ትግራይ እንትመፁ መራሒ መንገዲ ኮይኖም ዝመፁ ደጃት ስዩም ገብረኪዳን እዮም። ከምዝፍለጥ ፀላኢ ንጊዜኡ እምበር ተጠቒሙ ከምኣገዳ ሸኮር ሓይኹ ስለዝድርብየካ፤ ደጃት ስዩም እውን ንጊዜኡ ገዛኢ ዓጋመ ተገይሮም እንተተሸሙ መወዳእታኡ ብሚኒልክ ተጠርጢሮም ኣብ ቤት ማእሰርቲ ሓቒቖም እዮም (ዝኒከማሁ፡ 153፣157)።

ወዲ ራእሲ ኣርኣያ ድምፁን ዘማ ራእሲ ኣሉላን ዝኾነ ደበብ ዝበሃል ጠላም እውን እንተኾነ፤ ኣብ መፋርቕ 1872 ዓ/ም "ኣቦይ ራእሲ ኣርኣያ ድምፁ፣ ሓወይ ድማ ንጉስ ዮሃንስ እንትኾኑ ብዮሃንስ ዓደይ ስለዝተኸልከልኩ ናባኹም መፂአ ኣለኹ። እቶም ንጉስ በይኖም እዮም ተሪፎም። ኩሎም ኣብ ጎድነይ ክስለፉ እዮም" ክብል ናብ ግብፃዊ ኣመሓዳሪ ባፅዕ ደብዳበ ዝፀሓፈ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ 400 ዝኾኑ ዓሳውርታ ሒዙ ብግብፃውያን ወርሓዊ መሃያ እናተኸፈሎ ኣብ ዶብ ዘለዉ ከባብታት ከወርር ድሕሪ ምፅናሕ፤ ሓይሉ ኣጠናኺሩ ሰነ 1875 ዓ/ም ቃፍላይ ኢትዮጵያ ዘሪፉ እቲ ንብረት ኣብ ዕዳጋታት ባፅዕ ዝሸጠ እዩ። ከምኡ እውን ራእሲ ኣሉላ ብዙላ ብሕቡእ ኣፅዋር ዘእትውዎ ዝነበሩ 840 ብረታትን 32 ሳንዱቕ ጠያይትን ንግብፃውያን ሓበሬታ ሂቡ ክወርስዎ ካብ ምግባር ብተወሳኺ፤ ኣፅዋር ንመግዝኢ ዝተቐመጠ 3,000 ማርያትሬዛ ወሪሩ ወሲዱ እዩ (ፖለቲካዊ ህይወት ራእሲ ኣሉላ 1990፡ 48፣ 51፣ 52)።

ጣልያን ኢትዮጵያ ንምውራር ንኣሉላ ዝቃወሙ ኤርትራውያን ምጥንኻር እንትጅምር፤ ደጃት ደበብ ንጣልያን ከዲዑ ናብ ደምበ ኢትዮጵያ

**ሃፀይ ዮሃንስ ብምንሳሑ ተሓጒሶም ፈረስን ጉራደን ሂቦም "ብዘይካ ዞፋነይ ኩሉ ሂበካ ኣለኹ። በቲ ፈረስ ናብ ዝደለኻዮ ኪደሉ። በቲ ጉራደ ዝደለኻዮ ቁረፀሉ" ይብልዎ። እንተኾነ ግን ከዳዕ ደጃት ደበብ ንጉሰ ነገስት ዝሃብዎ ልዑል እምነትን ክብርን ዘንጊዑ ጀጋኑ በይዛ ዓዶም ክዋደቑ ናብ መተማ እንትወፍሩ ንሱ ጀነራል ባልዲሴራ ይቕረ ንኽብለሉን ሓገዝ ጣልያን ንክረክብን ርክባት ምፍጣር ጀሚሩ። 2000 ሰዓብቲ ሒዙ ናብቲ ጀነራልን ሓለቓ ሽሕ ፒያኖን ተራኺቡ ብምዝታይ ሓላዊ ግዝኣት ኣሉላ ንዝነበሩ ደጋዝማቲ ሃ/ ስላሰ ምስ 150 ሰዓብቶም ቀቲሉ ንኣስመራ ተቖፂሩ። ኣብቲ እዋን ሃፀይ ዮሃንስ "ዝኸበርካ ሓወይ ንጣልያን ገዲፍካ ናባይ ተመለስ። ኣነ ሓውካ እየ። ሽመት ናይ ኣቦኻ ራእሲ ክህበካ እየ" እንተበልዎ ፀማም እዝኒ ይህብ። የግዳስ ንኣመሓደርቲ ጣልያን "ኣነ ገዛኢ እየ ክኸውን ዝደሊ። ደጊም ፍርቂ ኢትዮጵያ ኣብ ኢደይ ኣእትየ ኣለኹ። ምእንተ ዓወት ክልቴና ክንተሓጋገዝ ይግባእ። ገንዘብ ኮነ ዕጥቂ ኣይሓተኩምን፤ ዝሓተኩም ምሕዝነት ጥራሕ እዩ" ክብል ፅሒፍሎም እዩ።**

ኣትዩ እዩ። ከምኡ ዝገበረ እውን "ጣላይን ክወሩና መፂኦም ኣለዉ። ንስኻ እውን ዶ ኣካሎም ኮይንካ ክትወርረና ትሓስብ ኣለኻ? ሕዚ እንተዘይመፂእኻ ክረግመካ እየ። ርጉም ኩን" ዝብል መልእኽቲ ኣቦኡ ራእሲ ኣርኣያስላሰ ስለዝበፅሖ እዩ። ድሕሪኡ ደጃት ደበብ "ጃንሆይ በይዝኦም ይምሓሩኒ ሓጢአ ኣለኹ። ዓጂቡ ሒዙኒ ዝምለስ ሰራዊት ይልኣኹለይ" ምስበለ ብ30 ዝኾኑ ሰራዊት ራእሲ ኣሉላ ተዓጂቡ ገመድ ኣብ ክሳዱ ገይሩ ናብ ዓድዋ መፂኡ። ኣብ ቅድሚ ሃፀይ ዮሃንስ ቀሪቡ እውን "ከሕነቐን ክቕተልን ይግበአኒ ነይሩ እዩ እሞ ምሕረት ይግበሩለይ" ኢሉ ሓቲቱ (ዝኒከማሁ፡ 159)።

ሃፀይ ዮሃንስ ብምንሳሑ ተሓጒሶም ፈረስን ጉራደን ሂቦም "ብዘይካ ዞፋነይ ኩሉ ሂበካ ኣለኹ። በቲ ፈረስ ናብ ዝደለኻዮ ኪደሉ። በቲ ጉራደ ዝደለኻዮ ቁረፀሉ" ይብልዎ። እንተኾነ ግን ከዳዕ ደጃት ደበብ ንጉሰ ነገስት ዝሃብዎ ልዑል እምነትን ክብርን ዘንጊዑ ጀጋኑ በይዛ ዓዶም ክዋደቑ ናብ መተማ እንትወፍሩ ንሱ ጀነራል ባልዲሴራ ይቕረ ንኽብለሉን ሓገዝ ጣልያን ንክረክብን ርክባት ምፍጣር ጀሚሩ። 2000 ሰዓብቲ ሒዙ ናብቲ ጀነራልን ሓለቓ ሽሕ ፒያኖን ተራኺቡ ብምዝታይ ሓላዊ ግዝኣት ኣሉላ ንዝነበሩ ደጋዝማቲ ሃ/ስላሰ ምስ 150 ሰዓብቶም ቀቲሉ ንኣስመራ ተቖፂሩ። ኣብቲ እዋን ሃፀይ ዮሃንስ "ዝኸበርካ ሓወይ ንጣልያን ገዲፍካ ናባይ ተመለስ። ኣነ ሓውካ እየ። ሽመት ናይ ኣቦኻ ራእሲ ክህበካ እየ" እንተበልዎ ፀማም እዝኒ ይህብ። የግዳስ ንኣመሓደርቲ ጣልያን "ኣነ ገዛኢ እየ ክኸውን ዝደሊ። ደጊም ፍርቂ ኢትዮጵያ ኣብ ኢደይ ኣእትየ ኣለኹ። ምእንተ ዓወት ክልቴና ክንተሓጋገዝ ይግባእ። ገንዘብ ኮነ ዕጥቂ ኣይሓተኩምን፤ ዝሓተኩም ምሕዝነት ጥራሕ እዩ" ክብል ፅሒፍሎም እዩ (ዝኒከማሁ፡ 178፣179)።

"ደበባት" ትማሊ ትግራይ ኣዳኺሞም ክብራ ክግፈፍ፣ ህዝብና "ትግራይን ኤርትራን" ተባሂሉ ኣብ ክልተ ክምቀል፣ ትግራይ ከምዘይትትስእ ክትዳቐቕ፣ ሃፍታን ጥሪታን ክውረር ገይሮም እዮም። ደበባት እዚ እዋን እውን ተመሳሳሊ ክሕደት ይፍፅሙ ኣለዉ። ተመዛበልትና ናብ መረበቶም ንክምለሱን ካብቲ ከርፋሕ ህይወት ንክወፁን ብፀላኢ ዝተትሓዘ 40 ሚኢታዊ መሬትና ሓራ ክወፅእ ኣብ ክንዲ ዝሰርሑ ነዚ ንጎድኒ ገዲፎም ናብ ካሊእ ሕቱኽቱኽ እዮም ኣትዮም። እቶም ናብ ፀለምቲ ዝተመልሱ ተመዛበልቲ ምምሕዳሮምን ፀጥታኦምን ሒዞም ክኣትዉ ስለዘይሰርሑ እውን በቶም ጨፍጨፍቶም ዳግም ፅንተት ይፍፀመሎም ኣሎ። ብሓፂሩ ብኩሉ ኩርናዕ ትግራይ ዋልታ ኮይኖም ክከላኸሉ ዝተውሃቦም ፈረስ (ስልጣን) ህዝቢ ትግራይ ንምርጋፅ ተጠቒሞምሉ። እቲ ፀገም በዚ ኣየብቅዐን። ትግራይ ንዘጥፍእ ክከላኸሉ ዝተውሃቦም ሰይፊ (ስልጣን) ተመሊሶም ነቲ ህዝቢ ይቖርድድሉ ኣለዉ።

ከምቲ ልዕል ክብል ዝተገለፀ፤ "ደበባት" ትማሊ ንፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ይሕሸከሩ ከምዝነበሩ "ደበባት" እዚ እዋን እውን ተመሳሳሊ ተግባር ይፍፅሙ ኣለዉ። ከምዝፍለጥ ምሽጥር ጅግንነት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ጥንኩር ውዳበኡ እዩ ዝምስረት። ነዚ እውን እዩ ፀላእትና ሓድነት ህዝቢ ትግራይ እናፈርሑ በቢእዋኑ ባንዳታት እናፈጠሩ ሓድነትና ክዘርጉና ዝፀንሑ። ንባዕዲ ዝተሓሸከሩ "ደበባት" እዚ እዋን ህዝብና ከምደቂ ዛግራ ንክብተን ልእኽቶ ፀላእትና ተሓንጊጦም ውዳበታትና ከፍርሱ ፀኒሖምን ኣለዉን። እቲ ቀዲሞም ዘጥቅዕዎ ዓንዲ ሑቔ ቃልሲ ደጀን ዝነበረ ካድረ ኮይኑ፤ ልክዕ ከምሻዕብያን ሰራዊት ብልፅግናን ኣብ ስርቂ ረዲኤት ከምዝነበረ ገይርካ ስም ምጥፋእ እዩ። ዕላማ እዚ ሽርሒ ንመሪሕነት ዝፅየፍን ዘይሰምዕን ማሕበረሰብ ብምፍጣር ተበቲንና ብምትራፍ ፀላእትና ዘየስግኦም ኩነታት ንምፍጣር እዩ።

ካብዚ ቀፂሉ ዝተሰርሐ ድማ እቲ ዋልታ ህልውናና ዝኾነ ሰራዊት ትግራይ ብክልተ መንገዲ ምፍራስ እዩ። እቲ ሓደ እኹል ሎጂስቲክ ዘይብሉ ኣብ ፀገም ዘሎ ህዝባዊ ሰራዊት፤ ዘድልይዎ ነገራት ብዘይምምላእን ስድርኡ ናብ ፀገም ክቃልዑ ብምግባርን ዝወፈረሉ ዕላማ ራሕሪሑ ንክኸይድ እናተገበረ ፀኒሑ እዩ። እቲ ካልኣይ ድማ ጀነራላት ኣብ ምእራይ ወርቅን ካልኦት ተግባራት ግዕዝይናን ከምዝጠሓሉ ኣምሲልካ ብምፅላም ሰራዊት ክቑጣዕ፣ መራሕቱ ክፅየፍን ንኣዘዝቱ ዘይሰምዕ ክኾነን ዓሊሞም ክሰርሑ ፀኒሖም እዮም፤ ሕዚ እውን ይሰርሑ ኣለዉ። እቲ በይዛ ህዝቢ ክስዋእ ዝወፀ ሰራዊት ዝተሓንገጠ ዕላማ ክርሕርሕ እናገበሩ ይርከቡ። ካብዚ ሓሊፉ "ትግራይ ካብ ምልሻን ፖሊስን ወፃኢ ዝኾነ ፀጥታ ስለዘይብልና ቀልጢፉ 'ዲዲኣር' ክትግበር ኣለዎ" እናበሉ ይጓየዩ ኣለዉ። ኣብዚ ጉዳይ "ዲዲኣር በቲ መስርሕ ይካየድ። ፈለማ ካብ ሰራዊት ኢትዮጵያ ወፃኢ ዘለዉ ወረርቲ ሓይሊታት ካብ መሬት ትግራይ ይውፅኡ። ብምቕፃል እቶም ንውዕሊ ፕሪቶርያ ስዒቡ ብዕድመ፣ መጉዳእቲ ኣካልን ሰራሕተኛ መንግስትን ኮይኖም ኣቐዲሞም ዝተሰናበቱ ኣብኦም ይተግበር" እንትበሃል "ኣብቶም ኣብ ግምባር ዝርከቡ እዩ ፈለማ ዝትግበር" ኢሉ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ይሕንሽሽ ኣሎ።

ልዕሊ ኩሉ ድማ ብዕጡቓት ኣምሓራ ፅንተት እናቐፀለ ኣብ ዝርከበሉ እዋንን "የተከዘ ዘብ" ዝብል ተወሳኺ ዕጡቕ ኣምሓራ ኣብ መሬትና እናሰልጠነን ኣብ ዘለወሉ እዋን "ልዕሊ ፖሊስን ምልሻን ዝኾነ ፀገም ፀጥታ የብልናን" ዝብል ክሕደት እዩ ዝዝመር ዘሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ፀላእትና "ትግራዋይ ሃይማኖተኛ ስለዝኾነ ፀገም እንተተፈጢሩ እውን ብመራሕቲ ሃይማኖት ዝፍታሕ እዩ" ተባሂሉ እንትቕለድ ዘኸመስምስ ባንዳ ዝኾነ መሪሕነት ተፈጢሩ ኣሎ።

እቲ ካሊእ "መራሕቲ ፖለቲካ ዝሓዝዎ ዕላማ ራሕሪሖም ኣብ ወራር ወርቅን ሓፂነ መፂንን ተዋፊሮም" ዝብል ሕሶት ምውዛዕ እዩ። እቲ ሓቂ ግን ኣሰራት ጀኖሳይድ ትግራይ ንከጥፍእ እቲ ጉጅለ ባዕሉን መሓውሩን ኣዋፊሩ ዘውረሮ ሓፂነ መፂን እዩ ነይሩ። ነዚ እውን እዩ "ኣብ መወዳእታ ንዘይተብፅሕዎ ኣይትሃትፉ፤ ሓቅነት እንተሃልዩኩም ኣብ ሓፂነ መፂን ይኹን ረዲኤት ኢድ ዘለዎ ኣካል ብሕጊ ይተሓዝ" ተባሂሉ እንትዝረብ፤ ንከምስሉ ክሳዳት ዓፅዮም ብምፍታሽ ሰባት ዝኣሰሩ። ይኹን እምበር ካብ ዘዋፈርዎም ሰባት ወፃኢ ምስሰኣኑ ንዝኣሰርዎም ሰባት ፈቲሖም ሰዲዶምዎም እዮም። እቲ ካሊእ ተግባር ክሕደት ናይ ዘመንና "ደበባት" እዚ እዋን ድማ ንፀላእትና ፃርፃር ዘበልኦም ሚድያታት ትግራይ ሚድያ ሃውስን (TMH) ድምፂ ወያነን ምውቃዕ እዩ። እዚ እውን ትግራይ ሚድያ ሃውስ ፈለማ ምስስርቂ ገንዘብ ተታሒዙ ብማሕበራዊ ሚድያ ወፍሪ ፀለመ ብምክያድ፤ ደሓር እቲ ዝነበረ መሪሕነትን ሰራሕተኛን ክበታተን ተገይሩ። ድሕሪኡ ዓንዲ ቃልስናን ድምፂ ህዝብናን ዝነበረት ትግራይ ሚድያ ሃውስ ካብ ሳተላይት ወሪዳ ተራ ዩቲዩበር ኮይና ክትተርፍ ተገይሩ። ድምፂ ወያነ እውን እንተኾነ ነቶም ጥንኩራት ሰራሕተኛታትን ኣመራርሓን ተወቒያም ክወፁ ምስተገበረ ከምቃሕታኦም ዝእዝዝዋ ሚድያ ኮይና ኣላ።

ምስምፍራስ ውዳበታት ተጋሩ ተተሓሒዙ ካሊእ እንሪኦ ተግባር እቲ ከሓዲ ጉጅለ፤ በብከባቢኡ ዝነበሩ ኣመራርሓ ምብታን እዩ። እቲ ምንታይ ዲያስፖራ ትግራይ ዓበይቲ ጎደናታት እናዓፀዉ ጉዳይ ትግራይ ኣብ ውድብ ሕቡራት መንግስትታት ዓለም እንተይተረፈ ኣጀንዳ ክኾን ገይሮም እዮም። "ደበባት" እዚ እዋን ግን ከምኒ

ናብ ገፅ 7 ይዘውር

## ዋዕሮታት

**ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ጉዳይ ደቂ ኣንስትዮ ትግራይን ዝዳሎ መደብ**

# ኣብ ጓጓና ዘሎ ሸሻይ ገደና

ብሰንኪ ኣብ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናት ስዒቡ ዘጋጠመ ከቢድ ሓደጋ ጥምየትን ሞትን ንምንካይ ህዝቢ ትግራይ ኩለመዳይ ኣማራፅታት ብምጥቃም ፍልፍላት ምግቢ ንከልምዕ ተገዲዱ እዩ። ብዋናነት ኣብ ስራሕቲ ሕርሻ ልዑል ቆላሕታ ብምግባር ኣብ ከባቢኡ ብቐሊሉ ክለምዑን ከፍርዩን ዝኽእሉ ዝራእቲ፣ ኣሕምልቲ ገደናን ፍራምረን ብምልማዕ ፀገማት ዕለታዊ ምግቡ ከቃልልን ካብ ጥምየት ክዕንገልን ክኢሉ እዩ።

ሐዚ እውን እቲ ክቕረፍ ዘይተኸኣለ ጥምየት ንምክልኻል ኣብ ዓርሰ ሙርኮሳ ዝተመስረተ ኣመጋግባን ቁጠባዊ ምልዕዓልን ንክፍጠር ነብሲወከፍ መራሕቲ ስድራ ኣብ ስራሕቲ ሕርሻ ንክዋፈሩ ከም ትግራይ ብዕቱብ እናተሰርሓሉ ይርከብ። ብፍላይ ድማ በቲ ዝነበረን ሐዚ እውን ዘሎን ቁጠባዊ ፀገምን ጥምየትን ቀንዲ ተጠቃዕቲ ዝኾና መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዘለወን ፀገም ንክወፃን ልዕሊ ኩሉ ድማ ውሕስና ምግበን ንክረጋገፃ ኣብ ምምሕያሽ ስርዓት ኣመጋግባ ልዑል ትኹረት ካብ ዝተወሃበሎም ዕማማት ሓደ እዩ። ካብቶም ንምግቢ ዓርሰ ሙርኮሳ ዝኾኑ ዘርፍታት ቁጠባ ዘፈር ሕርሻ ብፍላይ ልምዓት መስኖ ቀንዲ መማረፂ እዩ። ሐዚ ብጭቡጥ ኣብ ልምዓት መስኖ ብፍላይ ምልማዕ ገደና ኣሕምልቲ ተዋፊረን ብምግቢ ዓርሰ ሙርኮሳ ካብ ዝጀመራ መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ነበርቲ ደቂ ኣንስትዮ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ተፀራሕቲ እየን።

ኣብ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ 6,933 መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ኣለዋ። ካብዚኤን እተን 1,500 መራሕቲ ስድራ ኣብ ልምዓት መስኖ ዝተዋፈራ እንትኾና ዛጊድ 933 መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ቀዳማይ ዙር መስኖ ተዋፊረን የልምዓ ምህላወን መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ምልዕዓልን ምውዳብን ላዕለዋይ ክኢላ ምዕባይ ግንዛበ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ኣይተ ክብሮም ሓዱሽ ይገልፁ። እዘን ኣብ ልምዓት መስኖ ዝርከባ ደቂ ኣንስትዮ ብምግቢ ዓርሰን ክኢለን ቁጠባዊ ዓቕመን



**ኣብ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ብምልማዕ ኣሕምልቲ ገደና ሞዴላት ካብ ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ሓንቲ ወ/ሮ ኪሮስ ጎይተኦም**

ንክጠናኽር ከም ወረዳ ምስ ዝተፈላለያ ጥምረትን ውዳበን ደቂ ኣንስትዮን ብምኽያን ናይ ምልዕዓል ምውዳብን ስልጠናታት እናተወሃበን ፀኒሑ እዩ። ቅድሚ ኩሉ እተን መራሕቲ ስድራ ካብ ዘሎ ሓደጋ ጥምየት ንክድሕና ዘለወን ዓቕሚ ተጠቒመን ብቐሊሉ ኣብ መረበአን ኣሕምልቲ ብምልማዕ ውሕስና ምግቢ ባዕለንን ስድረአንን ንክረጋግፃ ግንዛበ ተፈጢሩለን እዩ። ብመሰረት እዚ ከም ወረዳ 546 መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ብፍሉይ ኣብ ምብርትታዕን ምምሕያሽ ስነ ኣመጋግባን ብዕቱብ እናተሰርሐሉ ይርከብ።

ነበርቲ ወረዳ ክልተ ኣውላዕሎ ጣብያ ታሕታይ ዓዲ ቕሳንድድ ዝኾና 30 መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ክልተ ውዳበ ተወዲበን ኣብ ምልማዕ ሕምልቲ ገደና ብምውፋር ዕለታዊ ኣመጋግባ ስድረአንን መነባብሮአንን ዘመሓየሻን ደቀን ብኣግባቡ ዘምህራ ሞዴላት መራሕቲ ስድራ እየን። ብዋናነት ኣብ ምልማዕ ኣሕምልቲ ሰላጣ፣ ቆስጣ፣ ሓምሊ ኣድሪ፣ ቀይሕ ሱርን ካልኦትን ዝተዋፈራ እንትኾና ኣብ ሰሙን ሓደ ግዘ እናተራኸባ ድማ ስርሐን ይግምግማን ተመኩሮአን ይለዋወጣን። ናይዚኤን ተሞኩሮ ድማ ናብ ካልኦት 129 መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ እውን እናሰፈሐ ይርከብ።

ወይዘሮ ኪሮስ ጎይተኦም ኣደ ሰለስተ ቖልዑን ነባሪት እታ ወረዳ ጣብያ ታሕታይ ዓዲ ቅሳንድድ እየን። ቅድሚ ኣሕምልቲ ምልማዕ ምጅማረን ኩነታት መነባብሮኣን በቲ ዝነበረ ኲናት ምኽንያት ተሃስዩን ንምግቢ ኮነ ካልኦት ኣስቤዛ ኣማሊኣን ደቀን ንምዕንጋል ኣዝየን ይፅገማ ምንባረን ይገልፃ። ሐዚ ግና ብብርኪ ወረዳ ንመራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ብዝተሰርሑ ናይ ምልዕዓልን ምውዳብን ስራሕት ብትካል ገባሪ ሰናይ እኖታት ንእኖታት ዝተወሃበን ሓገዝ ዘርኢ ኣሕምልትን ኣብ ውሽጢ መረባኣን ኣብ ንእስተይ መሬት ቆስጣን ሰላጣን እናልመዓ ረኺብናየን። በዚ እውን ዕለታዊ ኣመጋግባ ስድራኣን ተመሓይሹ ትርፊ ንዕዳጋ ከም ዘቕርባን ንደቀ እውን መምሃሪ ናውቲ ከም ዝገኣን ኣረዲኣናና። ካብኡ ሓሊፉ እውን ኣብ ደደቢት ማይክሮ ፋይናንስ ዕቋር ከም ዝጀመራ ይገልፃ።

ብተመሳሳሊ ኣደ ሰለስተ ቖልዑ ዝኾነና ወይዘሮ ንግስቲ ኣብርሃን ኣደ ኣርባዕተ ቖልዑ ዝኾና ወይዘሮ ብስራት ሙሉን ነበርቲ ጣብያ ታሕታይ ዓዲ ቅሳንድድ እየን። ኣብ መረበአን ከም ሓምሊ ኣድሪ፣ ቆስጣ ሰላጣ፣ ቀይሕሱርን ኮመደረን ኣልሚዐን ዝተመጣጠነ ስነ ኣመጋግባ ከም ዝጥቀማን ደቀን ከም ዘመሓድራን ድማ ይገልፃ። ቅድሚ መስኖ ምልማዕ ምጅማረን ዝነበረ ቁጠባዊ ማሕንቖን ካልኦት ወፃእታትን እንትነፃፀር ሐዚ ዝሓሸ ለውጢ ከም ዝረኸባሉን ንቐፃሊ ኣብ ዓርሰን ዝተሞርኮሰ ኢኮኖምያዊ ሕውየት ንክፈጥራ ኣስፊሖን ከም ዘልምዓ የረድኣ። ኣብዚ ሀዚ እዋን ኣብ ዓሽና ሓመድ እናመለኣን ካብ ሩባ ብጀሪካን ማይ እምፂኣን ከም ዘስትያን ከም ዘልምዓ የረድኣ። ከም ውዳበ እዘን መርኣያ ዝኾና መራሕቲ ስድራ ደቂ ኣንስትዮ ሐዚ እውን ኢኮኖምያዊ ዓቕመን ንምስዓር ዝገብረኦ ዘለዋ ፃዕሪ ዓብይ ተመኩሮ ዝሓዛን ብተወሳኺ እውን ድማ ኣብ ሰሙን ሓደ ግዘ ዕቑብ ብምውህላል ደርሁ እናገዘኣ ከፍርያ እውን ጀሚረን ይርከባ። እንተኾነ ግና ንመስኖ ዘልምዕ ከቢድ ናይ ማይ ሕፅረትን ስእነት ማይ መዋህለሊ ገንኢ ከም ዘለወን ይሕብራ።

ብድምር ኣብ ትግራይ ብዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናት ከቢድ ቁጠባዊ ውድቀትን ጥምየትን ኣቃሊዑ እዩ። ብፍሉይ ደቂ ኣንስትዮ መራሕቲ ስድራ ድማ ብፉሉይ ዝሃሰየን ግዳይ ሞትን ጥምየትን ዝኾነሉ ኩነታት ዝፈጠረን እዩ። ነዚኣን ናብ ንቡር መነባብሮአን ንምምላስ ዓብዩ ስራሕ ዝሓትት ብምዃኑ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዝነበሩ ውዳበታትን ውልቀ ስራሕ ዕድል ፈጠራታትን ምጥንኻርን ምንቅስቓሳት ኣብ ውሱናት ወረዳታት ተጀሪም ኣለዉ። ዓርሰ ሙርኮሳ መሰረት ዝገበረ ስራሕቲ ሕርሻ ብፍላይ ድማ ልምዓት መስኖ ብኣብነት ይግለፅ። እንተኾነ ግን እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ምስቲ ዘሎ መጠን ሃሰያን ዘይመጣጠን ስለ ዝኾነ ንኩለን ዘለዓዕልን ብዘላቕነት ዓርሰን ዘኽእልን ንክኸውን ካብ ክልል ክሳብ ጣብያ ዝተዘርገሐ ኢኮኖምያዊ ውዳበን ተጠቃምነት ደቂ ኣንስትዮ ንክህሉ መንግስትን ዝልምከቶ ኣካልን ቀዳምነት ሂቡ ክሰረሐሉ ይግባእ።

### ደጃት...ካብ ገፅ 6 ዝዞረ

ኣምባሳደር ፍስሃ ኣስገዶም ዝበሉ ንዲያስፖራ ተጋሩ ቀጥ ኣቢሎም ዝመርሕዎም ዝነበሩ ጀጋኑ መራሕቲ ብምብታን ኣብ ወፃኢ ዘለዉ ጀጋኑና ከምደቂ ዛግራ "ፋሕ" ኢሎም ንክተርፉ፣ ተስፋ ንክቈርፁን ኣብ ዕንይንይ ክጥሕሉን ገይሮም እዮም። ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዘለዉ ውዳበታት እውን ንምልኪ ዝቃወሙ ኣመራርሓ እናተወገዱ "ደገፍቲ ጊዜያዊ ምምሕዳር" ብዝብል ዜማ ኣብ መኸተ ዘይነበሩን ምስፀላኢ ዝወገኑን ሰባት ብምሻም ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ክብተን ይግበር ኣሎ። ልዕሊ ኩሉ መግለፂ ልዕልና ህዝቢ ዝኾና ኣብያተ ምኽሪ ከተማታት፣ ወረዳታትን ጣብያታትን ዝሽምኡ እናተስዓረ ካብ ስርዓት ወፃኢ ካሊእ ምስለየነ ይሽየመለን ኣሎ። እቲ ዝፍፅሞ ዘሎ ፋሉላዊ ስራሕ ንምጥንኻር ድማ በጀት ንህዝቢ ጥቕሚ ዘይኮነ ንመሸለሚ ኣፍራስን ናዕቢ ዘልዕሉ መናእሰይን ይውዕል ኣሎ።

እዚ መንግስትነት ዝተቖፃፀረ ጉጅለ ዝምራሕ ዘሎ ተግባር ናዕቢ ብብርኪ ዓለም ተራእዩ እውን ኣይፈልጥን። ከምዝፍለጥ ናዕቢ ዝውልዑ "ፍትሓውነት ጎደለ፣ መሰል ደቂ ሰባት ተጥሓሰ" ዝብሉ ስልጣን ዘይብሎም ተቓወምቲ ውድባት እምበር ስልጣንን በጀትን ዝሓዘ መንግስቲ ኣይኮነን። እዚ ፋሉል ጉጅለ ግን ዕድመ ስልጣኑ ንምንዋሕ ንከብዶም ዝሓድሩ መናእሰይ ኣለዓዒሉ ናዕቢ ወሊዑ ትግራይ ንምሕማስ ኣብ ውሽጢ ትግራይን ፌደራልን የሰልጥን ኣሎ። ብምኳኑ እዚ ከሓዲ ጉጅለ እቶት ኣብያተ መዘጋጃን ኣብያተ ፅሕፈት ልምዓት እቶትን ይኹን ን"ዳግም ህንፀት ትግራይ" ተባሂሉ ዝመፅእ ገንዘብ መደጎሚ ናዕቢ ዘልዕሉ መናእሰይ የውዕሎ ኣሎ። ብመንፅር እዚ እንትረአ፤ ክሕደት እዞም ሰባት ሓደ ክልተ ኢልካ ዘርዚርካ ዝውዳእ ኣይኮነን። ዓይኒ ቁጠባ ትግራይ ዝኾና ትካላት ትእምት ኣብቲ ፅንተታዊ ኲናት ትግራይ ኮነ ተባሂሉ ከምዝዓነዋ እናተፈለጠ ተወሳኺ ጥቕዓት ንክበፅሐን እውን ተሰሪሑ እዩ። እቲ ዝገርም ድማ ትካላት ትእምት ኣብ ስኒ ፀላኢ ኣትየን ንክጥቅዓ፤ "ልዕሊ 1000 ሰራዊት ትእምት ገና ካብ ሰራዊት ትግራይ ስለዘይተመለሱ ይመለሱልና። ኣብ ሰራዊት ትግራይ ዘለዋ መኻይን እውን ይመለሳልና" ተባሂሉ ንኣብዪ ኣሕመድ ተሓቲቱ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ "ይቅርታ ማርሻል ጀነራል ብርሃኑ ጁላ ኣብ ሰራዊት ዘለዋ መኻይን እንትብል ምሳኹም ዘለዋ ዘይኮነስ ኣብ ሰራዊት ትግራይ ዘለዋ መኻይን ማለተይ እዩ" ዝብል ከዳዕ እዩ ተራእዩ።

እዞም ከዳዓት መግለፂ ጫፍ ክድዓቶም ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ገና ዘይተነኽአ እናሃለወ ከምዝተዛዘመ ኣምሲሎም ዘቕርቡ ምኽኖም እዩ። እዚ እውን ኣብ ሚድያ ወፂኦም "ካብ መከላኸሊ ሃገር ወፃኢ ዘለዉ ዕጡቓት ወፂኦም እዮም" እናበሉ ዘቕርብዎ ቅጥፈት ከይኣክል ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ በዓል ዋና ዘይብሉ ንክቐሪ "ውዕሊ ፕሪቶርያ በዓል ዋንኡ መን እዩ?" ኢሎም ንኣብዪ ኣሕመድ ሓቲቶም እዮም። ንሱ ድማ "እኒ ጌታቸው፣ እኒ ፍስሃፅዮን እዮም ዝፈረሙ እሞ ንዕኦም እየ ዝፈልጥ" ክብል መሊስሎም እዩ። እዚ ድማ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ናይ ውልቀ ሰባት ከምዝኾኑ ኣምሲልካ በዓል ዋና ዘይብሉ ኮይኑ ንክተርፍ ዝተገበረ ሽርሒ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ውድብ ህወሓት ብብልፅግና ተዳንያ ክትሓርር ዘይፈንቀልዎ እምኒ ኣይነበረን።

እዚ ተግባር ክሕደት ካብ ምንታይ ዝምንጩ እዩ? ዝብል ሓሳብ ኣልዒልና ፅሑፍና ክንክምብት። ኣብ ዓለም ንካልኦት ሰባት እናበደለ ዝሕጎስ ሰብ፣ ጉጅለ ኣሎ። ክሕከም ዝመፀ ሕሙም ብምጉዳእ ዝሕጎስ ሓኪምን ኣብ ልዕሊ ኣፍቃሪቱ ኣካላውን ስነ ኣእምሮኣውን ስቓይ ብምብፃሕ ዝሕጎስን ዝምቡዕ ሰብ ኣሎ እዩ። ከምኡ እውን ርክብ ደቂ ሰባት ብምብልሻው፣ ህይወት ደቂ ሰባት ብምንጋዕን ብምፍራስን፣ ስብእናን ታሪኽን ውልቀ ሰባት ብሓሜትን ካሊእ ፈጠራ ታሪኽን ብምፅላም ዝሕጎስ ርኹስ ሰብ ኣይሰኣንን። ኩነታት ተበሊፁ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ሓሳረ መከራ ዘውርድ ሰይጣናዊ ልኡኽ ዝሓዘ ሓይሊ (ጉጅለ) እውን የጋጥም እዩ። ኣብ ውሽጢ ሕብረተሰብ ሰናይ ነገር ክዓቢ ዘይከኣለሉ ምኽንያት እውን እዚኦም ክኾኑ ይኽእሉ። ከምዚ ዓይነት ባህሪ ዘለዎም ሰባት ወይ ጉጅለታት "ጨካናት" (sadists) ይበሃሉ። ሳዲስት ኣብ ልዕሊ ካልኦት ሰባት፣ ማሕበረሰባትን ህዝብታትን ብዝፍፅምዎ ጭካነ ዝተምልኦም ስጉምቲታት ሓጎስ ዝረኽቡ እዮም። ካብዚ ሳይንሳዊ ኣገላልፃ ብምብጋስ ባህርያት እዞም ሰባት እንትንርኢ ስቓይ ህዝቢ ዘይግድሶም ኣረመኔታት እዮም። ትግራይን ህዝባን ኣብ ክንዲ ክትብርኽ ዝሓስቡን ዝሰርሑን ኣብ ረግረግ ድሕረት ክትርቃሕ ዝሰርሑ ድሑራት እዮም። እዞም ሰባት ስለካሊእ ዘይግድሶም ዓርሶም ዘቐድሙ ስሱዓት እውን እዮም። ውልቃዊ ጥቕሞም እንተተማሊኡሎም ስለዓድን ህዝብን ዘይግደሱ ጥራሕ ጥቕሞም ኣይጉደሎም እምበር ትግራይ ብኬሚካልን ካሊእን እንተበረሰትን ህዝባ እንተሃለቐን ቅንጭ ዘይብሎም ብከብዶም ዝሓስቡ ከዳዓት እዮም። ስለዚ ከምዚኦም ንዝበሉ ካሕዳማትን ጨካናትን ሰባት ኮኑ ጉጅለታት ጊዜ ምሃብ ማለት ስቓይካ ምብራኽ ስለዝኾነ "ይኣክል" ክበሃሉ ይግባእ ክብል ይደሊ።

## ዳሃይ መቐለ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ምምሕዳር ከተማ መቐለን ዝዳሎ መደብ

# ሰነያ ዘድልዮ ጠለብን ኣጠቓቕማን



ብስሉጥ ኣገባብ ዝውገኑ ዘለው መሰረተ ልምዓት ፅርግያ ኣስፋልት ብኸፊል

ህዝቢ ትግራይ ዘይርብርብ ህርኩትን ብመጠን ፃዕሩ ልምዓት ዝብህግን ክቡር ህዝቢ እዩ። ይኹን እምበር ብዘለዎ መጠን ትግሃት ስራሕ ክዓቢ እንትብህግ ክዓብን ክምዕብልን ዘይደልዩ በቢዘመኑ ዝተፈጠሩ ገዛእቲ ሓይልታት ህዝብና ናብ ብራኸ ከይድይብ ፃዕርታቱ ብምኹላፍ ኣብ ሰልሚ (ረግረግ) ድሕረትን ድንቁርናን ክነብር እናሰርሑ ፀኒሖም እዮም። እንተኾነ ግን ህዝቢ ትግራይ ካብቲ ሰልሚ ድኽነት ንምውፃእ በብመዋእሉ ክቃለስ ፀኒሑን ይቃለስን ኣሎ። ኣካል እቲ በብመዋእሉ ዝገበሮ ቃልሲ ዝኾነ ኣብ ሕሉፍ 17 ዓመት ብረታዊ ቃልሲ ብዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእቲ፤ ሓርነት ረኺቡ ተኣምራዊ ብዝኾነ መልክዑ ዕብየት ኣመዝጊቡ እዩ። ናይዚ መርኣዪ ሓንቲ ከተማ መቐለ እያ።

ከተማ መቐለ ዋላ እኳ ቅድሚ ኣዲስ ኣበባ ብሃፀይ ዮሃንስ እንትተመስረተት፤ ክሳብ 1985 ዓ/ም ንሓደ ክፍለ ከተማ ዝምጥን ስፍሓት ቦታን ውሽጣዊ ዕብየትን ኣይነበራን። እዛ ከተማ ካብ ትጣየሽ ክሳብ ምድምሳስ ስርዓት ደርጊ ኣብ ውሽጢ 100 ዓመት ካብ ኣብርሃ ካስትል ክሳብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል መቐለ ዘሎ ቦታ ዝሸፍን ስፍሓት እዩ ነይሩዋ። ሕዚ ግን ኣብ 30 ዓመት ካብ ደብርን ኣይናለምን ክሳብ ሮማናት ዝዝርጋሕን ከምኡ እውን ካብ ዋና ከተማ መቐለ ክሳብ ንእሽተይን ዓባዩትን ዝነበረት ከተማ ኲሓ ኣካል ከተማ መቐለ ብምኧን "ክፍለ ከተማ" ዝብል ሽም ሒዛ ሰፊሕ ቦታ ወኒና ኣላ። ከተማ መቐለ ጎድናዊ ምስፋሕ ጥራሕ ዘይኮነስ ውሽጣዊ ዕብየት እውን እያ ኣመዝጊባ። ንኣብነት ካብ ውሱን ሰዓት መብራህቲ ጀነሬተር ናብ 24 ሰዓት ግልጋሎት መብራህቲ፣ ካብ ውሱን መሰረተ ልምዓት ናብ ዝተዋደደ መሰረተ ልምዓት፣ ካብ በዓል ሓደ ደብሪ ህንፃ ገዛ ናብ በዓል ዓሰርተታት ደብሪ ህንፃ ገዛውቲ ተበፂሑ ኣሎ።

ብተመሳሳሊ ኣብዚ ሕዚ እዋን ከተማ መቐለ ንዕድሚኣ ዝምጥን ዕብየትን ፅፈት ግልጋሎትን ንክህልዋ ብዕቱብ ይስራሕ ኣሎ። ንኣብነት፣ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ብ12 ነጥቢ 4 ቢልዮን ብር በጀት ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ስራሕቲ እናዓመመ ይርከብ። እቶም መሰረተ ልምዓት ወርቃዊ ጊዜ ነበርቲ ንምቑጣብን ምቾት መጓዓዝያ ንክህልወን ብ850 ሚልዮን ብር በጀት 14 ኪሎ ሜትር ሓደሽቲ ኣስፋልትን ፅገና ነባር ኣስፋልትን ብዝተዋደደ መንገዲ ይስራሕ ኣሎ። ነበርቲ ካብ ሓመድን ደረጅኡ ዘይሓለወ መንገዲን ንምውፃእ ነጋዳይ ስራሕቲ ንግዱ ናብ ኩሉ ኩርናዕ እዛ ከተማ ንምስፋሕን፤ በዚ ኣቢልካ ህዝብን ማሕበረሰብ ንግድን ተጠቀምቲ ንምግባር 14 ኪሎ ሜትር ስራሕቲ ምንፃፍ እምኒ እውን እናተሰርሐ ይርከብ። ኣብዚ 20 ማሕበራት ተጠቀምቲ ዝገብር 142 ሚልዮን ብር በጀት ተመዲብሉ ዝስራሕ ዘሎ እዩ። ከምኡ እውን ውሕስና ህዝቢ ንምርግጋፅ ገፀርን ከተማን ንምትእስሳር 104 ማሕበራት ተጠቀምቲ ዝገብር 600 ሚልዮን ብር ዝተመደበሉ 167 ኪሎ ሜትር መንገዲ ፀፀር ኣብ ምስራሕ ይርከብ። ካብዚ ሓሊፉ በብከባቢኡ መብራህቲ ጐደናን ትራፊክን ብሰፊሑ ይስራሕ ከምዘሎ በዓል ሞያ ክትትልን ቁፅፅርን ስራሕቲ ፕሮጀክት ከተማ መቐለ ኣይተ ግርማይ ዘርኣዳዊት ይገልፁ።

እቶም ዝውገኑ ዘለዉ ስራሕቲ ልምዓት፤ ኣብቶም ልዕል ክብሉ ዝተገለፁ ጥራሕ ዝተሓፀሩ ኣይኮኑን። ከምዝፍለጥ ነባራይ ከተማ መቐለ ካብ እዋን ናብ እዋን እናወሰኸ ብምምፅኡ ንበዝሒ ህዝቢ ዝምጥን ኣብያተ ትምህርቲ፣ ትካላት ጥዕና፣ ማእኸላት ንግዲ፤ መዘናግዒ መናእሰይ የብሉን። ነዚ ፀገም ንምቅራፍ ድማ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት 196 ሚልዮን ብር መዲቡ ዝሰርሖም ዝነበረ ፕሮጀክትታት ልምዓት ኣብዚ ዓመት እውን ኣጠናኺሩ እዩ ዝቐፅል ዘሎ። ንኣብነት፣ ፅበት ኣብያተ ትምህርቲ ንምቅራፍ ኣብ ሕድሕድ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ከተማ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሽዱሽተ ተወሰኽቲ መምሃሪ ክፍልታት እናተሰርሑ እዮም። እዞም ተወሰኽቲ ክፍልታት ኣብዚ ዓመት ዛዚምካ ኣብ ቀፃሊ ዓመት ዘመነ ትምህርቲ ግልጋሎት ንክህቡ ዓሊሙ እዩ ዝስራሕ ዘሎ። ብተመሳሳሊ ፀገም ግልጋሎት ጥዕና ንምቅላል ኣብ ላጭን ቀዳማይ ወያነን መባእታዊ ሆስፒታል ይስራሕ ኣሎ። ብፍላይ ኣብ ቀዳማይ ወያነ ዝስራሕ ዘሎ በዓል ሓሙሽተ ደብሪ ዝኾነ መባእታዊ ሆስፒታል ምስቲ ማእኸል ከተማ ምኧኑ ሕብረተሰብና ብዙሕ እንተይተንገላትዐ ብቐሊሉ ግልጋሎት ንክረክብ ዝሕግዝ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ 70 ካሬ ሓዱሽ ጥዕና ጣብያ፣ ኣብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል መቐለ ድማ መስፋሕፍሕን ፅገና ነባር ክፍልታትን ይካየድ ከምዘሎ መተሓባበሪ ከይዲ ስራሕ ዲዛይንን ህንፀትን ቤት ማዘጋጃ ከተማ መቐለ ኣይተ ገብረኪዳን ኣለማዮ የረድኡ።

ኣይተ ገብረኪዳን፤ ኣብ ሓፈሻዊ ሆስፒታል መቐለ ዘሎ ፀገም፤ ዘይምምጥጣን ተገልጋልን መገልገልን ጥራሕ ከምዘይኮነ ይገልፁ። ብምኽንያት ምጭንናቕ ተገልጋሊ ዝፈጠሮ ጉድለት ፅርየት፤ ግልጋሎት ጥዕና ክረክብ ሓሲቡ ዝኸደ ወገን ሕማም ተማሊኡ ዝምለሰሉ ኩነታት ነይሩ እዩ። እዚ ፀገም ንምቕራፍ ምምሕዳር ከተማ መቐለ ተወሳኺ ህንፀት ክፍልታትን ዓይነምድርን ከምኡ እውን ስራሕቲ ፅገና ነባር ክፍልታት እናተወገነ ይርከብ። ካብዚ ሓሊፉ ኣብዛ ከተማ ተወሰኽቲ መወገዲ ረሳሕ ፈሳሲ ከምኡ እውን ኣብ ሚዘር 70 ካሬ ብኣርባዕተ ቢልዮን ብር መስፍን ኢንዳስትርያል ኢንጅነሪንግ ክሰርሖ ዝተሓሰበ ዘመናዊ ዕዳጋ ሓዊሱ ብርክት ዝበሉ መሰረተ ልምዓት እናተወገኑ ከምዝርከቡ እቶም መተሓባበሪ ይገልፁ። እቶም ዝስርሑ ዘለዉ መሰረተ ልምዓታት ብቐጥታን ብተዘዋዋርን መንገዲ ኣብ ምንቕቓሕ ቁጠባ ዝለዓለ ግደ ኣለዎም። ነቶም ፕሮጀክትታት ተጫሪቶም ዝሰርሑ ዓበይቲ ተኾናተርቲ፣ ካብቶም ፕሮጀክትታት ኩንትራት ዝወሰዱ ኣካላት፣ ኣብቶም ትካላት ዝሰርሑ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዝርከቡ ሰብ ሞያታት ሓዊሱ ብርክት ዝበሉ ወገናት ተጠቀምቲ እዮም። እዚ ጥራሕ ዘይኮነስ በብከባቢኡ ኣብ ዝርከቡ ፕሮጀክትታት ንእታወት ከይዲ ህንፀት ዘቕርቡ ነጋዶ፣ ብስራሕቲ መንደቕን ልሰናን ዝሳተፉ ወገናት መዓልታዊ ሰራሕተኛታት ዝሸከም እውን እዩ። ንኣብነት፣ ኣብ 2016 ዓ/ም ኣብ 37 ፕሮጀክትታት ካብ 25 ክሳብ 30 ኣባላት ዘለውዎም ኣብ 37 ጉጅለታት ልምዓት ዝተወደቡ 1200 ምልስ ተጋደልቲ ኣብ መንገዲ ፀፀር ጨረታ ወሲዶም ዕድል ስራሕ ተፈጢሩሎም እዩ። ብሓፈሻ ኣብቶም ኣብ ከተማ ዝነበሩ ድምር ፕሮጀክት 5000 ወገናት ዕድል ስራሕ ከምዝተፈጠረሎም ኣይተ ግርማይ የረድኡ።

"እቶም ዝስርሑ ዘለዉ መሰረተ ልምዓት ዕድላት ስራሕ ብምፍጣር ቁጠባ እዛ ከተማ የነቓቕሑ እዮም" እንትበሃል፤ ኣብቶም ፕሮጀክትታት ዝሰርሑ ወገናት ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ድምር ነባሪ ከተማ እውን እዩ። እዚ እውን ኢንዳስትርያል ማተርያል ዘቕርቡ ነጋዶ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብቶም ፕሮጀክትታት ዝሰርሑ ሰብ ሞያን መዓልታዊ ሰራሕተኛታትን ንዕለታዊ ምግቦም፣ ንዓርሶምን ስድርኦምን ዘድልይዎም እንትገዝኡ እቶም ነጋዶ ተጠቀምቲ እዮም። ካብዚ ሓሊፉ እቶም ሰብ ሞያን መዓልታዊ ሰራሕተኛታትን ብዝሰርሕዎ መጠን እቶት እንትረኽቡ ክራይ ገዛ ብዘይፀገም ስለዝኸፍሉ መካረይቲ እውን ተጠቀምቲ ይኾኑ። ኣብቶም ፕሮጀክትታት ዝካየደሎም ከባቢታት ካብ ሻሂን ቁርስን ጀሚሩ ግልጋሎት ዝህባ ወገናት ንዓርሰንን ስድራአንን ሓዊሱ ብዙሕ ማሕበረሰብ ተጠቃሚ ዝገብር እዩ። እቲ ከምዚ ዝበለ ስራሕ ድማ ድሕሪ ፅንተታዊ ኲናት ምክያዱ ዝዕመም ምህላዉ ኣብ ምድሓን ህይወት ህዝብናን ምዕጋት ፍልሰት መናእሰይን ዝለዓለ ትርጉም ከምዘለዎም ኣይተ ገብረኪዳን ይሕብሩ።

እዞም ዝስርሑ ዘለዉ ፕሮጀክትታት ንጊዜኡ ዝፈጥርዎ ዕድላት እቶም ዝተገለፁ ኮይኖም፤ ምስተዛዘሙ ድማ ማሕበረ ቁጠባ እዛ ከተማ ኣብ ምብራኽ ዝለዓለ ግደ ኣለዎም። መሰረተ ልምዓት እንትማላእ ኩሎም ግልጋሎታት ምቅልጣፍ ጥራሕ ዘይኮነስ ውሕስና ህዝቢ እውን ይረጋገፅ። ንኣብነት ፅርግያ ብምስርሑ እቲ ነባሪ ብዘይፀገም ፀጥታ ብተሽከርከርቲ ንገዝኡ ንክበፅሕ እዩ ዝገብር። ከምኡ እውን ብእግሩ ንሰዓታት ዝጓዓዝ ዝነበረ ብታክሲ እንትኸይድ ጊዜኡ ዝቑጥበሉ ኩነታት ኣሎ። መብራህቲ ጐደና እንትዝርጋሕን ትራፊክ መብራህቲ እንትተኣታቶን ድሕንነት እቲ ነባሪ ኣብ ምውሳኽ ዝለዓለ ግደ እዩ ዝፃወት። ካብዚ ሓሊፉ ከተማ መቐለ ብእምባታት ጮምዓን መሰቦን ዝተኸበበት ብምኧና ብውሕጅ ዝሳቐ ዝነበረ ማሕበረሰብ እታ ከተማ መፋስስ እንትስራሕ እቲ ዝነበረ ፀገም ዝፍታሕ ሩፍታ ከምዝረክብ እዩ ኣይተ ግርማይ ዘረድኡ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ መሰረተ ልምዓት እንትውገን ስራሕቲ ንግዲ እውን ይቀላጠፍ። ንኣብነት ብኣቦራ ዝኽደን ዝነበረ ከባቢ ስራሕቲ ምንፃፍ እምኒ እንተተሳሊጡሉ፣ ፅርግያ እንተተኣታተወሉ፤ ከምማይን መብራህትን ዝኣመሰሉ መሰረተ ልምዓት እንትማልእሉ ፅባቐ እዛ ከተማ ካብ ምብራኽ ብተወሳኺ ኣብ ምንቕቓሕ ማሕበረ ቁጠባ እውን ዝለዓለ ኣበርክቶ ይህልዎ። ምኽንያቱ መንገዲ እንትስራሕ ነጋዳይ ሸቐጡ ናብ ኩሉ ማሕበረሰብ እታ ከተማን ሓረስታይን ከብፅሕን ሓረስታይ ድማ ፍርያቱ ብቐሊሉ ናብ ዕዳጋ ከቕርብን ዝሕግዝ እዩ። ነዚ እውን እዩ "መሰረተ ልምዓት ዘይተማልአላ ከተማ ድሕርትን ውድቕትን እያ" ዝበሃል። ካብዚ ሓሊፉ ሓንቲ ከተማ ፅቡቕ ኣየር ዝነፍሰላን ንምንባር ምችውቲ ክትኾን ስለዝግባእ ከምከተማ መቐለ ካብ ዝትከሉ ተኽልታት ጀሚሩ ብዙሓት ስራሕቲ ይውገኑ ከምዘለዉ ኣይተ ገብረኪዳን ይሕብሩ።

ይኹን እምበር ምምሕዳር ከተማ መቐለ ንሕቶ ህዝቢ መሰረት ገይሩ ጠለባት ህዝቢ እንተማልእ፤ ኣብ ባይታ ብዙሓት ፀገማት የጋጥሙ ኣለዉ። ካብቶም ፀገማት ከምኣብነት እንትንርኢ ዕድመ እቶም መሰረተ ልምዓት ዘሕፅር፣ ምቾት ህዝቢ ንምርግጋፅ ተባሂሎም ዝስርሑ መፋስሳትን ካልኦት መሰረተ ልምዓትን ምቾት እንትኸልኡ ምርኣይ ልሙድ እዩ። እዚ እውን ውሕጅ ናብ ፅርግያ እናወፀ ዕድመ ፅርግያ የሕፅርን ናብ ገዛውቲ እናኣተወ ኣብ ጥዕና ነበርትን ህንፃታትን ሓደጋ ከይፈጥር ተባሂሉ ዝስራሕ መፋስስ ብጐሓፍ እንትምላእ እዩ ዝረአ። ዓውደዓመት ብዝመፀ ቁፅሪ ቆርበትን ዓፅምን ከምኡ እውን ዘየድልዩ ጐሓፋት እናመልአ ንመንገዲ ውሕጅ ዝተብሃሉ መፋስሳት መኽዘን ጐሓፍ ዝኾንሉ ኩነታት ኣሎ። ብምኽንያት እዚ ውሕጅ ናብ ገዛውትን ጐደናን ክኣቱ ምግባር ጥራሕ ዘይኮነስ እቶም ጐሓፋት ተዓብዒቦም ሕማቕ ሽታ ብምፍጣር ፀገም ጥዕና ዝኾንሉ ኩነታት እውን ኣሎ። ህንፃታት እንትህነፁ ዝመፁ ፀፀራትን ሓሸዋን ብጊዜኡን ብኣግባቡን ሰኣን ምልዓል ን20 ወይ 30 ዓመት ከገልግሉ ዝተሓሰቡ ጐደናታት ዕድሚኦም ክሓፅር እናገበረ ከምዝርከብ ኣይተ ግርማይ ይገልፁ።

ኣብ ከተማ መቐለ ንኣናእሽተይ መኻይን ከሕልፍ ዝተሰርሐ ምንፃፍ እምኒ ዓበይቲ መኻይን ረጊፀንኦ እንትንህልን ካብ ጥቕሚ ወፃኢ እንትኾንን ምርኣይ ልሙድ እዩ። እዚ ድማ ስኣን ተገዳስነት እዩ። መንግስቲ ብሚልዮናት ገንዘብ መዲቡ ዝዘርግሖም መስመራት ኤሌክትሪክን ዝተኸሎም ትራንስፎርመራትን ብውልቀ ለያቡ እንትስረቑ ዘይቲ ትራንስፎርመር እንትውሰድ ብተደጋጋሚ ይረአ ኣሎ። ካብዚ ሓሊፉ ህዝቢ ብሕፅረት ማይ እናተሳቐየ በብከባቢኡ ዝፍንድኡ ቱቦታት ማይ እንተጋጥም ቀልጢፍካ ክፅገን ኣለዎ። ኣብዚ መንግስቲ ንሕድሕድ መሰረተ ልምዓት ዋርድያ ክቖፅር ስለዘይኽእል ከባቢኡ ክሕሉ ዘለዎ ባዕሉ እቲ ተጠቃሚ እዩ። እቶም ብመሰረት ሕብረተሰብና ብዘቕርቦም ሕቶታት ዝስርሑ ዘለዉ መሰረተ ልምዓት፤ ብቐዳምነት ተጠቃሚ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ነባሪ እዩ። ስለዚ እቶም ዝስርሑ መሰረተ ልምዓታት ዕድምኦም ንከይሓፅር ክሰርሕ ዘለዎ ባዕሉ እቲ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ነባሪ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ መተንፈሲ ከተማ ተባሂሎም በብጐደንኡ ዝትከሉ ተኽልታት ማይ እናስተየ ከዕብዮምን ክከናኸኖምን ዘለዎ እቲ ኣብቲ ከባቢ ዘሎ ሕብረተሰብ እዩ። ምኽንያቱ ፅላል ዘለዎን ዘይብሉን ገዛ ማዕረ ክራይ ከምዘይብሉ ዝፍለጥ እዩ። ብድምሩ ብሕቶ ህዝቢ ዝተሰርሑ መሰረተ ልምዓት ዕድሚኦም ንክነውሕ እቲ ሕብረተሰብ ክከናኸኖምን ክሕልዎምን ይግባእ። ሕብረተሰብና መሰረተ ልምዓት ንክማልአሉ ከምዝሓትት ምስተሰርሑ ድሕንነቶም ኣብ ምሕላው እውን ክተግህ ኣለዎ። ስለዚ እንጠልቦን ብመሰረት ጠለብና ዝስራሕን ተሳንዩ ንክኸይድ ካባና ዝድለ ክንገብር ይግበአና።



ክብርታት ህወሓት ብናይ ወለዶታት ቅብብል እናተኾለዐ ክነብር እዩ!!

## እንግዶት

# “ኣብ ሓደ ቆፎ ንህቢ ክልተ ንጉስ ንህቢ ክህልዉ ኣይኽእሉን”

## “መሊኽካ፣ ጠሊምካን ኣምበርኪኽካን ኣብ ስልጣን ክትፀንሕ ምድላይ ኣብ ህዝቢ ትግራይ ኣይሰርሕን!”

**ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴን ሓላፊ ዘፈር ፕሮፖጋንዳን ምልዕዓልን ህወሓት ተጋዳላይ እያሱ ተስፋይ**



ኣብ ትግራይ ገጢሙ ዘሎ መሰረታዊ ኣፈላላይ ከምቲ ገለ ኣካላት ዝብልዎ ናይ ስልጣን ዘይምቅድዳው ወይ ኣብ መንጎ ውልቀ ሰባት ዘሎ ባእሲ ኣይኮነን። ኣብ ኣሰላልፋን ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምሕላውን ዘይምሕላውን ዘሎ ናይ ዕላማ ኣፈላላይ እዩ። እቲ ዝጠለመ ጉጅለን መሻርኽቱን ወለዶታት ትግራይ ዓቂቦምዎ ዝፀንሑ ብሄራዊ ንሒን ሓቦን፣ ህወሓት ዝተኸለቶ ብሄራዊ ክብርታት፣ ዓቅምታት መኸተን ብምብታን ኣብ ትግራይ ውልቀ ምልክነት፣ ብሄራዊ ክሕደትን ብተናን ይፍፅም ኣሎ። ነዚ ድማ ኩሉ ኣባልናን ህዝብናን “እምቢ ንብሄራዊ ክሕደት፣ ንምልክን ብተናን” ኢሉ ብመልክዕ ወፍሪ እምቢታ ንዝተደገሰሉ ጥፍኣት ንምብርዓን ምልኣተ ህዝቢ ብምንቕናቕ ቃልሱ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ንምስግጋር ዝተፈላለዩ መድረኻት ወፍሪ እምቢታ የካይድ ኣሎ።

ብመንፅር እዚ እምቢ ንብሄራዊ ክሕደት፣ ንምልክን ብተናን ክንብል እንተለና እንታይ ማለት እዩ? እዞም መድረኻት ነቲ ፅግዕተኛ ሓይሊ ኣብ ምቅላዕን ኣባልናን ህዝብናን ኣብ ሕውየት ውድብና ግልፅነት ክፈጥር ኣብ ምግባር ብፅሒቶም ከመይ ተፃዊቶም? ውድብ ህወሓት ዝተማለአ ሕውየት ንምርግጋፅ ዝጀመሮ ቃልሲ ተጠናኺሩ ንምቕፃል ዝተትሓዙ ኣንፈታት እንታይ እዮም ኣብ ዝብሉን ካልኦት ጉዳያትን ኣመልኪትና ምስ ኣባል ማእኸላይ ኮሚቴን ዘፈር ፕሮፖጋንዳን ምልዕዓልን ህወሓት ተጋዳላይ እያሱ ተስፋይ ዘካየድናዮ ቃለ መሕትት ምሉእ ትሕዝትኡ ብኸምዚ ዝስዕብ መንገዲ ኣዋዲድና ኣቕሪብናዮ ኣለና። ሰናይ ንባብ

ወይን፡- “እምቢ ንብሄራዊ ክሕደት፣ ንምልክን ብተናን” ክንብል እንተለና እንታይ ማለት እዩ? እዞም መድረኻት ነቲ ፅግዕተኛ ሓይሊ ኣብ ምቅላዕን ኣባልናን ህዝብናን ኣብ ሕውየት ውድብና ግልፅነት ክፈጥር ኣብምኽኣልን እንታይ ግደ ተፃዊቶም? እቲ ጉጅለ ሒዝዎ ዘሎ ናይ ምድንጋር ስልትታት ከ ከመይ ትግምግሞ?

ተጋዳላይ እያሱ፡- ቅድሚ ወፍሪ እምቢታ መንፈሱ፣ ትሕዝትኡ እንታይ እዩ” ኢልና ምጅማርና ምስ ክብርታትን ታሪኽን ህዝቢ ትግራይ ኣተኣሳሲርካ ምርኣይ ኣገዳሲ ይኸውን። ከም ዝፍለጥ ህዝቢ ትግራይ ሓደ እዋን ምስተን ኣብ ዓለምና ዝለዓለ ጠርዚ ምዕባለን ስልጣነን ዝነበረን ሃገራት ዓለም ዝስራዕ ህዝቢ እዩ ነይሩ። እዚ ህዝቢ እዚ ዛጊድ ሓድግታት ስልጣንኡ ዝኾኑ ከም ስነ-ህንፃ ጥበብ ኣክሱማውያን ንዓለም ዘደነቑን ገና ምስጢራውነቶም ዘይተፈትሐን ቅርስታት ዝወነነ ህዝቢ እዩ። ይኹን እምበር እዚ ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ኮይንካ እውን ምስጢራውነቱ ዘይተፈለጠ ስልጣነ ዝወነነ ህዝቢ በቲ ዝነበሮ ብራኸ ስልጣነ ኣይቐፀለን። ብዝተፈላለዩ ውሽጣውን ግዳማውን ኩነታት ብራኸ ስልጣንኡ ንድሕሪት እዩ ተመሊሱ። ብፍላይ ኣብ መወዳእታ 11ን ኣብ መፈለምታ 12 ክፍለ ዘመን ዝነበረ መዋእል ስልጣነ ተጋሩ ናብ ወሎ፣ ኣገው፣ ላስታን ጎንደርን ዝኸደሉ ኩነታት እዩ ተፈጢሩ።

ይኹን እምበር ህዝቢ ትግራይ ብዝተፈላለዩ ባዕላውን ግዳማውን ፀገማት ንድሕሪት እንተተመለሰ እውን ነቲ በፂሕዎ ዝነበረ ጠርዚ ስልጣነ ንምምላስ ዝዓረፈሉ ግዜ ኣይነበረን። ኩሉ ግዜ ኣብ ቃልስን መኸተን ዝነብር ህዝቢ እዩ። ድሕሪ ምውዳቕ ስልጣነ ኣክሱም እውን እንተኾነ እናወደቐ እናተልዓለ ዝመፀ ህዝቢ እዩ። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ህዝቢ ትግራይ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ሒዝዎም ዝመፀ ናይ ባዕሉ ክብርታት ታሪኻት ዘለዎ ህዝቢ እዩ። እዚ ህዝቢ እዚ እቲ ቀንዲ ዝልለየሉ ናይማቱ ኣይደልን፣ ናይ ባዕሉ እውን ኣሕሊፉ ኣይህብን። ካብዚ ብተወሳኺ ንኻልኦት ህዝብታት ክንብጥ ኣይደልን፣ ንባዕሉ እውን ክጉበጥ ኣይደልን። ኩሉ ግዜ ንማዕርነት፣ ፍትሒ ርትዕን ዲሞክራሲን ዝቃለስ ህዝቢ እዩ። ኣብ ዓርሰ ምርኮስኡን ፀጋታቱን ተመስሪቱ ክሓልፈሉ ክልወጥ ዝፅዕር ህዝቢ እዩ። ንኻልኦት ህዝብታት እውን ወፅዓ፣ ደርባዊ መግዛእቲ ዘይምነ፣ ሓቂ ሒዙ ክኸይድ ዝደሊ እዩ። እዞም ክብርታት እዚኣቶም ካብ ዓርሱ ሓሊፎም ንኻልኦት ህዝብታት እውን ዝረብሑ እዮም። እዚ ህዝቢ እዚ ታሪኹ፣ እናዓቀበ ብኹሉ ዓይነት ክፀቐጥዎ ንዝመፁ ሓይልታት ድማ እናመከተ ዝመፀ ህዝቢ እዩ።

ነዚ መርኣዩ ዝኾነና ኣፍሪካዊ ጀነራል ራእሲ ኣሉላ ኣባ ነጋ፣ ይኾኑ ሃፀይ ዮሃንስ ኣንፃር ካብ ውሽጢን ካብ ደገን ንዝመፁ ወረርቲ “ወፍሪ እምቢታ” የካይዱ ነይሮም። ብተመሳሳሊ ብላታ ሃይለማርያም ዝመርሕዎ ቀዳማይ ወያነ እውን “እምቢ ንወፅዓ፣ እምቢ ንመፅቐጥቲ” ዝብል እዩ ነይሩ። እዚ ወፍሪ እምቢታ እዚ ኣይንፅቐጥን፣ ኣይንግዛእን ንኽብርናን ንመንነትናን ኣሕሊፍና ኣይንህብን እዩ ነይሩ። እዞም ሕቶታት እዚኦም ናይ መሰል፣ ዲሞክራሲን ልምዓትን ሕቶታት እዮም ነይሮም። ብተመሳሳሊ ኣብቲ ብብርኪ ሃገር ኣብ 1966 ዓ/ም ዝተኻየደ ዓመፅ ተምሃሮ ዩኒቨርሲቲ እውን ናብ ህዝቢ እናወረደ፣ ወፍሪ እምቢታ እናኾነ ምስ ከደ ኣብዚ እውን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ቅድሚት እዩ ተሰሊፉ። ኣብ ስርዓት ሃ/ስላሴ ይኹን ደርጊ ኩሉ ዓይነት ናይ ሰላማዊ ቃልሲ መፍትሕታት ምስ ተሰኣኑ ዕጥቃዊ ቃልሲ ከም መማረፂ ዝወሰደሉ ወፍሪ እምቢታ ንመርገፅቲ፣ ንመግዛእቲ ንደርባዊ ወፅዓን ኣካይዱ።

ኣብዚ ናይ ሐዚ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተኻየደ ፅንተታዊ ወራር እውን እዚ ህዝቢ እዚ ብሰላማዊ መንገዲ ክውዳእ ተማሕፂኑ፣ ሕገ-መንግስታዊ ስርዓት ይከበር ኢሉ፣ ብዝተፈላለዩ ሰላማዊ ሰልፍታት ድምፁ ኣስሚዑ። ይኹን እምበር “ከም ዘርኢ ክነጥፈኣካ፣ ክንረግፀካን ክንንብጦካን ኢና” ምስበልዎ ተምበርካኻይነት ዘይናቱ ዘይታሪኹ ስለዝኾነ “እምቢ” ኣይምብርከኽን ኢሉ ንብሄራዊ ክብሩን መንነቱን ክብል ናብ መኸተ ኣትዩ። እቲ ድሕሪ መበል 14 ውድባ ጉባኤ ዝተኻየደ መድረኽ እምቢታ እውን ብተመሳሳሊ ምስ ክብርታትን ታሪኽን ህዝቢ ትግራይ ኣተኣሳሲርካ ዝረአ እዩ ዝኸውን። ሐዚ ዝተፈጠረ ሓዱሽ ነገር ኣይኮነን።

ድሕሪ ስምምዕ ውዕሊ ፕሪቶርያ እንተኾነ እውን ክንጎብጠካ፣ ክነጥፈኣካ ዋላ እንተበልዎ ብሰላማውን ፖለቲካውን መንገዲ ይቃለሶም ኣሎ። ኣብዚ ሰለማውን ፖለቲካውን ቃልሲ እዚ ኣብ ውሽጢ ውድብ ህወሓት ካብቶም ዝሓለፉ መድረኻት ቃልሲ ብዓይነቱን ብትሕዝትኡን ዝተፈለየ ሓደ ፅግዕተኛ ጉጅለ ተፈጢሩ። ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ብፀላእቲ ዝተፈፀመሉ ፅንተታዊ ወራር ከይኣክል ብከባብያውነት በታቲንካ ውልቀ መላኽነትካ እተረጋግፀሉ ኩነታት እናሰፍሐ መፂኡ። እዚ ሓይሊ እዚ ባህግታትን ጠለባትን ህዝቢ ትግራይ ዘይምልስ ንኹሎም ዲሞክራሲያዊ መንገድታት ዓፅዩ ብሓይሊ ከምበርክኽካ፣ ዝደሊ እዩ። እዚ ሓይሊ እዚ ካብቲ ብምንቅስቓስ ሓፋሽ ህዝብናን ኣባልናን ብብዙሕ ቃልሲ ዝተኻየደ መበል 14 ጉባኤ ድሕነት ኣጫህዩ ዝወፀ ሓይሊ እዩ። ንኹሎም ዲሞክራሲያዊ መሰላት ዓፊኑ ብሄራዊ ክሕደት፣ ጥልመት ፈፂሙ። ብሄራዊ ልኡኹ ስለዘይፈፀመ “ኣመዓራሪ” ክበሃል እንተሎ ድማ “ኣነ ዝበልክኹም ስምዑ” ዝብል ምልክነት መፂኡ። በዚ ድማ ክብርታትን ታሪኻትን ህዝቢ ትግራይ ሃደሽደሽ ኣቢሉ ሓደጋ ብሄራዊ ሓድነትና እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ይኹን እምበር ኩሉ ክርደኦ ዘለዎ ጉዳይ ጠሊምካ፣ ኣምበርኪኽካን መሊኽካን ኣብ ስልጣን ክትፀንሕ ምድላይ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ኣይሰርሕን።

ብመሰረት እዚ እቲ ናይ ሐዚ ወፍሪ እምቢታ ንብሄራዊ ክሕደት፣ ንምልክን ብተናን ኣይንቕበልን እዩ መልእኽቱ። ህዝቢ ትግራይ መሊኽካ፣ ኣምበርኪኽካ በቲንካ ዝግዛእ ህዝቢ ኣይኮነን። ስለዚ እምቢታ ዝብሎ ዘሎ ንብሄራዊ ኽሕደት ንምልኪን ንብተናን እዩ። ከም ህዝቢ ኣይትቕፀልን ንዝብልዎ ኣካላት ግን ትማሊ ኣይተቐበሎ፣ ሎሚ ኣይቕበሎ ፅባሕ እውን ኣይቕበሎን። እምቢትኡ ከም ህዝቢ ይኹን ከም ውድብ ክቕፅል እዩ። ከም ህዝቢ “ኣብ ልዕሊኻ ወፂእና ንጉሳውያን ኮይንና ገበርቲ ሓደግቲ ኮይና ክንቅፅል ኢና” ንዝብሉ ከምዘይኾነሎም እዩ ድምፂ እምቢታ ዘስምዕ ዘሎ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ተፈጢሩ ዘሎ ኣፈላላይ ብሓደ ገፅ ንብሄራዊ ህልውና ኣብ ሓደጋ ዘእትው ዝጠለመ፣ ህዝቢ ትግራይ ክብትን ዝተዳለወ ፅግዕተኛ ጉጅለ ኣሎ። ብካሊእ ገፅ ድማ ህዝቢ ትግራይ ብውድቡ ህወሓት እናተመርሐ ሓድነትን ክብርታትን ህዝቢ ክቕፅል ዝደሊ፣ ሓይሊ ኣሎ። እዚ ኣፈላላይ እዚ ሱቕ ኢሉ ዝመፀ ዘይኮነ ድሕሪ ስምምዕ ፕሪቶርያ ብፍላይ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤ ምስተኻየደ እቲ ጥልመት ብከባብያውነት ብዔሌት እናስፍሐ ዝመፀ እዩ።

ስለዚ እዚ ወፍሪ እምቢታ ብትሕዝትኡ ዋላ እኳ ሓዱሽ ነገር እንተዘይኮነ ሓፈሻዊ ብናይ ህዝቢ

ናብ ገፅ 10 ይውር



ኩሎም ዓቕምታትና ንምርግጋፅ ግዝኣታዊ ሓድነትናን ህላወናን!!

ኣብ ሓደ ቆፎ..... ካብ ገፅ 9 ዝዞረ

ዓርሞሸሻዊ ምንቅስቓስ ብወፍሪ እምቢታ እዚ ፅግዕተኛ ጉጅለ ብሰፊሕ ናይ ህዝቢ ማዕበላዊ ምንቕናቕ ካብ ዝሓዞ ስልጣን ክወርድ ክኽእል ኣለዎ። “ክወርድ ኣለዎ” ክበሃል እንከሎ በቢ መድረኹ ምስ ህዝቢ ኣብ ዝተኻየዱ ዋዕላታት እቲ ህዝቢ ኣቐዲሙ ነቲ ፅግዕተኛ ጉጅለ ኣለልዩ ክሕደት ይፍፅም ከምዘሎ ተገንዚቡ ህወሓት ክገብሮ ኣብ ዘለዎ እናመዓደ መፂኡ እዩ። ህዝቢ ካብ ዘቐጥዑ ምኽንያታት እቲ ሓደ እዚ ፅግዕተኛ ዝበስበሰ ሓይሊ እዚ ብብዙሕ መስዋእቲ ዝተማረኹ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ሰፍ ዘይብል ፅንተት ዝፈፀሙ ወታደራት ምስ መረዳእቶኦም ብነፃ ብምልቃቑ እዩ። ካልኣይ ዝተመዛበሉ ወገናትና ውሑስ ሰላምን ፀጥታን ብዘለዎ መንገዲ ናብ መረበቶም ይመለሱ ክበሃል እንከሎ ድማ ንህወሓት “ኩናት ትደልዩ ኣለኹም” እዩ ተባሂሉ። ህዝቢ ትግራይ ኣብ ልዕሊኡ ጥልመት ይፍፀም ከምዘሎ እናሓበረ፣ ቑጠዕኡ በቢመድረኹ እናገለፀ መፂኡ እዩ። ስለዝኾነ ድማ እዚ ወፍሪ እምቢታ ውሳነ ሓሳብ ህዝብን ኣባልን መሰረት ገይሩ ዝካየድ ዘሎ ወፍሪ እዩ።

***ወይን፡- ውድብ ህወሓት ዝተማለአ ሕውየት ንምርግጋፅ ዝጀመሮ ቃልሲ ተጠናኺሩ ንምቕፃል ዝተትሓዙ ቀፀልቲ ኣንፈታት እንታይ እዮም? ህዝቢ ትግራይ ካብዚ ኣይትዎ ዘሎ መንቀራቕሮ ንምውፃእ ከም ውድብ እንታይ ይስራሕ ኣሎ? ውፅኢቱ ኸ?***

***ተጋዳላይ እያሱ፡-*** በቢከባቢኡ፣ ውዳብኡ ኣብ ዝተኻየዱ መድረኻት ኣብ ወፍሪ እምቢታ ግልፅነት ተፈጢሩ ኣሎ። ሐዚ እቲ ቃልሲ ናብ ዝለዓለ ብርኪ ይሰጋገር ኣሎ። እዚ ክብርታትን ታሪኽ ህዝቢ ትግራይ ክበታትን፣ ክመልኽ ዝደሊ ዘሎ ሓይሊ ብናይ ሓፋሽ ሰላማውን ዲሞክራሲያውን መንገዲ ካብ ዝሓዞ ምልካዊ ስልጣን ክእለ ክኽእል ኣለዎ። እቲ ዝተውሃቦ ብሄራዊ ልኡኽ ዘይፍፅም ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ተሰግሲጉ ዘሎ ሓይሊ ብሰላማዊ መንገዲ ክለዓል ኣለዎ። ምኽንያቱ ካብቶም ዝተውሃቡዎ ልኡኻት ዝተማዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ፣ በተን ካብ ፅንተት ዝተረፉ ዓቕምታትና ኣኪብና ዳግመ ሕውየት ህንፀት ህዝቢ ትግራይ ክረጋገፅ፣ መስርሕ ተሓታትነት ክህሉ፣ ውሑስ ሰላምን ፀጥታን ክህሉ ብቐዳምነት ክስራሕ እዩ። ነዚኣንን ካልኦት ኣብቲ ስምምዕነት ዝተቐመጣ ነጥብታትን ክሳብ ዘየተግበረ ካብ ዝሓዞ ስልጣን ክእለ እዩ ዘለዎ። ብኣንፃሩ ኣብቲ ቦታ ነዚኣን ዘፈፅም መሓውር ምምሕዳር ክቐመጥ ኣለዎ።

ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ውሽጢ ውድብ ሰፊሕ ናይ ሪፎርም ስራሕቲ ንምስራሕ መደብ ተታሒዙ ኣሎ። ነዚ ድማ ኣብ ቁጠባ፣ ማሕበራዊን ፖለቲካዊ፣ መዳያት መፃኢት ትግራይ ክትኮኖ መሰረት ኣብ ዝገበሩ ጉዳያት ሰፋሕቲ መፅናዕታት ይካየድ እዩ ዘሎ። ነዚ ተግባራዊ ንምግባር ዘኽእሉ ኣብ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤ መሰረታዊ ኣንፈታት ተቐሚጦም እዮም። ሐዚ ዘድሊ ቁመና ናይቲ ውድብ ምትዕርራይ፣ ብሄራዊ ህልውናን ድሕንነትን ህዝብና ምርግጋፅ፣ ልኣላውነትና ክኽበር፣ ዝተማዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ክምለስ ምግባር እዩ። ነዚ ንምትግባር ድማ ዓቕምታትና ውዲብና ብምንቅስቓስ ዳግመ ሕውየትን ህንፀትን ምርግጋፅ እዩ። እዚኦም ኩሎም ኣብ ሓንቲ ፀሓይ ዝፍፀሙ ዘይኮኑስ ኣብ ሓፂርን ብነዊሕ እዋን መፅናዕትታት ብምክያድ ዝፈትሑን እዮም ዝኾኑ። ብሓፈሻ ድሕሪ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤን መድረኻት ወፍሪ እምቢታን ኣብ ኣባልና፣ ህዝብና ተፈጢሮም ዝነበሩ ምድንጋራት እናተቐረፉ እዮም። ሕልሚ እዚ ፅግዕተኛ ሓይሊ ሰራዊት ትግራይ ክብተን፣ ሓይሊ ፌደራል ናብ ትግራይ ክኣትው እዩ ዝፅውዕ ዘሎ።

ነዚ ድማ ህዝቢ ካብ ደንገርገር ወፂኡ ብድሕረትን ከባቢያውነትን መን ከም ዝተሸመመ፣ ብሄራዊ ረብሓ ህዝቢ ትግራይ መን ኣሕሊፉ ይህብ ከምዘሎ እናተገንዘቦ መፂኡ ኣሎ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ኣብያተ ምኽሪ ዝለዓለ ስልጣንን ሓላፍነትን ዘለወን ትካላት ከምዝኾናን በሃበ ተረኺበ ክፈርሳ ከምዘይኽእላን ኣብ ኣረኣእያ ዝተመስረተ ግልፅነት ተፈጢሩ ይቃለስ እዩ ዘሎ። ሐዚ ጠለብ ህዝቢ ኮይኑ ዘሎ መሓውር ስልጣን ግዝያዊ ምምሕዳር ቀልጢፉ ተመዓራርዩ ናብ ስራሕ ክኣትው፣ እዩ ዝፅውዕ ዘሎ። እዚ ማለት ግን ቐፃሊ ፃዕርን ምንቅስቓስን ኣየድልን ማለት ኣይኮነን። ብቐፃሊ እውን ዝተመዛበለ ህዝብና ናብ መረበቱ ቀልጢፉ ክምለስ፣ ሰላምን ፀጥታን ትግራይ ውሑስ ሰላማውን ዲሞክራሲያውን ዝኾነ ቃልሲ ዝሓትት እዩ። ብሓፈሻ ግን እቶም ዝተኻየዱ መድረኻት ወፍሪ እምቢታ ከም ህዝቢ፣ ከም ኣባላት ውድብ ከመይ ሓደ ኮይንካ ከም ትቃለስ ኣንፈት ዘትሓዙ እዮም ነይሮም ምባል ዘኽእለና እዩ።

ኣብዚ ከም መርኣዩ ክውሰድ ዝኽእል ሰበብ ስምምዕ ፕሪቶርያ እቲ ክልላዊ ቤት ምኽሪ መን ከምዘፍረሶ ከይተፈለጠ ክፈርስ ተገይሩ እዩ። ንኡ ስዒቡ ኣብ ወረዳታት፣ ከተማታትን ጣብያታትን ዘለዋ ኣብያተ ምኽሪ ናይ ፍራስ ዕማም ተታሒዙ ምንቅስቓ ተጀሚሩ ነይሩ እዩ። ይኹን እምበር ህዝቢ ኣብያተ ምኽሪ ሕገ-መንግስታዊ መሰለን ይጠሓስ ከምዘሎ፣ ተገንዚቡ ቃልሲ ይገብር ኣሎ። “ህዝቢ እዩ ስልጣን ዝህብ ኣብያተ ምኽሪ ክፈርሳ የብለንን” ክብል እንከሎ ድማ ብማዕኸናት መራኸብቲ ሓፋሽ “መንእሰይ ትልዓል፣ ህውከት ዕግርግር ፍጠር” እናተብሃለ ፃውዒት ይቐርበሉ ነይሩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ኩሎም እቶም ናይ መኸተ ዓቅምታት ይውደቡ ኣለው። ህዝቢ ከም ህዝቢ ብሄራዊ ህልውንኡን ድሕንነቱን ንምርግጋፅ ፃዕሪ የርኢ ኣሎ። ናይ መኸተ ዓቕሚ ዝኾነ ሰራዊት ትግራይ እውን ረብሓን ድሕንነትን ህዝቢ ትግራይ ኣሕሊፉ ከምዘይህብ የርኢ ኣሎ። እዚኦም ናብ ሓደ ኣረኣእያ ይመፁ ምህላዎም ዘርእየና እዩ።

***ወይን፡- ኣብዚ መድረኽ ቃልሲ እምቢታን መበል 50 ዓመት ወርቂ እዮቤልዮ 11 ለካቲትን ኣመልኪትካ ንኣባላት ውድብ ህወሓት፣ ንመላእ ህዝቢ ትግራይን ደገፍቲ ህወሓትን እተመሓላልፎ መልእኽቲ እንተሊኡ?***

***ተጋዳላይ እያሱ፡-*** ውድብ ህወሓት ብዙሓት ፈተንቲ ምዕራፋት እናበደሀ ናብ መበል 50 ዓመት ወርቂ እዮቤልዮ 11 ለካቲት በፂሑ ኣሎ። ኩሉ ግዜ ደመኛታት ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ብሄራዊ መንነቱ ንምጥፋእ በቢምዕራፉ እናተባረዩ ይገጥምዎ እዮም። ይኹን እምበር እዚ ህዝቢ እዚ ምስታ ካብ ኣብራኹ ዝፈጠራ ውድብ ህወሓት ኮይኑ ንኹሎም ፈተናታት ብፅንዓትን ተወፋይነትን እናሰገረ ድሮ መበል 50 ዓመት ምዕራፉት ቃልስን ፅንዓትን ከኽብር ይቀራረብ ኣሎ። ብቑፅሩ ውሑድ ህዝቢ ኮይኑ እውን ኣብ ብሄራዊ ሓድነቱ መንነቱ ዘይደራደር ህዝቢ እዩ። ዝሓለፉ 50 ዓመታት ናይ ፈተናታት፣ ፅንዓትን ዓወትን ዓመታት እዮም ነይሮም። ሐዚ እውን ውድብ ህወሓት መበል 50 ዓመት በዓል ለካቲት እንትኽበር ኣብ ዝተመቻቸወ ኩነታት ኮይኑ ኣይኮነን። ከቢድ ፈተና ገጢምዎ ዋላ እኳ እንተሃለወ ሎሚ እውን ከም ቀደሙ ህዝቡ፣ ኣባሉ ሒዙ “እምቢ ንብሄራዊ ክሕደት፣ ምልክን ብተናን ኢሉ ተቓሊሱ ከም ዝሰግሮ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ህዝቢ ትግራይ ኣብቶም ዝሓለፉ 50 ዓመታት ንውድቡ ህወሓት መንገፍ ዓይና እናወፀአ፣ ዝጎደለ እናኣረመ፣ ዝድገፍ እናገደፈ ዝመፀ፣ ደጋፊ ዘይኮነስ በዓል ዋና እታ ውድብ ዝኾነ ህዝቢ እዩ። ሐዚ እውን ውድብ ህወሓት ናይ ህልውና ፈተና ገጢሙዎ ኣሎ። ከምቲ ልሙድ ናብ በዓል ዋናኣ ዝኾነ ህዝቢ፣ ኣባልን ካድረን ወሪዳ ሰፋሕቲ መድረኻት ጉባኤ ኣካይዳ ኣብዚ ሐዚ እዋን መንገዲ ሕውየትን ህልውናን ሒዛ ኣላ። መሊኣ ካብቲ ዝኣተወቶ ፈተና ክትወፅእ ድማ ሓፋሽ ህዝብና ኣባልናን ደጋፊናን ሎሚ እውን ከም ቀደምካ ኣብ ሓቀኛ መስመር ውድብካ ህወሓት ዕሰል ክብል ይደሊ።

ሎሚ እውን ከም ቀደምና ኣብ መበል 50 ዓመት ወርቂ እዮቤልዮ 11 ለካቲት ኮይንና ሕድሪ ናይ ትማልን ሎምን ሰማእታት ከይጥለም ኣብ ጎኒ ህዝብናን ውድብናን ኮይንና ንዝመፀና ዝኾነ ዓይነት ፈተና ንምብዳህ ቃልና ክነሐድስ ይግባእ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ብዙሓት ጥልመታት ይረኣዩ ኣለው። ነዚ ጥልመት፣ ክሕደትን ብተናን እምቢ ኢልና ኣብቲ ዝተሰለፍናሉ ቅኑዕ ዕላማ ኮይንና ክንቃለስ ይግባእ።

እቲ ሐዚ ተፈጢሩ ዘሎ ኣፈላላይ እቲ ብጭቡጥ ዝረአ ዘሎ ንጉሱ ህዝቢ ትግራይ ዝገበረ፣ ንህልውና ንድሕነትን ህዝቡ ዝቃለስ ሓይልን ንጉሱ ዝቐየረ ጠላም ፅግዕተኛ ጉጅለን ዝፍለየሉ መድረኽ እዩ ዘሎ። ኣብዚ መዳይ እዚ ህዝቢ ትግራይ ጠላም ኣይፈትውን፣ በላዒ ክልተ ስጋ ምሒር እዩ ዝፀልእ። ብመሰረት እዚ ኣብ ሓደ ቆፎ ንህቢ ክልተ ንጉስ ንህቢ ክህሉ ስለዘይኽእል ነዚ ንጉሱ ዝቐየረ ፅግዕተኛ ሓይሊ ናብ ንጉሱ ክኸይድ ክፍለ እዩ ዘለዎ። ብመንፅር እዚ ኩሉ መሪሕነት፣ ኣባል ነዚ መላኺ፣ ጠላምን በታንን ሓይሊ ብሓደ ገፅ እናተቓለሰ ብኻልእ ገፅ ድማ በቢ ዝተዋፈረሎም ዓውደ ስራሕቲ ብቕንዕናን ተወፋይነትን ከገልግል ኣለዎ። ህዝቢ ትግራይ ካብ ዝኾነ ብላዕሊ ኩነታት ዝርድኦ ህዝቢ እዩ። እትኽእሎ ብሓቅን ቅንዕናን ክትሰርሐሉ ዝደሊ እምበር ልዕሊ ዓቕምኻ ዝሓትት ህዝቢ ኣይኮነን። ህዝቢ ትግራይ ዝፀልእ ጥልመትን ሽፈጥን እዩ። ነታ እትኽእላ ግን በታ ህዝቢ ዝደልያ ብሓቅን ቅንዕናን ንምግልጋል ቅድመ ግንባር ኮይኑ ክመርሕን ክሰርሕን ክኽእል ኣለዎ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ጉዕዞ 50 ዓመት ኣብ በዳህቲ ፈተናታት፣ ፅንዓትን ቃልስን ኣብ ዝሓትት መድረኽ ኣለና። ኣብዚ ቃልሲ እዚ ድማ ፈተናታት ጥራሕ ዘይኮኑ ዓወታት ዝተመዝገብሉ እዩ። ጀሚርናዮ ዘለና ቃልሲ ወፍሪ እምቢታ ናብ ዝለዓለ ምልኣተ ህዝቢ ዘነቓንቕን ቃልስና ናብ ዝለዓለ ብርኪ ዘሰጋግርን ስለዝኾነ በዓል ዋና እቲ ውድብ ዝኾነ ህዝብና ተጋደላይናን ኣባልናን ሕድሪ ስውኣቱ ተሓንጊጡ ናይቲ ሓፋሽ ምንቅስቓስ ቅድመ ግንባር ኮይኑ ዕላማታት 11 ለካቲት ንምዕዋት ክረባረብ፣ ንጠላማት እናኣለየ፣ ጉርድን ፅሩይ ምህርትን እናፈለየ ክኸይድ ፃውዒተይ የቕርብ።

***ወይን፡- ንዝሃብካና መብርሂ ብሽም ምስንዳእ ጋዜጣ ወይን ክነመስግን ንፎቱ የቐንየልና።***

***ተጋዳላይ እያሱ፡-*** ኣብ ዕላማታት 11 ለካቲት ዝተፈጠረት ጋዜጣ ወይን ልሳን ህዝቢ ትግራይን ህወሓትን ኮይና ትቕፅል ብምህላዋን ኣብ ፅንኩር ኩነታት ኮይና እውን ንእትገብሮ ዘላ ቃልሲ ይንእድ። ካብቲ ዘላቶ ዓብያን ዓንቢባን ክሪኣ ድማ ሰናይ ትምኒተይ እዩ። የቐንየለይ!

ፈውስን...ካብ ገፅመ 12 ዝዞረ

ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ነዞም ፀገማት ንምፍታሕ ምስ ምሓዉሩን ዝተፈላለዩ መዳርግቲ ኣካላትን ዝተዋደደ ስራሕ ኣብ ምስራሕ እዩ ዝርከብ። ንኣብነት፣ ምስ ኤጀንሲ ንግዲን ሰደድንከምኡ እውን ምስ ቢሮ ትልምን ፋይናንስን ብምኺን ዝተጀመሩ ፅቡቓት ስራሕቲ ኣለዉ። ኤጀንሲ ንግድን ሰደድንትግራይ ብቕዓት ዘይብሉ ኣካል ኣብዘን መደብራት ኣብያተ መድሓኒት እንትርከብ ስራሕቲምቁፅፃር ኣብ ምክያድ፣ ቢሮ ትልምን ፋይናንስ እውን ሕጋዊ ኣሰራርሓ ዕዳጋ ብምውፃእ ብቕዓት ዘለዎም ኣካላት ጥራሕ ስራሕቲ ንግዲ ከሳልጡ ዘኽእል ቁፅፅር ተጀሚሩ ከምዘሎ ይገልፁ። ካብዚ ብተወሳኺ ከም ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይ ሕጋውነት ኬሚካላትን መድሓኒታትን ኣብ ምቁፅፃር፣ ዝተበተኑ ኬሚካላት ኣብ ምእካብን ምሓዝን ዝተጀመሩ ስራሕትታት ኣለዉ። ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዘለዉ ኪኢላታት ንባዕሎም ካብ ሓደጋ ተኸላኺሎም ጥዕና ሕብረተሰብ እውን ክከላኸሉ ዘግበርዓቕምን ግንዛበን ናይ ምዕባይ ስራሕ እውን ብፅቡቕዝግለፅ እዩ። ብተመሳሳሊ ካብ ደገ ዝኣተዉ፣ ኣብ ጥቕሚ ዝወዓሉዘይወዓሉንዝርዝር መረዳእታ ብምሓዝ እናፈተሸካ ንምኻድ ይስራሕ ከምዘለዉን እዚ ድማ ተጠናኺሩ ከምዝቕፅልን ኣይተ ታደሰ ይገልፁ።

ብድምር ምጥቃም ኩለመዳይ ዘመናዊ እታዎታት ሕርሻ ኣብ ምስሳን ፍርያት፣ ፅርየት፣ ድሕንነትን ውፅኢታውነትን ምህርቲ ዝለዓለ ስለዘለዎም ክንጥቀሞም ግድን እዩ። ይኹን እምበር ኣብ ኣጠቓቕማ ኬሚካላትን መድሓኒታትን ዝርአዩ ጉድለታት ኣብ ስርዓት ጥዕና ሕብረተሰብ ዘስዕብዎም ሓደጋታት ብኡኡ ልክዕ ዝለዓለ ይኸውን። መድሓኒት ኣብ ጥቕሚ እንትውዕል ብጥንቃቐን ብኣግባቡን እንተዘይተተግቢሩ ድማ መርዚ እዩ። ስለዚ ሓረስታይ ዝጥቀመሎም እታዎታት ሕርሻ ብበዓል ሞያ ዝተኣዘዘ ኬሚካል፣ ሕጋውነት ካብ ዘለዎ ኣካል መድሓኒት ክዕድግን ብኣግባቡ ክጥቀምንኣለዎ።

ብተወሳኺ ድማ መድሓኒት ዝተውሃቦም እንስሳት ወይ ኬሚካል ዝተነፀገሎም ዝራእቲ ድሕሪ ክንደይ መዓልቲ ናብ ዕዳጋን ጥቕምን ክውዕሉ ከምዝግባእ ብንፁር ካብ ሰብ ሞያ መብርሂ ክሓትትን ከተግብርን ይግባእ። ካብዚ ብተወሳኺ ብዝኾነ ይኹን መንገዲ ህፃናት መድሓኒትን ኬሚካልን ክሕዙን ክሸጡን ፍፁም ኣይግባእን። ሕብረተሰብ ዘይሕጋዊ ስራሕ እናተሰርሐ እንትርኢ ድማ ኣብ ቀረብኡ ናብ ዘለዉ ኣካላት ቁፅፅርን ትካላት ሕግን ክፍልጥኣለዎ። እዚኦም ብምግባር መፍረያይነት ሕርሻ ኣብ ምውሳኽ፣ ሓረስታይና ጥዕና ባዕሉን ሕብረተሰቡን ኣብ ምሕላው እጃሙ ከበርክት ብኡ ኣቢሉ ድማ ቁጠባዊ ዓቕሙ ብምዕባይ ተረባሒ ክኸውን ኣብ ምግባር ዝለዓለ ስራሕ ምስራሕ የድልን ይግባእን።

## ቴምትስ ፈጠራ ዕድል ስራሕ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ቴክኒክን ሞያን ትምህርትን ስልጠናን ፈጠራ ዕድል ስራሕ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ትኹረት ዝሰኣነት ኮሌጅ

ክእለትን ሞያን ዘለዎ ሓይሊ ሰብ ምፍራይ ንቁጠባዊ፣ ፖለቲካውን ማሕበራውን ዕብየትን ግስጋሰን ሓንቲ ዓዲ ወሰኒ እዩ። ብሞያን ክእለትን ሰልጢኑ ዝበቕዐን ስራሕ ዕድል ዝፈጠረን መንእሰይ ምፍጣር ጥራሕ ዘይኮነስ ሞያን ክእለትን መሰረት መፃኢ ዕድልን ጎደና ዕብየትን ምኻኑ ኣብ ብዙሓት መናእሰይ ትግራይ ዝተረኣየ ጭቡጥ ሳይንሳውን ቴክኒካውን ሓቂ እዩ። በዚ ድማ መንእሰይ ትግራይ ብሳይንሳዊ መንገዲ ሞያን ክእለትን ዝፈጥሮ ሞያዊ ሃፍቲ ወኒኑ ማሕበራዊ መነባብርኡ ክልውጥን ዕቤት ቁጠባ ዓዱ ንከረጋግፅን ብፖሊስን ስትራተጅን ዝምራሓ ኮሌጃት ማእኸል ትምህርቲ፣ ስልጠና፣ ቴክኒክን ሞያን ምህናፅ ወሳኒ እዩ።



ዲን ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ ትግራይ መምህር ሚኪኤለ ሃ/ስላሰ

ብመሰረት እዚ ኣብ ትግራይ ካብ ዝተሃነፃ ኮሌጃት ማእኸል ትምህርቲ፣ ስልጠና፣ ቴክኒክን ሞያን ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ ትግራይ ሓንቲ እያ። ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ ትግራይ ብ2011 ዓ.ም ብምትሕብባር ትካል ገባሪ ሰናይ ኮርያ (ኮይካ) ኣብ ከተማ መቐለ ዝተመስረተት መንግስታዊ ኮሌጅ እያ። ኣብ ትግራይ ካብ ዘለዋ መንግስታዊ ኮሌጃት ማእኸል መሰልጠኒ ትምህርቲ፣ ስልጠና፣ ቴክኒክን ሞያን መረጋገፂ ብቕዓት፣ መርኣያ ሞያዊ ክእለትን ኣተሓሳስባን ንምዃንን ተወዳዳሪ ሓይሊ ሰብ ንምፍራይን ዓሊማ ዝተመስረተት ኮሌጅ እያ። እታ ኮሌጅ ዝሓዘቶ ዕላማ ንምትግባር ዝተማልአ ናውቲ መሰልጠንን ብቑዓት መምህራንን ብምድላው 37 ተምሃሮ ኣመዝጊባ ኣብ 2011ዓ.ም ከይዲ ትምህርትን ስልጠናን ጀሚራ። ኣብ ዘበነ ትምህርቲ 2012 ዓ.ም ድማ 152 ሰልጠንቲ ተምሃሮ ተቐቢላ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ቀፂላ።

ይኹን ደኣምበር ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ፅንተታዊ ኲናት ንተኸታታሊ ሰለስተ ዓመት ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ኣቋሪፁን ዓንዩን ከም ዝፀንሐ ዲን ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ ትግራይ መምህር ሚኪኤለ ሃይለስላሰ ይገልፁ። በዚ እውን እቶም ዝበዝሑ ተምሃሮ ስልጠነኦም ኣቋሪፆምን ተበታቲኖምን ከም ዝነበሩን ኣብ 2016 ዓ.ም ድማ እታ ኮሌጅ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ምስ ጀመረት ልዕሊ 50 ዝኾኑ ተምሃሮ ሒዛ ስልጠና ክትቕፅል ጀሚራ። ኣብ ወርሒ ሕዳር 2017 ዓ.ም ብሞያ ስነ ህንፃ፣ ኤሌክትሮኒክስ፣ ቕዲ ፋሽን ዲዛይን፣ ስራሕቲ ብየዳን መካኒክን ዝሰልጠኑ 18 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 40 ተምሃሮ ንፈለማ እዋን ኣመሪቓ። ካብዚ ብተወሳኺ ብሓፀርቲ ስልጠናታት እውን 2,163 ደቂ ኣንስትዮ ዘለዎኦም 4,080 ተምሃሮ ብሞያ ምድላው ምግቢ፣ ሞባይል ፅገናን ብኮምፒዩተር (ኢንፎርሜሽን ኮሙኒካሽን) ሳይንስን ካልኦት ናይ ኢንተርፕረነርሽፕ ስራሕትን ኣሰልጢና ኣመሪቓ እያ ካብቶም ዘመረቐቶም ተምሃሮ ድማ ብብቕዓቶምን ሞየኦምን ኣብ ዓበይቲ ፋብሪካታት ስራሕ ዝተቖፀሩን እዮም።

ኣብ ዘበነ ትምህርቲ 2017 ዓ.ም 350 ተምሃሮ ንምስልጣን ትልሚ ዝሓዘት እንትትኸውን ዛጊድ 45 ሓደሽትን 10 ነባራትን ተምሃሮን ኣመዝጊባ ምምሃር ምስትምሃር ንክትጅምር ኣብ ምድላዉ ትርከብ። እዞም ተምሃሮ ክሳብ ብርኪ ሓሙሽተ ዝሰልጥኑ እንትኾኑ ካብቶም ቕድሚ ሐዚ ዝወሃቡ ዝነበሩ ሞያዊ ስልጠናታት ብተወሳኺ ኣብ ቀፃሊ ሞያታት ምቕላምን ቅርፂ ምውፃእን ጀሶ፣ መጠራቕሚ ማይ (ሮቶ) ምስራሕን ኢፖክስን (ብኬሚካል ሴራሚክ) ምስራሕ ካልኦት ሞያታትን ንምስልጣንን መደብ ሒዛ ትርከብ። ይኹን እምበር እታ ኮሌጅ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክንድቲ ዝድለ ብዝግባእ ተምሃሮ ንከይተሰልጥን ብዙሓት ማሕነቖታት ኣጋጢሞም እዮም። ብሰንኪ እቲ ወራር ፅንተት እቶም ዝዓነዉን ዝተወረሩን መሰልጠኒ ናውቲ ንምትካእን ንመካየዲ ስራሕን ዝውዕል ልዑል ሕፅረት ባጀት ብምህላዉ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ብዝግባእ ንከሳለጥ ዕንቅፋት ኮይኑ እዩ። ቅድሚ እቲ ኲናት ነታ ኮሌጅ ፍልፍል እቶት ከመንጩን ሓምለዋይ ልምዓት ክህልዎን ተሓሲቡ ብልዕሊ ሓሙሽተ ምኢቲ ሽሕ ብር ወፃኢ ኣብ ውሽጢ ሓፁር እታ ኮሌጅ ዝነበረ ልምዓት ብምሕራሩ ካብኡ ክርከብ ዝግበኦ ዝነበረ እቶት ክሰኣን ክኢሉ እዩ።

ካልእ ኣብታ ኮሌጅ ክንድቲ ዝድለ በዝሒ ሰልጠንቲ ተምሃሮ ከይምዝገቡን ከይስልጥኑን ብኣሉታ ይፀልው ካብ ዘሎዉ ማሕንቖታት ሓደ ኣብ ቀረባ እዋን ዝተኸፈተት ብምኻና ተፈላጢት ዘይምኻናን እዩ። ከምኡ እውን ካብ ማእኸል ከተማ መቐለ ናብ ወሰን ላጪ ርሕቕ ዝበለት ብምኻና ንደለይቲ ስልጠና ክንድቲ ዝድለ ተበፃሒ ዘይምኻኑን ይገልፁ። እዚ ንምፍታሕ ድማ ዝተፈላለዩ ኣጋጣምታትን ተጠቂምካ ብመራኸብቲ ሓፋሽን ኣቢልካ ስራሕቲ ምልላይ ከም ዝስራሕ መምህር ምኪኤለ ይገልፁ። ከምኡ እውን ነቲ ዘሎ ማሕነቖ ባጀት ንምፍታሕን ፍልፍል ገንዘባዊ ሓገዛት ንምርካብን ምስ ዝተፈላለዩ ገበርቲ ሰናይ ትካላት ብምርድዳእ ሓገዛት ዝርኽበሉ ኩነታት ንምፍጣር እናሰርሐት ትርከብ። ብተመሳሳሊ እውን እቶም ዝስልጥኑ ተምሃሮ ድሕሪ ምረቓኦም ስእነት ስራሕ ንከየጋጥሞም ናብ ስራሕቲ ፈጠራ ዝተኣሳሰርሉ፣ ገንዘባዊ ልቓሕ ዝረኽብሉን ቁጠባዊ ዓቕሞም ዘጠናኽርሉን ምቹው ባይታ ንምፍጣር ዓሊማ ናይ ምብቃዕ ስራሕትን እውን ንክትሰርሕ ትልሚ ሒዛ ትርከብ። ንተግባራውነቱ ድማ ምስ ፋብሪካ ስሚንቶ መሰቦ፣ "ኢዲኣይ"፣ ዩኒቨርሲቲ ኣቼሽን ኢትዮጵያ ፣ ኮሌጅ ኦፍ ቴክኖሎጂ ኣሜሪካን፣ ኢንተርፕራየዝ ሆፕ፣ ኮይካ፣ ካልኦት ዘይመንግስታዊ ትካላትን ፕሮጀክታትን ብምምርድዳእ ቅድመን ድሕረን ባይታን እናሳለጠት እያ።

ብሓፈሻ ኮሌጅ ፖሊ ቴክኒክ ትግራይ ከይዲ ትምህርትን ስልጠናን ካብ ትጅምር ሓደ ዙር ኣሰልጢና ተምሃሮ እንተይ ኣመረቐት ከበድቲ ፈተናታት ዘጋጠማን ኣብዚ ሐዚ እዋን ስሩዕ ስርሓ ንምጅማር ዘኽእላ ባይታ ንምትዕርራይ ትፍትን ዘላ ኮሌጅ እያ። እንተኾነ ግን ነዚ ንምጥንኻር እታ ኮሌጅ ብዓርሰ ፃዕራ እትፍትኖም ምልዕዓላት እምበር ክሳብ ሐዚ ብመንግስቲ ኮነ ብካልእ ዝምልከቶ ኣካል ወሳኒ ትኹረትን እዙይ ዝበሃል ሓገዝን ኣይተገበረላን። ስለዝኾነ እዛ ኮሌጅ ሒዛቶ ዘላ ትልሚ ምጥንኻርን ምትእትታውን ሞያን ክእለትን መናእሰይ ብዝግባእ ንክበቕዕሉን ስራሕ ዕድል ክፈጥርሉን ሐዚ እውን እቶም ዘለዉ ማሕንቆታት ብመንግስትን ካልኦት መዳርግቲ ኣካላትን ክፍትሑን ሕብረተሰብ እውን ውላዱ ፍልጠትን ክእለትን ሒዙ ንኸብቅዕን ክሰርሕ ኣለዎ።

መስዋእቲ... ካብ ገፅ 15 ዝዞረ

ጉዳይ፣ ጀግና ወያናይ ኣስሮ ካብቲ ዕጥቃዊ ቃልሲ ጀሚሩ ክሳብ ሐዚ ብፈታውን ፀላእን ዝፍለጥ ታሪኽን ጅግንነትን እናፈፀመ ፀኒሑ ሐዚ ብምስውኡ ኢና ደጋጊምና ኣልዒልናዮ እምበር ጅግንነት ወየንትን ምልሻን ወጀራት ናይቲ ሓደ ገሊፅካ ናይቲ ካልእ ዘይግደፍ ከምውዱብ ሓይሊ ናይ ኩሉ ወያናይ ጅግንነት ዝተርኣየሉ ምኺኑ ተጋዳላይ ገዛኢ የረድእ።

ቅድሚ ምንቅስቓስ ፀላኢ ምልሻን ወያናይን ወጀራት 20 ዓዲ ኣብቲ ወረዳ ዝነበረ ዕጥቂ ብረት ይኹን ጥይት ዘድልዮ መሳርሒ ክሕዝ ተገይሩ እዩ። ካብቲ ክዕጠቕ ዝግበኦ ሓይሊ ሰብ ንላዕሊ ኮይኑ ዝተረፈ ዕጥቂ ከዓ "ፀላኢ ብኣጋጣሚ ኣትዩ ከይረኽቦ" ብዝብል ናብ ዕቑብ ዝኾነ ከባቢ ተወሲዱ እዩ። ድሕሪ እዚ ፀላኢ ኣብ ወርሒ ሕዳር 2013 ዓ/ም ናብ ወጀራት ዕስራ ዓዲ ክኣቱ እንተሎ ኩሉ ወያናይን ምልሻን ብፅንዓት ተኸላኺሉ መኪትዎ እዩ። ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ፀላኢ መብዛሕትኡ ናይቲ ወረዳ ከባቢ ምስ ተቖፃፀሮ ድማ ባንዳታት ስርሖም ጀሚሮም። ባንዳታት፣ "ደጊም ወያነ ጠፊኣ እያ፤ ስቕ ኢልኩም ተመለሱ" እንትብሉ ናይ ኩሉ ወያናይን ምልሻን ዝነበረ መልሲ ግና "ወያነ ማለት እኮ ንሕና ኢና" ብምባል ፈተኽ እንተይበለ ፀላእቱ እናተኸላኸለ፣ እናጥቀዐን እናደምሰሰን ከምዝፀነሐ ወያኒት ኣሰፉ መሸሻ ገሊፃትልና እያ።

ከምቲ ኣብ ኩሉ ትግራዋይ ዝበፅሐ መከራ ኣብ ህዝቢ ወጀራት ዕስራ ዓዲ እውን ፀላኢ ኣብቲ ዝሓለፈ ሸሞንተ ናይ ቃልስን ፅንዓትን ወርሒ (2013 ዓ.ም) ዝተፈላለየ ግፍዒ ፈፂሙ እዩ። ኣብነት፣ ኣብ ጣብያ ዓዲ ቀይሕ ሓደ ቀሽን ሓደ ዛቑናይን ዝርከብዎም 11 ንፁሃን ሰባት ቀቲሉ። ንሓንቲ ወላዲት እውን ጓል ሽዱሽተ ዓመት ውላዳ ሓዚላ እናሃለወት ምስ ውላዳ ቀቲልዋ እዩ። ካልእ ብበትሪ ገይርካ ንመናእሰይ ብጭካነ ምውቃዕን ምስቓይን መቑፀሪ የብሉን። ኣብ ሓደ መዓልቲ ጥራሕ ሓደ መንእሰይ ካብ ሓደ ወታደር ብረት ስለዝመንጠሎ ተባሂሉ 110 ዝኾኑ ብበትሪ ተቐጥቂጦም፤ ካብዚኦም እቶም ሸሞንተ ብኸቢድ ተጎዲኦም ናብ ሕክምና ከይዶም እዮም።

ካብዚ ብምብጋስ ኩሉ ምልሻን ወያናይን ወጀራት "ንፀላኢ ኢድካ ኣጣሚርካ ምፅባይ ኣይናይናይ" ኢሉ ዋላ እናጠመየን እናፀምአን ስኑ ነኺሱ ብሓቦ እናተቓለሰ ነዞም ወረርቲ መኪቱ በብግዚኡ ከም ቆፀሊ ኣርጊፍዎም እዩ። ከም "ሓይሊ ክልተ" ዝነበራ በዝሒ ሓይሊ ሰብ 148 ኮይኑ ፀላኢ 28 ሕዳር 2013 ዓ/ም ናብ ጣብያ ገንቲ እንትኣቱ ናብ ከባቢ 40 ዝኾኑ ምልሻ ነቲ ዝነበረ ጥምየትን ፃምእን ተፃዊሮም ብምኻድ ኣብኡ ምስዝፀንሑ ወየንትን ምልሻን ብሓባር ኮይኖም ብምውጋእ ዓብዩ መስተንክር ፈፂሞም እዮም። ሸሞንተ ታሕሳስ 2013 ዓ/ም እውን ብተመሳሳሊ ኣብ ጣብያ ገንቲ ከቢድ ውግእ ከምዘካየዱ ኣብቲ ኩነታት ካብ ጣብያታት ዓዲ ቀይሕ፣ ዓዲ መስኖ፣ ገንቲ ተውፃእቲኦም ከም ሓይሊ ንዝተወደቡ ወየንትን ምልሻን ዘተሓባብር ዝነበረ መራሒ ሓይሊ ክልተ ሐዚ ድማ ኣመሓዳሪ ጣብያ ዓዲ ቀይሕ ዝኾነ ወያናይ ሓየሎም በርሀ ገሊፁልና እዩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ብሽም ወፍሪ ስዩም መስፍንን ወፍሪ ኣሉላን ዓበይቲ ዓወታት ዝተመዝገበሎም ውግኣት ተኻይዶም እዮም። ብፍላይ 12 ሰነ 2013 ዓ/ም ወየንትን ምልሻን ሓይሊ ሓደን ሓይሊ ክልተን ምስተን ካልኦት ሓይልታት ናይቲ ወረዳ ብምዃን ብሽም ወፍሪ ኣሉላ "ፀሓፍቲ ሕለ" ኣብ ዝተብሃለ ቦታ ንሓደ መዓልቲ ዝተኻየደ ውግእ ፍልይ ዝበለ ድሙቕ ዓወት እዩ ተመዝጊቡ። ፀላኢ ካብ ቆቦ ተበጊሱ ኣብ ዓዲ ተኸላይ ኣዕሪፉ ምስ ፀነሐ ኣብ ሸውዓተ ሕጉም ይድሰቕ ንዝነበረ ሓይሊ ክሕግዝ ኢሉ እዩ ተንቀሳቒሱ። ነዚ እናፅንዑ ዝፀንሑ ወየንትን ምልሻን ወጀራት ዒስራ ዓዲ ድማ ኣድብዮም ብምፅናሕ ነቲ ተሃንዲዱ ዝመፀ ወራሪ ሓይሊ ብዝሓዝዎ ብረት ሲሞነፍ፣ ክላሽን ቅድሚኡ ዝማረኽዎ ብሬንን ስናይፐርን ገይሮም ክልተ "ዙ-23"፣ ሰለስተ መድፍዕ ካልኦት ፎኮስትን ማእኸለዎትን ኣፅዋር ንዝተዓጠቐ መበል 11 ክፍለ ሰራዊት መኪቶም ጭርኡ ደጒሉ ክሃድም ገይረምዎ። ከም ውፅኢቱ ድማ ኣብዚ ውግእ ልዕሊ 80 ወታሃደራት ፀላኢ ምውታት፣ 36 ቑሱላት፣ 18 ምሩኻት ኮይኖም እዮም። ሸሞንተ ብሬን፣ ሰለስተ ስናይፐር፣ ልዕሊ 34 ክላሽን፣ ሽዱሽተ ርክብ ሬድዮ ብምምራኽ እቲ ሽው ዝመፀ ሓይሊ ፀላኢ ምስ መራሒቱ ተደምሲሱ እዩ። እዚ ዓወት ኣብ ምምፃእ ብጣዕሚ ጀጋኑ ዝበሃሉ ከም እኒ ካሕሱ ተስፋይን

ናብ ገፅ 17 ይዘውር



**በዓል ዋና ታሪኽ ውድብና ሓፋሽ ህዝብና!!**

## ዓውደ ሕርሻ

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ፈውስን መርዝን - - - ድሕንነትን ሞትን!

ዘመናዊ ቴክኖሎጅን ኬሚካላትን ምትእትታውን ምጥቃምን ኣብ ምስሳን ፍርያት ሕርሻ ልዑል ኣበርክቶ ኣለዎም። ኣብ ምጥቃም ዘመናዊ "ማዳበርያን" ፀረ-ባልዕን ከምኡ እውን ንምህጣር እንስሳትን ምክልኻል ሕማማትን እንጥቀሞም ብርክት ዝበሉ ኬሚካላትን መድሓኒታትን ኣለዉ። እዞም ኬሚካላትን መድሓኒታትን ኣብ ጥቕሚ ዝውዕልሉ ቀንዲ ዕላማ ምህርትታት ሕርሻ ብፅርየቶም፣ ድሕንነቶምን ውፅኢታውነቶምን ብዝተሓለወ መንገዲ ሕብረተሰብ ንክጥቀመሎም እዩ። እዚ ማለት ምህርቲ ካብ ዝተፈላለዩ ምትሕውዋሳት ዝፀፈፈን ፅሬቱ ዝሓለወን ንምግባር፤ውፅኢት እንስሳት ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ወይ ሓደጋ ጥዕና ደቂ ሰባት ካብ ዝኾኑ ነገራት ነፃን ድሕንነቱ ዝተሓለወን ንምግባር ከምኡ እውን ውፅኢታውነት ምህርቲ ኣብ ምስሳን ብዝህልዎም ግደ ይዕቀኑ።

ንኣብነት፣ምህርቲ ዝራእቲ ንምስሳን ካብ እንጥቀሞም እታዎታት ሓደ ዘመናዊ ድኹዒ እዩ። ዓይነታት "ማዳበርያ""ዳፕ"ን "ዩርያ"ን ወይ "ቲኤስፒ" ዝበሃሉ እንትኾኑ ዝተፈላለዩ ደረጃታት ኣለውዎም። ከምኡ እውን ብመልክዕ ነፃጋ እንጥቀመሎም ዝተፈላለዩ ዓይነታት ኬሚካላትኣለዉ። እዞም ኬሚካላትኣብ ዝራእቲ ንዘጋጥሙ ባልዓትገሊኦም ብምቕታል ገሊኦም ድማ ቅድሚ ምኽሳቶም ብምክልኻል ምህርቲ ሕርሻ ኣብ ምድንፋዕን ፅርየቱ ኣብ ምሕላውን ልዑል ኣበርክቶ ዝገብሩ እዮም።ኣብ ሃፍቲ እንስሳ እውን ቀለብ እንስሳ ፅሬቱን ድሕንነቱን ብዝሓለወ መጠንን ዓቐንን ንእንስሳት ክወሃቡ ዕላማ ገይሮም ኣብ ጥቕሚ ዝውዕሉ ዓይነታት መድሓኒትን ኣለዉ።

እዞም ዓይነታት መድሓኒት ብበዓል ሞያ ብዝተደገፈ ኣግባብን ውሕስንኑኡ ብዝሓለወ መንገድን ኣብ ጥቕሚ ኣብ ዝውዕልሉ እዋን ምህርቲ ኣብ ምስሳን፣ ቁጠባ ሓረስታይን ህዝብን ኣብ ምብራኽ ዝለዓለ ረብሓ ኣለዎም።ብኣንፃሩ ብኣግባቡ ኣብ ዘይንጥቀመሉ እዋን ድማ ኣብ ድሕንነት ምግቢ፣ ጥዕና ወዲ ሰብን ከባቢያዊ ሃፍቲ ተፈጥሮን ዘስዕብዎ ሓደጋ ልዑል እዩ። ስለዚ ነዚ ንምክልኻል ኣብ ኣጠቓቕማ ኬሚካላትን መድሓኒታትን ዝርአዩ ክፍተታትን ኣብ ስርዓት ጥዕና ምግቢ ዘስዕብዎም ጉድኣታትን ብምንፃር ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ብምሉእነት ምትግባርግድን ከምዝኾነ ሓላፊ በዓል መዚ እታዎታት ሕርሻ ኢትዮጵያ ጨንፈር ትግራይ ኣይተ ታደሰ የኋላሸት ይገልፁ።

ኣብ ትግራይ ረብሓ ዘመናዊ እታዎታት ሕርሻ ብምርዳእ ዘሎጠለብን ኣጠቓቕማን ካብ ሕሉፍ ዓመታት በብእዋኑ እናዓበየ መፂኡ እዩ። ቅድም ክብል ስራሕቲ ኤክስቴንሽን ድኹም ብምንባሩ ገባር ኬሚካልን መድሓኒትንንክጥቀም ዝልመነሉ ኩነታት ነይሩ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ግና ሓረስታይ ትግራይ ዘመናዊ እታዎታት ሕርሻ ኣብ ምስሳን ምህርቲ ዘለዎ ጥቕሚ ዝለዓለ ምዃኑ ብምርድኡ ዝለዓለ ጠለብን ድልየትን ኣለዎ። ምስዚ ዝተኣሳሰር ቀረብ ኬሚካላት፣ መድሓኒታት፣ ምግቢ እንስሳትን ካልኦትን ካብ መንግስቲ እናወፀ ናብ ውልቀ ሰባት ዝኣተወሉን ኣብ ዕዳጋ ክረኽበሉ ዝኽእል ኩነታት ተፈጢሩ ይርከብ። ከምኡ እውን ሰብ ሞያ ሕርሻ ኣብ ኣጠቓቕማ እዞም ዘመናዊ እታዎታት ዘለዎምኣፍልጦን ክእለትን እናበረኸምኻዱ ብእወንታ ይጥቀስ። ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ብዝተዘርግሐ ሰብ ሞያ ኤክስቴንሽን ሓረስታይ ትግራይ እቶም እታዎታት ካበይ ክዕድጉን ክጥቀሙን ከምዘለዎምግንዛበ እናትሓዝካ ኣብ ምኻድ እውን ዓበይቲ ለውጥታት ኣለዉ።



ሓላፊ በዓል መዚ እታዎታት ሕርሻ ኢትዮጵያ ጨንፈር ትግራይ ኣይተ ታደሰ የኋላሸት

እዚ ከምዘለዎ ኮይኑ ኣብ ኣጠቓቕማ ኬሚካላት፣ መድሓኒታትን ካልኦት ዘመናዊ እታዎታት ሕርሻን ዝርአዩ ዓበይቲ ጉድለታት ድማ ኣለዉ። ብዋናነት ብቕዓት ዘይብሎም ኣካላት መድሓኒት እንትሸጡ ዝርከብሉ፤ ሰብ ሞያ ዘይኮኑ ሓረስቶት እንስሳት መርፍእ ምውጓእን ካልኦትን ይርአዩ። ካልእ ኣብ ጥቕሚ እነውዕሎም ኬሚካላት መጥቀሚ ግዚኦም ምሕላፉን ዘይምሕላፉን እንተይኣረጋገፅካ ሓላፍነት ብዝጎደሎ መልክዑ ነቲ ሓረስታይ ምሻጥ ብሰፊሑ እናጋጠመ ይርከብ። ካበይ ከምዝመፁ ዘይፍለጡ ብበዓል መዚ ቁፅፅር መድሓኒት ኣፍልጦን ክትትልን ዘይብሎም፤ ውሕስነቶም ዘይተረጋገፀኬሚካላት፣ማዳበርያታት፣ መድሓኒታት፣ ቀለብ እንስሳትን ካልኦት ብርክት ዝበሉ እታዎታት ሕርሻን ብኮንትሮባንድ ናብቲ ሓረስታይ እንትኣትዉ ይርአዩ እዮም።ካብዚ ሓሊፉ ብፍላይ ብብርኪ ዓለም ኣብ ጥቕሚ ከይውዕሉ ዝተኸልከሉን ኣብ ኢትዮጵያ እውን ክኣትዉ ዘይተፈቐደሎምንከምኒ ኣትሮፒን፣ ትራይፓኖሲዳል፣ ኢቮሚክ፣ ካልኦት ኣፋውስን ኬሚካላትን ምጥቃም ብሰፊሑ ይርአ። እዞም ጉድለታት ድማ ጠንቂ ጥዕና ሕብረተሰብ ብምዃን መድሓኒት ንዝተላመዱ ሕማማት ዘቃልዑ እዮም።

ሓረስታይ ዝጥቀሞም እታወታት ሕርሻ በዓል ሞያ ብዝእዝዞ መንገዲ ኣብ ምትግባርን ኣብ ኣጠቓቕምኡ ክግበሩ ዝግብኦም ጥንቃቐታት ብዝምልከትግንዛበ ዘይመሓዝእውን ኣሎ። ንኣብነት፣ ኬሚካል ዝተነፀጎ ፍርያት ዝራእቲ፣ መድሓኒት ዝወሰደ እንስሳ ወይ መድሓኒት ዝወሰደት ላሕሚ ድሕሪ ክንደይ መዓልቲ ናብ ዕዳጋ ከምዝቐርብ፣ ንምግብነት ከምዝውዕልን ፀባኣ ከምዝስተን ዘይምፍላጥን ዘይምትግባርን ይርአ። ብሕጋዊ መንገዲኣብ ዝኣትዉን ብበዓል መዚ ቁፅፅር መድሓኒት ኣፍልጦ ዝተውሃቦምንእታዎታት ሕርሻ ኣብ ኣጠቓቕምኦም ክግበሩ ዝግበኦም ጥንቃቐታት ብንፁር ይፀሓፎም እዩ። ይኹን እምበር ነቲ ፅሑፍ ኣምቢብካ ብምርዳእን ንበዓል ሞያ ሓቲትካን ኣብ ምትግባር ዝርአ ጉድለት ዝለዓለ እዩ። ካብዚ ሓሊፉ እውን እቲ ገባር ብስሰዐ ወይ "እንታይ ኣእተወኒ" ብዝብል መድሓኒት ዝተነፀገሎም ፍርያት ዝራእትን እንስሳን ናብ ዕዳጋ ዘውፅኣሉን ንምግብነትዝውዕለሉን ኩነታት ኣሎ።

እዞም ኬሚካላት ብምኽንያት እቶም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ጉድለታት ኣብ ድሕንነት ምግብን ጥዕና ወዲ ሰብን ሓደጋእናባበፅሑ ይርከቡ። ንኣብነት፣ ሕማማት ካብ እንስሳት ናብ ወዲ ሰብ ዝሓልፍሉ፤ ሰብ ይኹን እንስሳ መድሓኒት ንዝተላመዱ ሕማማት ዝቃልዕሉ፣ ከምኡ እውን ሓሚምካ እትወስዶም መድሓኒታት ፈዋስነቶም ዝመኽንሉ ኩነታት ይፍጠር ኣሎ። ኣብዚ ሐዚ እዋን ኬሚካል ዝተነፀገሎም ከምኒ ኮሚደረ፣ ጥቕልል ሓምልን ካልኦትን ናብ ዕደጋ እንትቐርቡ ይርአዩ እዮም። ኣብ ጥቕልል ሓምሊ ዝነፀጉ መድሓኒታት ቁማል ቆፅሊ ወይ ቁማል እኽሊ መርዝነቶም ንክገድፉ እንተነኣሰ ሓደ ሰሙን የድልዮም። ይኹን እምበር እቲ ገባር ድሕሪ መድሓኒት ምንፃጉ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰለስተ መዓልቲ ናብ ዕዳጋ ዘቕርብሉ ኩነታት ኣሎ። እዚ ድማ እቲ ሕብረተሰብ "መድሓኒት ዝተነፀጎ ድዩ ዘይተነፀጎ" ክፈልጦ ስለዘይኽእልን እቶም ኬሚካላት ብምሕፃብ ጥራሕ ስለዘይውገዱን መርዝነቶም ዘይፀረየ ጥቕልል ሓምሊ ንምግብነት እንትጥቀምን ግዳይ ሕማም እንትኸውንን ይርአ። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ዓይነታት መድሓኒት ድማ ሕማም "ካንሰር" ናይ ምምፃእ ዓቕሚ ስለዘለዎም ኬሚካል ዝተነፀጎ ሓምሊ ዝተመገበ ሰብ በቲ ሕማም ናይ ምጥቃዕ ዕድል ከምዝህልዎ ሰብ ሞያ ጥዕና የረድኡ።

ኣብ 2017 ዓ/ም ብሰብ ሞያ ቢሮ ሕርሻን ሃፍቲ ተፈጥሮን ቢሮ ጥዕናን ትግራይ ብዝተወደበ መልክዑ ብዝተገበረ ዳህሳስ ብቕዓት ኣብዘይብሎምን ንግዲ ፍቓዶም ኣብ ዘየሐደሱን ኣብያተ መደብር መድሓኒትን ኬሚካላትንምሻጥ ብሰፊሑ ከምዘሎ ኣረጋጊፁ እዩ። ሰብ ሞያ ብዘይኮኑ ሰባት ዝሰርሑ መደብራት መድሓኒት እውን ቅድሚ ኲናት ካብ ዝነበሮ ትሕቲ 46 ሚኢታዊ ናብ ልዕሊ 62 ሚኢታዊ ደይቡ እዩ።ከምኡ እውን ከማልኡ ዝግብኦም መሳርሕታት እንተየማልኡ ኣብ ንግዳዊ ግልጋሎት እታዎታት ሕርሻ ዝተዋፈሩ ኣካላት 63 ነጥቢ ሽዱሽተ ሚኢታዊ ዝነበረ እንትኸውን ኣብዚ ሐዚ እዋን ብዝኸፍአ ኩነታት 94 ነጥቢ ሓደ ሚኢታዊ በፂሑ ኣሎ። ብዘይካ እዚ ልዕሊ 88 ሚኢታዊ ሕጋዊ ፍቃድ ዘይብሎም ኣካላት ካብ ዝተፈቐደ ዓቐን ስፍሓት ገዛ ንታሕቲ ዝተፈላለዩ መድሓኒታትን ኬሚካላትን ብሓደ ከዚኖም ክሸጡ ተረኺቦም እዮም። ካብዚ ብተወሳኺ ኣፋውስ ኣብ በረኻ ንፅሓይንንፋስንኣቃሊዕኻምሻጥ ኣሎ። መድሓኒት እንስሳትን ዝራእትን ህፃናት ከምማስቲካን ከሬሜላን እናዞሩ ንክሸጡ ይግበር ከምዘሎ እውን እቲ ዳህሳስ የመላኽት።

ብካልእ መዳይ መረጋገፂ ሞያዊ ብቕዓት ፍቓድ ስራሕ ዘይብሎም ኣካላት ኣብ ግልጋሎት ስራሕቲ ንግዲ ቀረብ እታዎታት ሕርሻ ብበዝሒ ተዋፊሮም ከምዝለዉ እቲ ዳህሳስ የረጋግፅ። ብምኽንያት እዚ መድሓኒታተን ኬሚካላትን በቢ ዓይነቶም ወዲብካን ብኣግባቡ ዓቂብካን ናይ ዘይምቕማጥ ፀገም ልዕሊ 80 ሚኢታዊ እዩ። ካብ መንግስታዊ ኣብያተ መደብር መድሓኒት ወፃእ ክትሓዙ ዘይግብኦም ኬሚካላትን መድሓኒታትንኣብ ውልቀ መደብር መድሓኒት ምሓዝ ዳርጋ ኣብ መላእ ትግራይ ዝርአ ጉድለት እዩ። ናብ ውሽጢዓዲ ክኣትዉን ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉን ዘይተፈቐደሎም ዓይነታት መድሓኒትን ኬሚካላትን ብኮንትሮባንድ ብምእታው ኣብ ጥቕሚ ምውዓልን ምሻጥን እውን ኣሎ። ካብዚ ሓሊፉ መድሓኒት እንስሳትን ዝራእትን ድሕንነቶም ኣብ ዘይተሓለዉ ብልቃጣት ብምቕናስ ምሻጥ ቅድሚ ኲናት ካብ ዝነበሮ 21 ነጥቢ ክልተ ሚኢታዊ ሐዚ ብዝኸፍአ ደረጃ ናብ 81 ነጥቢ ኣርባዕተ ሚኢታዊ በፂሑ ይርከብ። ከምዚኦምን ካልኦትን ዝበሉ ሰፋሕቲ ጉድለታት ከምዘለዉ እቲ ዝተገበረ ዳህሳስ ኣረጋጊፁ እዩ።

ብዘይካ እዚ፣ ብቑዕ በዓል ሞያ ኣብ ዘይተረኸበሉ፣ ብዘይተማልአ ኣልባስ ወይ ዕጥቂ፣ ብዘይሕጋዊ መንገዲ መድሓኒት ምሻጥን ምዕዳግን፤ ንደቂ ሰባት ዝውዕሉ ኣፋውስ ኣብ ኣብያተ መደብር መድሓኒት እንስሳ ምሻጥ ይርአ ኣሎ። መዓልቶም ዝሓለፎም ኣፋውስ ምሻጥ፣ ኣብ ጥቕሚ ክውዕሉ ምግባርን ካልኦትን ሓዊስካ ዘይሕጋዊ ንግድን ተግባርን ቅድሚ ኲናት ካብ ዝነበረሉ ትሕቲ 52 ሚኢታዊ ናብ 80 ነጥቢ ሽዱሽተ ሚኢታዊ ዝደየበሉ ኩነታት ከምዘሎ እውን እቲ ዳህሳስ የመላኽት። ብምኽንያት እዚኦምን ካልኦት ጉድለታት ኣጠቓቕማ መድሓኒትን ኬሚካላትን ኣብ ጥዕና ሕብረተሰብ ዝለዓለ ሓደጋ የብፅሕ ከምዘሎ ምርዳእ ይከኣል። ሰብ ሞያ ጥዕና ሪፈራል ሆስፒታል ዓይደር ኣብ ዝገበርዎ መፅናዕቲ እውን ካብ እንስሳ ናብ ሰብ፣ ካብ ሰብ ናብ እንስሳ ዝመሓለለፉ ሕማማት ይበዝሑ ከምዘለዉ፤ ናይዚኦም ምኽንያታት ድማ እቶም ኣብ ላዕሊ ዝተገለፁ ጉድለታት ምዃኖም የረጋግፁ። እዞም ጉድለታት ብመንፅር ሕጊ እንትርአዩ ኣብ ብርኪ ወንጀል ዝቕመጡን ክሳብ 15 ዓመት ማእሰርቲ ዘቕፅዑን እዮም። ይኹን እምበር ተሓታትነት ኣብ ምርግጋፅ ድኽመት ኣሎ። ስለዚ እዞም ሓደጋታት ብምርዳእ ካብ ምህርቲ ጀሚሩ እንጥቀሞም ዓይነታት መድሓኒትን ኬሚካላትን ኩነታት ኣጠቓቕምኦምን ድሕንነቶምን ብምሕላው ኣብ ተግባር ክውዕሉ ምግባር ናይ ኩሉ ሓላፍነት ክኸውን ይግባእ።

ናብ ገፅ 10 ይዘውር



ኩሎም ኣማራፅታት ማይ ብምጥቃም ድርቅን ጥምየትን ንከላኸል!

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ትካል እግሪ ምትካል ትግራይን (ትእምት) ዝዳሎ መደብ

# ህዝባዊ ሓላፍነት... ህዝባዊ ውግንና!

ትእምት ካብቶም መዋእለ ንዋይ ፈሰስ ብምግባር እተስፋሕፍሖም ኢንዱስትሪታትን እተተኣታትዎም ቴክኖሎጂታትን እትረኽቦ እቶት ኣብ ትሕቲ ፅላላ ብዝተጣየሸ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ኣቢላ ማሕበራውን ቁጠባውን ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምፍታሕ ዝለዓለ ኣስተዋፅኦ እናገበረት ፀኒሓ ኣላ፣ ሕዚ እውን እናቐፀለትን እያ። ብዋናነት ኣብ ምሕጋዝ ስድራ ስውኣት፣ ጉዱኣት ኲናት፣ ደቂ ስውኣት፣ ከምኡ እውን ኣብ ትሑት መነባብሮ ዝነብሩ ክፋላት ሕብረተሰብ ፀገማት ኣብ ምቅላል እናሰርሐት መፂኣ እያ። ብመሰረት እዚ ማሕበር ጉዱኣት ኲናትን ማሕበር ተጋደልትን ትግራይ ብቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ዝተገበረሎም ሓገዝን ዘሎ ህልው ምንቅስቓስን ኣመልኪትና ካብ ኣንደበቶም ዝሰማዕናዮ ሓሳብ ከምዚ ዝስዕብ ኣዋዲድና ኣቕሪብናዮ ኣለና።

### ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይ

ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይ፣ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ 17 ዓመት መጉዳእቲ ኣካል ዝበፅሖም፣ ድሕሪ ምድምሳስ ስርዓት ደርግ ካብ ሰራዊት ዝተቐነሱን ካልኦትን ብዝተወደበ መልክዑ ሓደ ፅላል ክህልዎም ዕላማ ብምግባር ኣብ 1988 ዓ/ም ብዕሊ ዝተመስረተ ጠንካራ ማሕበር እዩ። እዚ ማሕበር እንትምስረት ማሕበረ ቁጠባዊ ፀገም ኣባላት ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይ ብዝተወደበ መንገዲ ንምፍታሕ፣ መስዋእትን መጉዳእትን ዝኸፈልሉ ስርዓትን ዓድን ለውጢ ንክመፅእ ብዘለዎ ዓቕሚ ንምሕጋዝ እዩ ነይሩ። ብመሰረት እዚ እቶም ካብ ሞት ዝተረፉ ተጋደልቲ በታ ዝተረፈት ኣካሎም ኣብ ህንፀት ስርዓት ዴሞክራሲ፣ ምርግጋፅ ሰላምን ልምዓትን ብዝተወደበ መንገዲ ንምሕጋዝ ዕላማ ዝገበረ እዩ። ብዋናነት ድማ ናይቲ ጉዱእ፣ ስድራ ስዉእ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ ፀገማት ብዝተወደበ መንገዲ ንምፍታሕ ተሓሳቢ ብምግባር ከምዝተመስረተ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይ ተጋዳላይ ጨርቆስ ወልደማርያም የረድእ።

ብመሰረት እዚ ማሕበር ጉድኣት ኲናት ትግራይ ኣብ ዝሓለፈ 29 ዓመት ኣብ ምቅላል ማሕበረ-ቁጠባዊ ፀገማት ጉዱኣት ኲናት ተጋደልቲ፣ ስድራ ተጋደልትን ደቂ ስውኣትን ብርክት ዝበሉ ስራሕቲ ሰሪሑ እዩ። ብፍላይ ኣብ ዕጥቃዊ ቃልሲ፣ ከምኡ እውን ኣብ መኸተ ወራር ሻዕብያ መጉዳእቲ ዝበፅሖምን ብዕድመ ዝደፍኡን ኣባላት እቲ ማሕበር ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ኣብ ምግባር ዝሓሸን ውፅኢታውን ስራሕ እናሰርሐ መፂኡ እዩ። “እቲ ማሕበር እንተዘይህሉ እቲ ጉዱእ ኲናት ተጋዳላይ ሕዚ ብህይወት ምሃለወ ዶ? ኢልካ ክትሓስብ እንተለኻ ዝለዓለ ሓደጋ ህልውና ከጋጥሞ ዝኽእል ኩነታት ምንባሩ ምግንዛብ ይከኣል። እቲ ምንታይ’ሲ ኣብቶም ዝሓለፉ ሰለስተ ዓመታት ዕፀዋን ክባን እኳ እንተሪኢና እቲ ማሕበር ኣብ ፀገም ስለዝነበረ ኣብቶም ጉዱኣት ኣካል ኣባላት እታ ማሕበር ዝበፅሐ ፀገም ንፈልጦ ኢና። ንኣብነት፣ እታ ግልጋሎት ሕክምና ጥራሕ እኳ እንተወሲድና ቅድሚ እቲ ኲናት ግልጋሎት ሕክምና ብምሃብ ብህይወት ክፀንሑ ዝተገበሩ ኣባላት ኣብተን ክልተ ሰለስተ ናይ ዕፀዋን ክባን ዓመታት ግልጋሎት መድሓኒት ብዘይምርካቦም ክንደይ ጉዱኣት ኲናት ተጋደልቲ ህይወቶም ከምዝሓለፈ ንፈልጦ ኢና” ይብሉ። ኣብዚ ሕዚ እዋን እቲ ማሕበር ናብ ንቡር ስርሑ ምስተመለሰ ኣብ 2016 ዓ/ም ብህይወት ዝሓለፈ ኣባል ምስቲ ሕሉፍ እንትነፃፀር ዓብዪ ኣፈላላይ ከምዘለዎ እውን ብመርዳእታ ኣሰንዮም ይገልፁ።



ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይ ተጋዳላይ ጨርቆስ ወልደማርያም

ማሕበር ጉዱኣት ኲናት ትግራይ ካብቶም ሓገዝ ዝረኽበሎም ትካላት ሓደ ትካል ምግባረ ሰናይ ትእምት እዩ። ትእምት ነባር ተጋዳላይ ይኹን ኣጠቓላሊ ህዝቢ ትግራይ እግሪ ንምትካልን ቁጠባዊ ዓቕሙ ንምዕባይን እትተግህ ትካል ምኳና ይፍለጥ። ካብቶም ቐዳምነት ሂቡ ማሕበራውን ቁጠባውን ደገፋት ዝገብረሎም ክፋላት ማሕበረሰብ ድማ ጉዱኣት ኲናት ተጋደልትን ስድራ ስውኣትን ትግራይ ተጠቀስቲ እዮም። ካብዚ ዕላማ እዚ ተበጊሱ ትእምት ዋላ እውን ድሒራ እንተኾነ ንስድራ ስውኣትን ጉዱኣት ኲናት ትግራይን ብዘለዋ ዓቕሚ ደገፍ እናገበረት መፂኣ። ብፍላይ ኣብ 2011ን 2012ን ዓ/ም ቅድሚ እቲ ወራር ፅንተት ጉዱኣት ኲናት ተጋደልቲ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ፣ ኣቦን ኣዶን ዘይብሎም ደቂ ስውኣትን ዓቕሚ ዘይብሎም ህፃናትን ዕድል ትምህርቲ ክረኽቡ ኣብ ምግባር፣ ከምኡ እውን ዕድል ስራሕ ኣብ ምፍጣርን ካልኦትን ትኹረት ገይራ ትድግፍ ነይራ።

ንኣብነት፣ ኣብ 2012 ዓ/ም ንግልጋሎት ሕክምና ዝውዕል ሓሙሽተ ሚልዮን ብር ነቲ ማሕበር ድጋፍ ብምግባር ናብ ተግባር ክውዕል ገይራ እያ። ኣብ መዳይ ፈጠራ ዕድል ስራሕ እውን ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ጉዱኣት ኲናት ተጋደልቲ ማእኸል ብምግባር ኣብ ምርባሕን ምህጣርን እንስሳ፣ ሸቐጣ ሸቐጥን መጥሓንን ካልኦትን ብምውዳብ 300 ዝኾና ደቂ ኣንስትዮ ናብ ስራሕ ክኣትዋ ደገፋት ገይራ። ካብዚ ብተወሳኺ እቲ ጉዱእ ኲናት ተጋዳላይ ካብ ደደቢት ልቓሕ ንክወስድን ዝተፈላለዩ ስራሕቲ ክሰርሕን ውሕስና ኣብ ምኳን እውን እናሰርሐት ፀኒሓ እያ። ከምዚኦምን ካልኦትን ፕሮጀክትታት ብምሕንፃፅ ኣባላት እቲ ማሕበር ናብ ስራሕ ክኣትዉን እግሪ ንክተኽሉን ዝተገበሩ ምንቅስቓሳት ኣብቲ ጉዱእ ኣካል ዓብዪ ለውጢ ተመዝጊቡ ምንባሩ እቶም ኣካያዲ ስራሕ የረድኡ።

ይኹን እምበር ብሰንኪ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ ዝተፈፀመ ወራር ፅንተት ከምቲ ካልእ ንብረት ህዝብን መንግስትን ትግራይ ኣባላት ማሕበር ጉድኣት ትግራይ ኣጥርየምዎ ዝነበሩ ውሱን ሃፍቲ እውን ብፀላእቲ ዓንዩን ተወሪሩን እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ገሊኦም ብግፍዒ ተጨፍጪፎም ገሊኦም ኣካል እቲ መኸተ ኮይኖም መስዋእትን ተወሳኺ ኣካል መጉዳእትን ከፊሎም እዮም። ኣብ ልዕሊ እዚ ብምኽንያት እቲ ኲናት ካብ ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ክሳብ 2015 ዓ/ም ካብ ትእምት ዝግበር ዝነበረ ደገፍ ተቛሪፁ ዝፀንሐሉ ኩነታት ነይሩ።

ንውዕሊ ሰላም ፕሪቶርያ ስዒቡ ኣብ ትግራይ ብዝተፈጠረ ኣንፃራዊ ሰላም ትእምት ዋላ እኳ ከምቲ ቀደም ዓቕሚ እንተዘይሃለዋ ኣብ 2016 ዓ/ም ንግልጋሎት ሕክምና ጉዱኣት ኲናት ዝውዕል ክልተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ብር ደጊፋ እያ። ኣብዘን ትእምት ደገፍ ዝገበረትለን እቲ ማሕበር እውን ሽዱሽተ ሚልዮን ብር ብምውሳኽ ብድምር ሸሞንተ ነጥቢ ሓሙሽተ ሚልዮን ብር ወፃኢ ብምግባር ድማ ኣባላት እታ ማሕበር ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡ ተገይሩ።

ካብዚ ብተወሳኺ ብሰንኪ ወራር ፅንተት ካብ መረበቶም ዝተመዛበሉን ኣብ ዝተፈላለያ ማእኸላት መዕቖቢ ተመዛበልቲ ዝርከቡ ኣባላት ጉዱኣት ኲናት ትግራይ ዝገብሮ ደገፍ እውን ኣሎ። ክሳብ ሐዚ ብዘሎ መረዳእታ መብዛሕትኦም ካብ ዞባ ምዕራብ ትግራይ ዝኾኑ ካብ ዞባ ምብራቕ፣ ማእኸል፣ ሰሜን ምዕራብን ደቡብን ብድምር 2,650 ኣባላት ኣብተን ማእኸላት መዕቖቢ ኣለዉ። ካብዚኦም ኣብ መጀመርያ 2016 ዓ/ም 2,290 ኣባላት ብምፅራይ ምግባረ ሰናይ ትእምት ክሕግዞም ዝተገበረ እንትኸውን ልዕሊ 15 ሚልዮን ብር በጀት ብምምዳብ ንሓደ ኣባል 1,190 ብር ወርሓዊ እናተውሃቦ ፀኒሑ እዩ። ሐዚ እውን እዞም ኣካላት መብዛሕትኦም ናብ ቦትኦም ስለዘይተመለሱን ኣብ ዝለዓለ ፀገም ስለዘለዉን ኣብ 2017 ዓ/ም እውን ትእምት ደገፉ ኣጠናኺራ ክትቕፅል ኣብ ምርድዳእ ተበፂሑ ኣሎ።

ተጋዳላይ ጨርቆስ፣ ትእምት ተልእኹኣን ዕላምኣን ህዝቢ ምግልጋልን ፀገም ህዝቢ ትግራይ ምፍታሕን ብምኳኑ፣ ኣብዚ ሐዚ እዋን ትካላት ትእምት ንምፍራስን ንምጥፋእን ዓሊሞም ዝግበሩ ዘለዉ ወፍሪ ፀለመታትን ምንእኣስን ብግልፂ ምቅላስ ከምዘድሊ ይሕብር። እቲ ተደናጊሩ ምስ መፀለምቲ፣ ትካላት ትእምት ንምጥፋእ ምስ ዝሰርሑ ኣካልት ዝሰለፍ ወገን ድማ ትካላት ትእምት ዝገብርኦ ዘለዋ ማሕበረሰባዊ ደገፋት ብዝግባእ ክግንዘብን ኣብ ጉድኒ እተን ትካላት ክሰለፍን ምስራሕ ከምዘድሊ ይገልፁ።

### ማሕበር ተጋደልቲ ትግራይ

ማሕበር ተጋደልቲ ትግራይ ኣብ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቃልሲ ህዝቢ ትግራይ ዝነበረ ተጋዳላይ ተበታቲኑን ወዲቑን ከይተርፍ፣ ባዕሉ ንባዕሉ ክተሓጋገዝ ማሕበረ ቁጠባዊ ፀገማቱ ክፈትሕ ከምኡ እውን ተወዲቡ ጉዕዞ ልምዓትን ሰላምን ሕብረተሰብ ንምስላጥ ዕላማ ገይሩ ኣብ 1996 ዓ/ም ከምዝተጣየሸ ይፍለጥ። እዚ ማሕበር ትእምት ደገፍ ካብ ዝገበረለን ትካላት ሓደ እንትኸውን ቅድሚ እቲ ኲናት ኣብ ዝነበራ ሰለስተ ኣርባዕተ ዓመታት ብሱሩዕ በጀት እናመደበ ነቲ ማሕበርን ንፅጉማት ኣባላት ማሕበርን ምሕጋዝ ጀሚሩ እዩ። ንኣብነት፣ ፅጉማት ተጋደልቲ ንምጥያሽ ዝዓለመ ብጤለ በጊዕ፣ ምርባሕ ደርሁ፣ ፀባ ላሕሚ፣ ሸቐጣ ሸቐጥ፣ ጥሕኖ ወዘተ. እናሃበ እግሪ ንክተኽሉ እናገበረ ፀኒሑ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ንፅጉማት ኣባላት እቲ ማሕበር ንሕክምና ዘውፅእዎ ወፃኢ ንምሽፋን ብትእምት ዝግበረሎም ገንዘባዊ ደገፍ ከምዝነበረ ተተካኢ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር ተጋደልቲ ትግራይ ኣይተ ገ/ሄር ዘርኣይ ይገልፁ።

ድሕሪ ኲናት እውን ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ኣባላት ማሕበር ተጋደልቲ ትግራይ ነፃ ግልጋሎት ሕክምና ክረኽቡን ንሕክምና ዝገብሮ ወፃኢ ንምሽፋንን ስሩዕ በጀት መዲባ ኣብ ምድጋፍ ትርከብ። ንኣብነት፣ ኣብ 2016 ዓ/ም ሓደ ሚልዮን ብር ዝደገፈት እንትትከውን ኣብ 2017 ዓ/ም እውን ሓደ ሚልዮን ብር ብምምደብ ናብ ተግባር ተሰጋጊሩ ኣሎ። ከምዝፍለጥ ኣባላት ማሕበር ተጋደልቲ ትግራይ ብዕድመ ዝደፍኡ፣ ዝተፈላለየ መጉዳእቲ ኣካል ዝበፅሖም፣ ኣብ ኣካሎም ጥይት ዘለዎም፣ ብዝተፈላለዩ ሕማማት ዝተጠቕዑን ብቁጠባዊ ዓቕሚ እውን ኣዐርዮም ዝተጎሳቖሉን እዮም። ነዚ ፀገም ንምቅላል ብምዕላም ኣብ 2016 ዓ/ም ኣብ ሕድሕድ ወረዳ ብዝተገበረ መፅናዕቲ ብጣዕሚ ዝተፀገሙን ህፁፅ ሓገዝ ዘድልዮምን ኣባላት ብቅደም ሰዓብ ብምቕማጥ ብድምር 15,770 ተጋደልቲ ተፈልዮም እዮም። ነዞም ኣባላት ምስ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ብዝተገበረ ምርድዳእ፣ ኣባላት ማሕበር ጉድኣት ኲናት ትግራይ ኣብቲ ማሕበር ስለዘለዉን በቲ ማሕበር እውን ሓገዝ ስለዝግበርን ምድግጋም ከየጋጥም መፅናዕቲ ብምግባር ሓገዝ ዝረኽብሉ ኩነታት ተፈጢሩ እዩ።



ዋና ኣካያዲ ስራሕ ማሕበር
ተጋደልቲ ትግራይ ኣይተ ገ/ሄር ዘርኣይ

ይኹን እምበር ኣብቲ ማሕበር ካብዚ ንላዕሊ ብዙሓት ፅጉማት ኣባላት ስለዘለዉ ካብኡ ንላዕሊ ንክሕገዙ ጠለብ ኣሎ። እቲ ማሕበርን ምግባረ ሰናይ ትእምትን ብዘጣየሽዎ ናይ ሓባር ኮሚቴ እውን በብእዋኑ ይግምገም እዩ። ስለዚ ቤት ፅሕፈት ምግባረ ሰናይ ትእምት ዝገብሮ ዘሎ ደገፍ ብምምስጋን ቀፃልነት ዘለዎን ካብ ተጠዋርነት ዘውፅእ ደገፍ ክግበረሎምን እዮም ሕቶ ዘቕርቡ። ካልኦት ትካላት፣ ውልቀ ሰብ ሃፍትን ካልኦትን እውን ኣሰር ሰናይ ተግባር ምግባረ ሰናይ ትእምት ብምስዓብ ኣብ ፀገም ዘሎ ኣባል ተጋዳላይ ትግራይ ክሕግዛ ይፅውዑ።

ብድምር ትእምት ንማሕበር ተጋደልቲ ትግራይ ይኹን ንካልኦት ሕብረተሰባዊ ክፋል ዝገብሮ ዘሎ ሓገዝ ስለዝፍለጥ ትእምት ትካል ህዝቢ ምኳኑ እዩ ዘመላኽት። ትእምት እቲ ዝገብሮ ዘሎ ካብ ዘለዎ ህዝባዊ ሓላፍነትን ህዝባዊ ውግንና ዝብገስ እዩ። ስለዚ ትካላት ትእምት ናብ ንቡር ክምለሳ ደገፍ መላእ ህዝቢ ትግራይ የድልየን። ብኣተሓሳስባን ተግባርን “ትካላትና እየን” ኢሉ ኣሚኑ ክድግፈንን ከጠናኽረንን ይግባእ። ካልኣይ ትካላት ትእምት ብሰንኪ እቲ ኲናት ዝበፅሐን ዕንወት ከቢድ እዩ። ስለዚ መላእ ህዝቢ ትግራይ ብፍላይ ድማ ኣብ ደገ ዝነብሩ ተጋሩ ብሓሳብ፣ ብኽእለት ኮነ ብሞራል ክድግፍወን ይግባእ። እዘን ትካላት እንተተጠናኺረን ብሰንኪ ኲናት ንዝበፅሐ ቁጠባዊ ዕንወት፣ ጉዱኣት ኲናት፣ ስድራ ስውኣት፣ በቲ ኲናት ዝተመዛበለን ዝተጎሳቖለን ተጋዳላይ ከምኡ እውን ኲሉ ፅጉም ሕብረተሰባዊ ክፋል ትግራይ ክሕግዛ፤ ኣብ ዳግመ ሕውየት ትግራይ ተረኣን ክፃወታ ይኽእላ እየን። ናብዚ ንምብቃዕ ድማ ኲሉ ትግራዋይ ክድግፈን ይግባእ።

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ትምህርቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ኣብ ትምህርቲ ዝዓሰለ ሕብረተሰብ



መምህር ተወልደ ማሕራይ
ርእሰ መምህር ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ት/ቲ ለቓይ



ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ት/ቲ ለቓይ

ዘፈር ትምህርቲ ንህንፀት ወለዶ ጥራሕ ዘይኮነ ንልምዓትን ኩለመዳይ ህንፀት ዓድን እውን ዝዓበየ ብፅሒት ኣለዎ። ካብዚ ብምብጋስ ሃገራት ዓለም ንትምህርቲ ዓብዩ ትኹረት ከምዝህብኦ ይፍለጥ። ኣብ ትግራይ እውን ንትምህርቲ ዓብዩ በጀት ተመዲቡ እናተሰርሐሉ መፂኡ እዩ። ተምሃሮ ኣብ ቀረብኦም ቤት ትምህርቲ ክረኽቡ፣ ናውቲ ትምህርቲ ክማለኣሎም፣ ምስቴክኖሎጅን ዘበናዊ ዓለምን ክላለዩን ፍልጠቶም ከዕብዩን ንምግባር ብዙሓት ስራሕቲ ተሰሪሖም እዮም። ይኹን እምበር ሰላምን ልምዓትን ህዝቢ ትግራይ ዘይብህጉ ሓይልታት ፅንተት 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም ብዝፈፀምዎ ወራር ኣብያተ ትምህርቲ ሓዊሱ ብዙሓት መሰረተ ልምዓታትን ሃፍትን ህዝቢ ኣዕንዮምን ዘሪፎምን እዮም። ካብቲ ሰብኣዊ ጨፍጫፍ ቀፂሉ ኣብ መሰረተ ልምዓት ትምህርቲ ዝበፅሐ ዕንወት ዝኸበደ ምዃኑ እውን ይፍለጥ። ንሎሚ እምበኣር ብሓይልታት ፅንተት ከቢድ ዕንወትን ጉሕለትን ካብ ዝበፅሖን ኣብያተ ትምህርቲ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ሓንቲ ኣብ ዝኾነት ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ለቓይ ተረኺብና ኣጠቓላሊ ኩነታት እታ ቤት ትምህርቲ ብዝምልከት ዘዋደድናዮ መደብ ከምዝስዕብ ቀሪቡ ኣሎ።

ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ለቓይ ኣብ ዞባ ምብራቕ ትግራይ ወረዳ ጋንታ ኣፈሹም ጣብያ በዓቲ ማይ መሳኑ ትርከብ ኮይና ብ1990 ዓ/ም ዝተመስረተት ቤት ትምህርቲ እያ። እዛ ቤት ትምህርቲ ቅድሚ ፅንተታዊ ኩናት ኩሉ ናውቲ ተማሊኡላ ዝተረጋገአ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተሳልጥ ነይራ። ብፍላይ ብነበርትን ደቂዓድን እቲ ከባቢ ዘዝጎደለ እናተመለአ ዝሓሸ ቀረብን ዝተማልአ መሰረተ ልምዓትን ነይሩዋ። ይኹን እምበር ብሰንኪ ኲናት ሓይልታት ፅንተት ከቢድ ዕንወት ካብ ዝበፅሐን ህዝባዊ ትካላት ሓንቲ ምዃና ካብ ማሕበረሰብ እታ ቤት ትምህርቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ የመላኽት።

ተምሃሪት ሄልዳና ሃይላይን ተምሃራይ ኤፍሬም ፀጋይን ኣብ ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ለቓይ ተምሃሮ ሻውዓይ ክፍሊ እዮም። ቤት ትምህርቶም ቅድሚ እቲ ፅንተታዊ ኩናት ምሉእ ናውቲ ከምዝነበሮን ዝሓሸ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር የሳልጥ ከምዝነበረን እዮም ዝሕብሩ። ድሕሪ እቲ ፅንተታዊ ኩናት ግና እቲ ቤት ትምህርቲ ዝነበርዎ ናውትታት ምሉእ ብምሉእ ብሰራዊት



ተምሃሪት ሄልዳና ሃይላይ

ሻዕብያ ከምዝዓነወን ከምዝተዘረፈን ይገልፁ። ብሰንኪ እዚ ድማ ሕፅረት መፅሓፍቲ፣ ወንበር፣ ኮምፒተር፣ ቴሌቪዥን ከምዘሎ የረድኡ። ብፍላይ በቲ ነባር መፅሓፍ ይምሃሩ ከምዘለውን ምስቲ ሓዱሽ መፅሓፍ ብዙሕ ኣፈላላይ ከምዘለዎን ይገልፁ። እዞም ተምሃሮ፣ ብመምህራኖም ብጣዕሚ ከምዝሕገዙ ብምሕባር እንተኾነ ግና እቶም ዘለዉ ሕፅረታት ክማልኡሎም ከምዝግባእ የተሓሳስቡ።

ኣብ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ለቓይ እናምህረት ዝረኸብናያ መምህር ንግስቲ ገ/እየሱስ ብወገና፣ ከምመምህር ዘለዉ ማሕበረ ቁጠባዊ ፀገማት ብምፅዋር ንተምሃሮኣ ዝግባእ ፍልጠት ክተጨብጥ ብዙሕ ፃዕሪ ከምትገብር እያ ትገልፅ። “መምህራን ብዙሓት ፀገማት ኣለውና። ብፍላይ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ናይ 17 ኣዋርሕ ውዝፍ መሃያና ዘይምኽፋሉ ንከቢድ ማሕበረ-ቁጠባዊ ቅልውላው ክንቃላዕ ገይሩና ኣሎ። ስለዚ ኣብዚ ዘሎ መምህር ኣብ ምንባርን ዘይምንባርን ኩነታት ኮይኑ፣ ንኩሉ ፀገማት ተፃዊሩ እዩ ዘምህር ዘሎ” ትብል። ስለዝኾነ ድማ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ፀገም መምህራን ተረዲኡ ህፁፅ ፍታሕ ክገብር ከምዝግባእ እያ ተተሓሳስብ።

ካሊእ ዘዘራረብናዮም ርእሰ መምህር ምሉእ ቀዳማይ ብርኪ ቤት ትምህርቲ ለቓይ መምህር ተወልደ ማሕራይ እዮም። መምህር ተወልደ፣ ብሰንኪ ሓይልታት ፅንተት ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ከቢድ ዕንወት ከምዝተፈፀመ የረድኡ። ንኣብነት፣ ሓደ “ብሎክ” ብደብዳበ ከቢድ ብረት ፀላእቲ ምሉእ ብምሉእ ተቓፂሉ እዩ። ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝነበሩ ንብረታት፣ ኮምፒተራት፣ ቴሌቭዥን፣ ፅሕፈት መሳርሒ፣ መፅሓፍትን ካልኦት ናውቲ ትምህርትን ተቓፂሎምን ተዘሪፎምን እዮም። ስለዝኾነ ተምሃሮ ተቐቢሉ ናብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምእታው ኣፀጋሚ እኳ እንተነበረ ዝገበርካ ገይርካ ግን ክጅመር ነይርዎ። ምኽንያቱ ንክልተ ሰለስተ ዓመታት ካብ መኣዲ ትምህርቲ ዝረሓቑ ተምሃራይ ናብ ትምህርቲ እንተዘይተመሊሱ ኣደዳ ስደትን ድንቁርናን ከምዝኾውን ርዱእ እዩ። እዚ ከዓ ዕላማ ፀላእቲ ዘዐውት ኣብ ልዕሊ ምዃኑ ተስፋ መፃኢት ትግራይ እውን ዘፀልምት እዩ። እዚ ክኸውን ኣይግብኦን። ስለዝኾነ ድማ ኣብ 2014 ዓ/ም ብዉሱን ዓቕሚ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ተጀሚሩ ነይሩ። እቲ ንዝተወሰነ ኣዋርሕ ጠጠው ኢሉ ዝነበረ ኩናት 18 ነሓሰ 2014 ዓ/ም ዳግም ስለዝተወለዐ ግና እቲ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ክቕፅል ኣይከኣለን።

ድሕሪ ምፍራም ውዕሊ ፕሪቶርያ ካብ ፀላእቲ ዝተረፈ ናውቲ ተጠቒሙ ተምሃሮ ናብ ስሩዕ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምምላስ ብዙሕ ፃዕሪ እናካየደ መፂኡ። እቲ ሕብረተሰብ ብወረርቲ ከይውሰድ ኣብ ገዝኡ ሓቢኡ ዘፅንሖም ናውቲ ብምእካብ ከምኡ እውን ሓደ፣ ሓደ ወሰንቲ ዝበሃሉ ናውቲ ንምምላእ ብገንዘብን ብናውትን ሓገዛት ንምትእኽኻብ ብዙሕ ፃዕሪ ተገይሩ። ኣብዚ ከይዲ ዝጎደሉ ናውቲ ንምምላእ ምስተወለድቲ ደቂ ዓዲ፣ ጠቕላላ ሕብረተሰብ እቲ ከባቢ ኣብቲ ቤት ትምህርቲ ዝበፅሐ ዕንወት ክርእዩዎን ንከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ዘፀግም ኩነታት ዝርድኡሉን ኩነታት ብምፍጣር ዝከኣሎም ከዋፅኡ ተገይሩ። እዚ ምስተገበረ ድማ ሓደ፣ ሓደ ናውቲ ኣማሊእኻን ዝፅገን ፀጊንካን ናብ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምምላስ ተኻኢሉ እዩ። ንኣብነት፣ ንተምሃሮ ደፍተርን ቢሮን ተወለድቲ ዓዲ ተሓባቢሮም ሓገዝ ገይሮም እዮም። መምህራን መሃያ ኣብ ዘይኽፈልሉ ዝነበረ እዋን እውን ብውልቀ ሰብ ሃፍቲ ንሕድሕድ መምህር ሓደ ሓደ ሽሕ ብር ሓገዝ ዝተገበረሉ ኩነታት ነይሩ። ዓንዩ ዝነበረ ንምትካእ እውን ሓገዝ ቆርቆሮ ተገይሩ እዩ። በዚ ኣገባብ ድማ እቲ ዳግመ ህንፀት ከምዝተጀመረ የገንዝቡ።
መምህር ተወልደ፣ “እቲ ዘለናዮ ከባቢ ዳርጋ ከተማ ስለዝኾነ ካብ ደቂ ሓሙሽተ ዓመት (ካብ ህፃን ብህፃን)ን ዜሮ ክላስ (ደቂ ሽዱሽተ ዓመት)ን ክሳብ ሻምናይ ክፍሊ ኢና ነምህር። ጠቕላላ ዘለውና ተምሃሮ ተባዕታይ 512 ኣንስታይ 444 ብድምር 956 ተምሃሮ እዮም” ይብሉ። ከምኡ እውን 28 መምህራንን ሓደ ድጋፍ ወሃብን ብድምር 29 ከምዘለዉን ብክልተ ፈረቓ ትምህርቲ ከምዝወሃብን ይሕብሩ።
ሕብረተሰብ እቲ ከባቢ ኣብ ዙርያ ትምህርቲ ዝለዓለ ተሳትፎ እዩ ዝገብር። ንኣብነት፣ ቅድሚ ኲናት ፅንተት ቤት ንባብ፣ ቤተ ፈተነ፣ መምሃሪ ክፍልታት ሓዊስካ 12 መምህሪ ክፍልታት ብተሳትፎ ሕብረተሰብ ተሃኒፆም እዮም። ድሕሪ ኲናት ፅንተት ድማ ናይቲ ከባቢ ተወለድቲ ንክልተ ዓመት ዝኣክል ንሕድሕድ ተምሃራይ ሓገዝ ደፍተር እናተገበረ መፂኡ እዩ። ብድምር ብጥረ ገንዘብ፣ ብጉልበት፣ ብዓይነት ኣብ 2016 ዓ/ም ጥራሕ ሓደ ነጥቢ ክልተ ሚልዮን ብር ድጋፍ ከምዝተገበረ የረድኡ። ሎሚ ዓመት(2017 ዓ/ም) እውን ነቶም ዝጎድሉ መማልኢ ክኸውን ዛጊድ ብጥረ ገንዘብ ጥራሕ ናብ 300 ሽሕ ብር ዝግመት ሓገዝ ተገይሩሎም እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ “ወርልድ ቪዥን” ዝተብሃለ ትካል ገባሪ ሰናይ እውን ነቲ ብፀላእቲ ዝዓነወ “ብሎክ” ምሉእ ፅገና ገይሩ፣ ፅሩይ መስተ ማይን ተወሳኺ ዓይነ ምድሪን ሰሪሑ ኣረኪቡዎም ኣሎ። ብዘይካ እዚ፣ ንፅጉማት ተምሃሮ ድማ ናይ ደፍተርን ጥረ ገንዘብን፣ ንደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ናውቲ መናፅሂ፣ ቦርሳታትን ካልኦትን ደገፋት ከምኡ እውን ንህፃውንቲ መምሃሪ ናውትታት ብምቕራብ ዓብዩ ሓገዝ ገይሩ።

ብኻሊእ መዳይ፣ እቲ ሕብረተሰብ ነቲ ቤት ትምህርቲ ተወሳኺ ኣታዊ ዘምፅኡ ንሸቕጣ ሸቕጥን ካልኦትን ዝካረዩ ኣርባዕተ ክፍልታት ብጉልበቱን ብገንዘቡን ሰሪሑ እዩ። ብዘይካ እዚ መምሕዳር ጣብያ በዓቲ ማይ መሳኑ ን 16 መምህራን እቲ ቤት ትምህርቲ ንመስርሒ መንበሪ ገዛ ዝኸውን ንሕድሕዶም 200 ካሬ መሬት ሂቡዎም ኣሎ። እቶም መምህራን እውን ንተምሃሮ ፅቡቕ መጠናኸሪ ትምህርቲ እናሃቡ ብፍላይ ኣብ ምንባብን ምፅሓፍን ፍሉይ ደገፍ እናገበሩ ይርከቡ። ካብዚ ዝብገስ ከምቤት ትምህርቲ ድሕሪ ኲናት ሰለስተ ግዜ ሻምናይ ክፍሊ ኣፈቲኑ ኣብ ሰለስቲኡ ግዜ 100 ምኢታዊ ተምሃሮኡ ሓሊፎም እዮም። እዚ ድማ ሕብረተሰብ፣ መምህራንን ተምሃሮን እቲ ቤት ትምህርቲ ሓቢሮም ብዝሰርሕዎ ስራሕ ዝተረኸበ ውፅኢት ብምዃኑ ልዑል ናእዳን ምስጋናን ከምዘለዎም እዮም መምህር ተወልደ ዝገልፁ።

ብዘይካ እዚ፣ ኣብ ቤት ትምህርቲ ለቓይ ዝረኸብናዮምን ናብ ካልኦት ክጋፍሑ ዝግብኦምን ፅቡቓት ተሞክሮታት ኣለዉ። ንኣብነት፣ ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ናይ ባዕለን ውዳበ ኣለወን። ብኡ ኣቢለን ዝተፈላለየ ሞያዊ ትምህርቲ ዝመሃራሉ ኩነታት ኣሎ። ፆታዊ መጥቃዕቲ ከየጋጥመን፣ ወርሓዊ ፅግያትን ካልኦት ፀገማትን እንተጋጥምወን እንታይ ክገብራ ከምዘለወን ብደቂ ኣንስትዮ መምህራን ኣቢሉ ስልጠናታት ይወሃበን እዩ።

ናብ ገፅ 17 ይዘውር



በይዛ ህዝቢ ዝሓለፍኩም ጀጋኑና ሕድርኹም ኣይነዕብርን!!

## ተጋድሎ

# መስዋእቲ እምበር መግዛእቲ ዘይፃወር እንግድዓ "ወጀረቶት"

ቀዳማይ ክፋል

*እዋኑ 24 ጥቅምቲ 2013 ዓ/ም እዩ። እቲ እዋን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ትግራይ መርዚ ፅልኢትን ፀለመን ክነዝሑ ዝፀንሑ ልፍንታውያን ወረርቲ፤ ህዝቢ ትግራይ ንምጥፋእ ብኹሉ ኣንፈት ቅሉዕ ወታሃደራዊ ኲናት ከፊቶም ብዕሊ ኲናት ፅንተት ዝፈፀምሉ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ብወገኑ፤ ነቲ ወራር ፅንተት ንምምካት ብዘይኣፈላላይ ኒሕን ሓቦን ሰኒቑ ኣንፃር ኩሎም ወረርቲ ተልዓለ። ብፍላይ እቶም ብተደጋጋሚ መስተንክራዊ ጅግንነት እናሰርሑ ዝመፁ ጀጋኑ ወየንትን ምልሻታትን ትግራይ ጫፍ ብልሒ ናይቲ ህዝባዊ መኸተ ኮይኖም ተዋጊኦም እዮም። ወየንትን ምልሻታትን ወጀራት ድማ ካብቶም ኣብ 2013 ዓ/ም ንኣስታት ሸሞንተ ወርሒ እናተዋግኡ ተኣምራዊ ጅግንነት ፈፂሞም ዓበይቲ ዓወታት ዘመዝገቡ ጀጋኑ ወየንትን ምልሻታትን ትግራይ ብቐዳምነት ዝጥቀሱ እዮም። ንሎሚ ስርሒትን ጅግንነትን እዞም ጀጋኑ ዝምልከት ጥቅምቲ 2014 ዓ.ም ኣብ መፅሄት ወይን ፍሉይ ሕታም ቑፅሪ 65 ዝቐረበ ትሕዝቶ ናብ ኣንበብቲ ክነብሎ። ሰናይ ንባብ!*

ህዝቢ ወጀራት ዕስራ ዓዲ ካብ ቀደም ጀሚሩ ምስ ከምኡ ዝበሉ ወፅዓ ዘይቕበሉ ተጋሩ ብምኳን ኣንፃር ባዕዳውያን ወረርትን ኣብ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ጨቆንቲ ነገስታትን መሳፍንትን እናተቓለሰ "እምቢ ንመግዛእቲ" ኢሉ ንመሰሉን ንናፅነቱን መስዋእቲ እናኸፈለ ዝመፀ ህዝቢ እዩ። ኣብ ናይ 17 ዓመት ዕጥቃዊ ቃልሲ እውን ህዝቢ ወጀራት ዕላማን መስመርን ህወሓት ተረዲኡን ሓንጎፋይ ኢሉ ተቐቢሉን ኣብ ጎኒ ውድቡ ተሰሊፉ ብጅግንነት ተቓሊሱ ናብ ዓወት ዝበፅሐ ፅኑዕ ህዝቢ ከምዝኾነ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ፀጥታ ወረዳ ወጀራት ዕስራ ዓዲ ተጋዳላይ ረዳኢ ሓጎስ ይገልፅ።

ኣብ እዋን ዕጥቃዊ ቃልሲ ነቲ ብደርግ ዝበፅሕ ዝነበረ ግፍዒ ምፅዋር ዘኣበዮም ወየንቲ ወጀራት ዕስራ ዓዲ ነንባዕሎም ተወዲቦም፣ ሓድነት ፈጢሮም ኣንፃር ደርጋውያን ታሪኽ ዘይርስዖ መስተንክራዊ ጅግንነት ሰሪሖም ይዕወቱ ብምንባሮም ኣብቲ እዋን፦ መስተንክር ንዝሰርሑ ወየንቲ ወጀራት፤

"ኣስሮን ከላልን ክንዲ ሓደ ሓይሊ
ካሕሱ ኪሮስ ንበሎም በሃሊ
ገብረማርያም መሓሪ ኣብ ማእኸል ወዓሊ
ባርያ ጋብር ወለኣብዝጊ ምስ 'ኣምሓራይ' ሕሪ . . ."
ተባሂሎ ተደሪፍሎም።

ወየንትን ምልሻን ወጀራት ዕስራ ዓዲ ፋሽስታዊ ስርዓት ደርግ ኣብ ምድምሳስ ይኹን ኣብ መኸተ ወራር ሻዕብያ ክሳብ እቲ ሐዚ ዝወረረና ካልኣይ ደርጊ ኣብ ምምካትን ምድምሳስን ንወለዶ ዝሓልፍ መስተንክራዊ ስርሒት ፈፂሞም እዮም። ኣብዚ ኩሉ ቃልሲ ድማ ብኽብሪ ዝተሰውኡን ብሂወት ዘለዉን ሰብ ወርቃዊ ታሪኽ ጀጋኑና ብዙሓት ምዃኖም ተጋዳላይ ረዳኢ ኣዘንትዩልና እዩ።

እወ! ከምቲ ተጋዳላይ ረዳኢ ንድሕሪት ተመሊሱ ናይቶም ብኽብሪ ዝተሰውኡን ብህይወት ዘለዉን ሕሉፍ ታሪኻዊ ጅግንነት ወየንትን ምልሻን ወጀራት ዕስራ ዓዲ ዝገለፆ፣ ኣብ ካልኦት ከባብታት ትግራይ ዝነበሩ ወየንትን ምልሻታትን እውን ምስ ውድቦም ተሰሊፎም ኣብ ጎኒ ተጋዳላይ ህወሓትን ህዝብን ኮይኖም ተመሳሳሊ መስተንክራዊ ጅግንነት



ፅንዓት ምልሻታት ወጀራት ኣብ እዋን መኸተ

ፈፂሞም ሓሊፎም እዮም። ወዮ ድኣ ናይቶም ምእንተ ህላወ ትግራይ በይዛ ኮይኖም ዝሓለፉ ሰማእታትና ኣስማት ንገሊኦም ገሊፅና እምበር ሕድሪ ሰማእታትና ተቐቢሎም ዕድሚኦም ምሉእ ምስ ፀላእቲ ህዝቢ ትግራይ ገጢሞም እንተስ ቆሲሎም ወይ ብኣጋጣሚ ብህይወት ተሪፎም ትማልን ሎምን ዓወት እናሓፈሱ ዝነበሩን ዘለዉን ወየንትናን ምልሻታትናን እውን መተካእታ ዘይብሎም መርኣያ ናይቲ ሓዱሽ ወለዶ ዝኾኑ ጀጋኑ ውላድ ማህፀን ትግራይ እዮም።

ህዝቢ ወጀራት ዕስራ ዓዲ ብሰንኪ እቶም ከውሊሎም ዝመፁ ወረርቲ ሓይሊ ኣብቶም ዝሓለፉ ሸሞንተ ወርሒ (2013 ዓ.ም) ከም ኩሉ ትግራዋይ ብዙሕ ግፍዕን መከራን በፂሕዎ እዩ። እቲ ኩነታት ምስተፈጠረ ፀላኢ ብድሮን (ሰብ ኣልቦ ነፋሪት) ገይሩ ሓሙሸተ ሕዳር 2013 ዓ/ም 18 ንፁሃን ነበርቲ እንትቕትል 14 ድማ ቆሲሎም እዮም። ንሓንቲ ነብሰፁር ኣደ ሒዞም ናብ ሕክምና ዝኸዱ ንዝነበሩ ሸሞንተ መናእሰይ እውን ኣዝዩ ብዘስካሕክሕ ጭካነ ብእምኒ ቀጥቂጦም ቀቲሎም እዮም። እዚ ከም ኣብነት እምበር በብመዓልቱ ገሊኡ ብኣየር፣ ብኸቢድ፣ ብቕንፀላን ብኻልኦት ዝተፈላለየ መንገዲ ኣቢሉ ኣብቲ ከባቢ ኣብ ልዕሊ ንፁሃን ወገናትና ዝተፈፀመ ግፍዒ፣ ዝጠፍአ ሃፍትን ጥሪትን ብዙሕ እዩ። ደሚርካ እንትረአ ብድሮንን ብኻልኦት ዝተፈላለዩ ኣፅዋራትን ከም ወረዳ 15 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 96 ንፁሃት ሰባት ብዘስካሕክሕ መንገዲ ዝተቐተሉ እንትኾኑ፤ 14 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 67 ወገናት ድማ ቆሲሎም እዮም። ሸሞንተ ዝኸውን ገዛ ወየንትን ምልሻን ሓዊሱ ልዕሊ 40 ገዛውቲ ብኸቢድን ነዳዲ ረብሪቦም ብሓዊ ዘቃፀልዎን እንትኾኑ፣ ልዕሊ ሸሞንተ ሽሕ ዝኾና ሃፍቲ እንስሳ እውን ገሊኣን ብኸቢድ እንትባርዓ ገሊኣን በቶም ወረርቲ ተበሊዐን እየን።

ብሰንኪ እቲ ኣብ ንፁሃን ወገናትና ዝተርኣየ ግፍዒ ድማ ኩሉ ወያናይን ምልሻን ወጀራት ብሕራነ ተላዒሉ ተወዲቡ። ብረት ዓጢቑ ኣንፃር ፀላእቱ ተሰሊፉ። ዝተረፈ ህዝቢ ድማ ንፀላእቱ ሕንዚ ብምኳን በብዓቕሙ ከቲቱ። ኣወዳድባ ናይቲ ዕጡቕ ብዕድመ ትሕት ኢሎም ኣብ ቅድሚት ኮይኖም ክኳሸሑ ዝኽእሉ ንበይኖም፤ ዕድሚኦም ድፍእ ዘበሉ ድማ ኣብ ጣብይኦም ኮይኖም ከባቢኦም ክሕልዉ ብዝኽእልሉ መንገዲ እዮም ተወዲቦም። ካብዚ ቐፂሉ 140 ደቂ ኣንስትዮ ዝርከበኦም 1190 መናእሰይ ብሰንኪ እቲ ግፍዒ ናብ በረኻ ብምውፃእ ሓፂር ስልጠና ወሲዱ ክጋደል ክኢሉ እዩ። ፀላኢ 28 ሕዳር ናብ ጣብያ ገንቲ "መምዐት" ዝተብሃለ ከባቢ እንትኣቱ ጅግና ነባር ወያናይ ኣስሮ ተስፋይ ዝተወሰነ ሓይሊ ሰብ ብምሓዝ ንመጀመርታ ጊዜ ተዋጊኦምዎ እዮም። ወያናይ ኣስሮን ካልኦት ውሱናት ወየንትን ኣብቲ እዋን ዝቖሰሉ እንትኾኑ ወያናይ ኣስሮ ግና ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ 30 ሕዳር 2013 ዓ/ም ብኽብሪ ተሰዊኡ።

እዚ ከምዚ እናሃለወ ድሕሪ ትሽዓተ ለካቲት 2013 ዓ/ም ካብ ሸሞንተ ጣብያ እታ ወረዳ እተን ሓሙሽተ ካብ ፀላኢ ሓራ ወፂአን እየን። ኣብዚ ዕለት እዚ ወየንትን ምልሻን ወጀራት ዕስራ ዓዲ ምስ መበል 21 ክፍለ ሰራዊት ፋሽስት ኣብይ ኣብ ዳዕሮይታ ከቢድ ውግእ ዘካየዱ እንትኾኑ ፀላኢ ሰፍ ዘይብል ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ ተጎልቢቡ ሃዲሙ እዩ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ወየንትን ምልሻን ወጀራት ምስ ሰራዊት ትግራይ ብምውዳድ ፀላኢ ካብ 23 ክሳብ 25 መጋቢት 2013 ዓ/ም ንተኸታተልቲ ሰለስተ መዓልቲ ብመድፍዕ፣ ታንኪ፣ ናይ ውግእ ነፈርትን ሄሊኮፕተራትን ተሓጊዙ "ፖለቲካውን ወታደራውን መራሕቲ ክትሕዝ እየ" ኢሉ ኣብ ዘካየዶ ከቢድ ውግእ ፈተኽ እንተይበሉ ተዋጊኦም ብምስዓር መራሕትና ካብ ምድሓን ብተወሳኺ ፀላኢ ብቐፃልነት ናይ ምውጋእ ዓቕሙ ክለምስን ፈረኽረኽ ኢሉ ክሃድምን ዘግብር መስተንክራዊ ታሪኽ ሰሪሖም እዮም።

ኣባል ኮሚቴ ፀጥታ ወረዳ ወጀራት ዕስራ ዓዲ ተጋዳላይ ገዛኢ ወለገርግስ ኣብቲ እዋን ንዝነበረ ኩነታት ምስክርነቱ የቐምጥ። ወረርቲ ሓይልታት ኣብዚ ወረዳ ብዙሕ ግፍዒ ፈፂሞም እዮም። ፀላኢ መጀመርታ ብራያ ገይሩ እንትመፅእ ሰራዊት ትግራይ ኣብ ገረብ ኣገወል ፀኒሑ ብዝግባእ ዘቢጡ ብዙሕ ክሳራ ምስ ኣብፀሐሉ ዓንፃ ዓንዖ ኣብ መንገዲ ዝረኸቦም ንፁሃት ሰባት በብግዚኡ ይቐትልን ንብረት የዕንዉን ነይሩ። ኣብዚ ኩነታት ከምወረዳ ዝነበረ በዝሒ ምልሻ 797 ኮይኑ፣ ካብ ውሽጢ እዚ እቲ 596 ዝኸውን ብኽፍሊ ሓደ (ኣብ ቅድሚት ኮይኑ ክዋጋእ ተባሂሉ ኣብ ሓንቲ ቦጦሎኒ ብኣርባዕተ ሓይሊ ተወዲቡ ዝምራሕ ዝነበረ ኣሃዱ እዩ።
ኣብ መፋርቕ ወርሒ ሕዳር 2013 ዓ/ም ፀላኢ ብዓዲ ቀይሕ ይመፅእ ኣሎ እንትበሃል ኣብቲ ወረዳ በብሓይሉ ተወዲቦም ዝነበሩ ወየንትን ምልሻን ከካብዝነበርዎ ተላዒሎም ናብ ገምዓሳ ዝተብሃለ ቁሸት ንምክልኻል ተጓይዮም ሓሊፎም። ሽዑ ፀላኢ ኩነታት ኣፅኒዑ ንድሕሪት ተመሊሱ። ብድሕሪ እዚ ፀላኢ ሓይሉ ኣጠናኺሩ 28 ሕዳር 2013 ዓ.ም ናብ ጣብያ ገንቲ ተንቀሳቒሱ። ኩነታት ፀላኢ እናፅንዑ ዝፀንሑ በዓል ሃርበኛ ወያናይ ኣስሮ ተስፋይ፣ ሓው ከላሊ ሮብሶን ካልኦት ጀጋኑ ወየንትን ምልሻን ወጀራት ብኣግባቡ ተወዲቦም "ንሕና ብሂወት እናሃለና እዚ ወራሪ ሓይሊ መሬትና ኣይረግፃን" ኢሎም ክሳድ ሒዞም ውግእ ጀሚሮም። ሽዑ ኣብ ገምዓሳን ሰንዓለን ዝነበራ ሓይሊ ሓደን ሓይሊ ክልተን ብኽልተ ኣንፈት ኣትየን ኣብቲ ከባቢ ምስ ዝነበሩ ወየንትን ምልሻን ብምኳን ኣብቲ ውግእ ተሳቲፈን።

ኣብዚ ውግእ እዚ ዝነበረ ድኻም፣ ጥምየትን ፃምእን ብምፅዋር ኣብቲ ከም ከብዲ ኢዶም ዝፈልጥዎ ጎቦታት መሬት ዓዶም ዕርዶም ኣፅኒዖም ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ብዙሕ ክሳራ ኣብፂሖም። ኣብቲ ንመጀመርታ ጊዜ ብዓወት ተፀምቢሉ ዝተኻየደ ውግእ ድማ ኣብ ወገን እዚ ዝበሃል ክሳራ ዋላ እኳ እንተዘይበፅሐ ኣስሮ ተስፋይ ዝርከቦም ኣብ ውሱናት ጀጋኑ ወየንቲ መውጋእቲ ኣጋጢሙ እዩ። ብድሕሪ እዚ ፀላኢ ተፀፊዑ ናብ ዝመፆ ምስተመለሰ፣ 29 ሕዳር 2013 ዓ/ም ናብ መምዐት ዝተብሃለ ቁሸት ብምምፅኡ እቲ ውግእ ቀፂሉ ውዒሉ። ኣብዚ እውን ፀላኢ ምውትን ቁስልን ኮይኑ ተመሊሱ እዩ። ኣብ ሳልሳይ መዓልቲ መስዋእቲ ወያናይ ኣስሮ ተስፋይ ምስ ተሰምዐ ኩሎም ወየንትን ምልሻን ወጀራት ከይተሰኮኑ በብመዓልቱ ሓቦን ኒሕን ሰኒቖም ከመይ ከምዝከላኸሉን ከምዘጥቅዑን ዓቕሞም እናገምገሙ፣ ናብ መሬቶም ዝኣተወ ወራሪ ሓይሊ መውፅኢ ስኢኑ ክተርፍ ተንቀሳቒሶም እዮም።

ሸሞንተ ታሕሳስ 2013 ዓ/ም ካልኣይ ቀብሪ ኣስሮ ተስፋይ ክካየድ ዝተትሓዘ መደብ ንምትእጉጓል ፀላኢ ካብቶም ንኸብዶም ዝሓድሩ ባንዳታት ጥቆማ በፂሕዎ ናብ ጣብያ ሰንዓለ ብምምፅኡ ወየንቲ ወጀራት ሽዑ ከቢድ ውግእ ኣካይዶም። ኣብቲ ዘካየድዎ ውግእ ድማ ብዘይካ ዘምለጠ ውሱን ሓይሊ ንኽልተ ወታደራት ማሪኾም እቲ ዝተረፈ ምውትን ቁስልን ብምኳን ምሉእ ብምሉእ ደምሲሰምዎ እዮም። ካብዚ ሓሊፉ ካብ ድሽካ ጀሚሩ ክሳብ ብሬን፣ ስናይፐርን ብርክት ዝበለ ክላሽን ማሪኾም ነቲ ሒዘምዎ ዝነበሩ ብረት ሲሞነፍ ዝቕይርሉ ኩነታት ፈጢሮም። ብሓፈሻ ኣብቶም ብተሳትፎ ሓይሊ ሓደን ካልኦት ሓይልታትን ኣቢሉ ብወየንትን ምልሻን ወጀራት ዒስራ ዓዲ ዝተኻየዱ ውግኣት ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ሰፍ ዘይብል ሰብኣውን ንዋታውን ክሳራ ብምብፃሕ ዓበይቲ ዓወታት ተመዝጊቦም እዮም። ኣብነት ሓይሊ ሓደ በይና ኮይና ካብ ዝሰርሐቶም ብዙሓት መስተንክራዊ ስርሒታት ኣብ ሓደ ውግእ ክልተ መድፍዕ፣ ሓሙሽተ መኪና ዘቃፀለትሉ ጊዜ ኣሎ። እዚ ከምዚ እናሃለወ ኣብ ሓይሊ ሓደ ካብ ዝነበሩ 148 ሓይሊ ሰብ 21 ጀጋኑ መስዋእቲ እንትኸፍሉ ከም እኒ በርሀ ተስፋይ (በርሀ ጉማ)ን ካልኦትን ዝበሉ 17 ጀጋኑ ወየንትን ምልሻን ድማ ቆሲሎም እዮም።

ፀላኢ፣ ዋላ ናይ ሰብ በዝሕን ዘመናዊ ኣፅዋርን ልዕልነት ይንበሮ ኣብ ኩሎም ዝተኻየዱ ውግኣት ብመስተንክራዊ ስርሒትን ጅግንነትን ወየንቲ ወጀራት በብግዚኡ ከቢድ ክሳራ እናተጎልበበ ይሃድም ምንባሩ ምርዳእ ይከኣል። እቲ ካልእ

ናብ ገፅ 11 ይዘውር

ብምትሕብባር ምስንዳእ ጋዜጣ ወይንን
ቢሮ ሰላምን ፀጥታን መንግስቲ ትግራይን ዝዳሎ መደብ

# ሰላም ክሰፍን ፃዕርና ይሰስን!

ቤት ፅሕፈት ብዙህነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዘለዉ ብሄረሰባት፣ ኣብያተ እምነትን ዝተፈላለዩ ክፍላት ሕብረተሰብን ከምኡ እውን ምስጎረባብቲ ህዝብታት ሰላማዊ ዝምድናን ምትእስሳርን ንክህሉ ዝሰርሕ ትካል እዩ። እዚ ቤት ፅሕፈት ብ2006 ዓ/ም ብኣዋጅ ኣብ ትሕቲ ቢሮ ፀጥታን ምምሕዳርን ክልል ትግራይ ዝተጣየሸ ኮይኑ ኣብ 2012 ዓ/ም ናብ ብርኪ ዘፈር ዓብዩ ነይሩ። ድሕሪ ፅንተታዊ ወራር ኣብ 2015 ዓ/ም ኩሎም ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ትግራይ ከም ብሓዱሽ እንትውደቡ እዚ ትካል ብብርኪ ቤት ፅሕፈት ክውደብ ከምዝተገበረ ይዝከር። እዚ ቤት ፅሕፈት ኣብ ትሕቲኡ ካብ ዝሓቖፎም ዳይሬክቶሬታት ሓደ ድማ ዳይሬክቶሬት ጉዳያት ሃይማኖትን ትካላት ትምህርትን እዩ።

ዳይሬክቶሬት ጉዳያት ሃይማኖትን ትካላት ትምህርትን ኣብ ትግራይ ዘለዉ ኣብያተ እምነትን ትካላት ትምህርትን ዝተፈላለዩ ምኽንያታት መበገሲ ገይሮም ዝለዓሉ ጎንፅታትን ስግኣታትን ብምፅናዕ ንምክልኻልን ንምእላይን ዝሰርሕ መንግታዊ ትካል እዩ። ኣብ ሞንጎ ሃይማኖታት ሰላም፣ ምክብባርን ምክእኣልን ንክህሉ፣ ሓድነት ንምጥንኻርን ሚዛናዊ ኣተሓሳስባ ክምዕብል ንምግባርን ቀንዲ ልኡኹ ገይሩ ይወስድ። ኣብ ኣብያተ እምነትን ኣብያተ ትምህርትን ሰላም ንክህሉ ድማ ነቶም ጉዳያት መበገሲ ገይሮም ዝለዓሉ ጎንፅታት ቅድሚ ምፍጣሮም ዝረኣዩ ምልክታት መሰረት ገይሩ ስራሕቲ ቅድመ መጠንቀቕታ ይውግን። ንሰላም ዝህውኽ ኩነታት እንትፍጠር ድማ ንምእላዩ ናብ ዘፀግም ኩነታት ቅድሚ ምብፅሑ ዝፍትሐሉ መንገዲ ምሕባርን ናብ ሰላም ምምላስን ቀንዲ ልኡኹ እዩ። ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ መንጎ ሃይማኖታት ዘሎ ርክብ ኣብ ምክብባርን ምክእኣልን ዝተመስረተ ዝምድና ክህሉ ትኹረት ገይሩ ይሰርሕ። ምስኩለን ኣብ ትግራይ ዘለዋ ትካላት ሃይማኖት ሓቢሩ ብምስራሕ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዉሑስን ዘላቕን ሰላም ንክህሉ ይነጥፍ። ኣብያተ እምነታት ምስቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን ትግራይ ኣብ ኣስተምህሮ ሰላም፣ ምክልኻል ገበንን ጎንፅን ከምኡ እውን ኣብ ህንፀት ስነ-ምግባር ዝምልከቱ ጉዳያት ዝሰርሕዎም ስራሕቲ ኣለዉ። ኣብቲ ህዝቢ ወሪዶም ምስምውሓስ ከባብያዊ ሰላምን ፀጥታን ተዛሚዱ ኣስተምህሮ ብምሃብ መዳይ ኮነ ጎንፅታት ኣብ ምእላይ ብዙሕ ስራሕ እናሰርሑ ከምዝመፁ ኣብ ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን ትግራይ ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ጉዳያት ሃይማኖትን ትካላት ትምህርትን ኣይተ ሃይለሚካኤል ስዩም ይሕብሩ።

ብኻሊእ መዳይ፣ ኣብ ትግራይ ቅድሚ ኲናት ፅንተት ካብ ካልኦት ክልላት ብተነፃፃሪ ሰላማዊ ዝኾነ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ነይሩ። ሓደ ሓደ ኣብ ውሽጢ ዩኒቨርሲቲታት ትግራይ ብዝተፈላለየ ደጋዊ ድልየት ይኹን ኣብቲ ውሽጢ ብዘጋጥም ጉድለት ምሕደራን ዘይተገደበ ድልየት ተምሃራይን ዝወለዶም ጎንፅታት ይለዓሉ ነይሮም እዮም። ይኹን እምበር ምስምምሕዳር እተን ዩኒቨርሲቲታት፣ ኣብተን ዩኒቨርሲቲ ዘለዋ ውዳበታትን ተወከልቲ ተምሃሮን ብምርኻብን ብምርድዳእን ብቐሊሉ ዝፍትሕሉ ኩነታት ነይሩ እዩ። ከምቤት ፅሕፈት ስግኣት ጎንፂ ኣብ ዘለወን ዩኒቨርሲቲታት መቐለን ኣኽሱምን ፍሉይ ትኹረት ሂቡ እናተሰርሐ ፀኒሑ። ንኣብነት፣ ኣብተን ዩኒቨርሲቲታት ዝተረጋግኣን ሰላማውን ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንክህሉ ዝሕግዝ "ፎረም ሰላም" ዝብሃል ኣወዳድባ ኣሎ። ነዚ ፎረም ብምጥንኻር ምስናይተን ዩኒቨርሲቲ ፕረዚደንትታትን በቢደረጅኡ ዘለዉ ኣካላት ምምሕዳርን ብምዝርራብ ነቶም ስግኣታትን ፀገማትን ብመፅናዕቲ እናፈለኻ ንምፍታሕ ፃዕርታት ይግበሩ ነይሮም። ብመሰረት እዚ እቶም ውሽጣዊ ፀገማት ብውሽጣዊ ምምሕዳር ክፍትሑ፤ እቶም ደጋዊ ዝኾኑ ድማ ምስዝምልከቶም ኣካላት እናተዘራረብካ እቲ ከባቢ ሰላማዊ ክኸውን ብዙሕ ስራሕ እናተሰርሐ መፂኡ።

ድሕሪ እቲ ፅንተታዊ ኲናት ዩኒቨርስቲታት ስራሕ ምስጀመራ እውን ምስናይተን ዩንቨርሲቲ ፕሬዚደንትታትን ከባብያዊ ምምሕዳራትን ዝተጀመረ ርክብ ኣሎ። እተን ውዳበታት እውን ዳግም ኣጣይሽካ ኣመራርሓ ገይርካ ስርዓተ ርክብ ፈጢርካ ዳግም ናብ ስራሕ ክኣትዋ እዩ ተገይሩ። ከምቤት ፅሕፈት እውን ነዘን ትካላት ዝከታተል በዓል ሞያ ተመዲቡ እናሰርሐ ከምዝርከብ ኣይተ ሃይለሚካኤል ስዩም ይገልፁ።
ኣብ ዩኒቨርሲቲታት ንጎንፂ ምኽንያት ክኾኑ ዝኽእሉ ጉዳያት በብግዚኡ ብመፅናዕቲ ይፍለዩ እዮም። ኣፅኒዕካ ድማ ምስቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ እተን ዩኒቨርሲቲታት ምርድዳእ ይግበር እዩ። ንኣብነት ኣብ ዩኒቨርሲቲ መቐለ እቲ ዘሎ ህልዊ ኩነታት ትግራይ ብዝፈጥሮ ፅልዋ ከተማ መቐለ ምስቲ ማእኸል ማሕበረ-ቁጠባን ፖለቲካን ምኳና ተተሓሒዙ ስግኣታት ይውስኽ እዩ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣኽሱም እውን ምስናይቲ ከባቢ ታሪኻዊ መሰረትን ኣመፃፅኣን ተተሓሒዙ ብሃይማኖት ኣሳቢብካ ጎንፅታት ንምፍጣር ደጋዊ ድልየት ኣሎ። ስለዚ ኣብዘን ዩኒቨርስቲታት ንተምሃሮ ከምመሳርሒ ናይ ምጥቃም ተርእዮታትን ዝንባለታትን ኣለዉ እዮም።

ናይዚ መርኣዪ ዝኾነና ኣብ መወዳእታ ታሕሳስ 2017 ዓ/ም ኣብ ዩኒቨርሲቲ መቐለ ዝተርኣየ ጎንፂ ኣሎ። በቲ ዝተፈጠረ ጎንፂ ዋላ ከምቲ ተሓሲብዎ ዝነበረ ኣይኹን ዝተወሰነ ዕንወት ንብረት ኣጋጢሙ እዩ። መበገሲ እቲ ጎንፂ ሕቶ ቀረባት ምግቢ እዩ። እቲ ዩኒቨርሲቲ ድማ ብፌደራል ዝምደበሉ በጀት ምስምንኣስ ተዛሚዱ ፀገም ከምዘለዎ እዩ ዝገልፅ። ስለዝኾነ በዚ ምኽንያት ናብ ጎንፂ ምእታው ከምዘየድልን ብምርድዳእ ክፍታሕ ከምዘለዎን እናተሰርሐ መፂኡ እዩ። ዝኾነ ሕቶ ብናዕብን ዕግርግርን ስለዘይፍታሕ ብውዳበኻ (ከምሕብረት ተምሃሮን ፎረም ሰላምን) ኣቢልካ ብሰላማዊ መንገዲ ምሕታት ከምዝከኣልን ንምርዳእ ፃዕርታት ይግበሩ ኣለዉ። ብወገን እቲ ዩኒቨርሲቲ እውን ነቶም ፀገማት ብፍላይ ኣብ ትሕዝቶን ፅርየትን ቀረባት ምግቢ ዘሎ ጉድለትን ካልኦት እቶም ተምሃሮ ዘልዕልዎም ሕቶታትን ሰሚዑ ብእዋኑ ፍታሕ ክህብ ምርድዳእ እናተገበረ ይርከብ።

ብዘይካ እዚ፣ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ብፍላይ ኣብ ከተማ ኣኽሱም ዘጋጠመ ፀገም ኣሎ። እዚ ምስኣከዳድና ሙስሊም ደቂ ኣንስትዮ ተምሃሮ ተዛሚዱ ሕጃብ ገይርካ ናብ ቤት ትምህርቲ ምእታው ብምኽልካሉ ዘይምርድዳእ ዝተፈጠረሉ ኩነታት ኣሎ። ብመሰረቱ ሕጃብ ምግባር ንትምህርቲ ዘዐንቅፍ እዩ ኢልካ ኣይውሰድን። ሕጃብ ምኽልካል ምስሕገ-መንግስቲ ትግራይ እውን ዝፃረር ምኳኑ ኣይተ ሃይለሚካኤል የገንዘቡ። ኣይተ ሃይለሚካኤል፣ እቲ ሐዚ ብጭቡጥ ኣብ ከተማ ኣኽሱም ዘጋጠመ ፀገም ካብ ጉዳይ ሕጃብ ሓሊፉ ካሊእ ፖለቲካዊ መልክዕ ንክሕዝ ናይ ደገ ሚድያታት ከይተረፈ ኣጀንዳ ይገብርኦ ምህላወንን ካልኦት ናይ ደገ ሓይልታት እውን መግለፂ ዘውፅእሉ ኩነታት ከምዘሎን ይገልፁ። "እዚ ብወገንና ኣይንድግፎን። ከምቤት ፅሕፈት ድማ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ንዝፍጠሩ ፀገማት ብናይ ባዕልና መንገዲ ክፍትሖ ኣለዎም ዝብል እምነት ኣለና። ኣብ ባዕልና ዘለዉ ፀገማት ኣብ ውሽጥና ብእንገብሮ ምርድዳእ ክፍትሖ ኢና ንደሊ" ይብሉ። ካብዚ ብምብጋስ ሓላፊ ቢሮ ትምህርቲ፣ ሓላፊ ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን፣ ከንቲባ ከተማ ኣኽሱም፣ ዓበይቲ ዓዲ፣ መራሕቲ ሃይማኖት እስልምናን ክርስትናን ኣብ ዝተረኸብሉ ሓበራዊ ዘተ ተኻይዱ እዩ። ብመዳይ እቲ ቤት ትምህርቲ "ተሸፋፊንካ ናብ ትምህርቲ ምእታው ኣይፍቀድን" ዝብል ሓሳብ ኣሎ። ኣብቲ ሓበራዊ ዘተ ግና ሕጃብ ክኽልከል ከምዘይብሉ፤ ግን ከዓ ንናይቲ ቤት ትምህርቲ "ዲቪዛ" ዝመስል ሕብሪ ዘለዎ ሕጃብ ክገብራ ከምዘለወን ምርድዳእ ተገይሩ ኣሎ። እዚ ምስጉዳያት እስልምና ትግራይ እውን ምርድዳእ ተገይሩ ኣብ ምሉእ ትግራይ ዝስርሐሉ ዘሎ ጉዳይ እዩ። ስለዚ በዚ መንገዲ እቲ ኣብ ኣኽሱም ከምተርእዮ ዝተፈጠረ ዘይምርድዳእ ኣብ ከይዲ ምፍታሕ እዩ ዝርከብ።
ከምኣገላልፃ ኣይተ ሃይለሚካኤል፣ ቅድሚ ሕዚ እውን ከምዚ ዓይነት ፀገማት ብዝተወሰነ መልክዑ የጋጥሙ ነይሮም እዮም። እንተኾነ ግና ምስቤት ምኽሪ ጉዳያት እስልምና ትግራይ ብዛዕባ እቲ ሃይማኖት ዝኽልክሎን ዘይኽልክሎን ጉዳይ ምርድዳእ ተገይሩ መፍትሒ ተቐሚጡ ነይሩ። እቲ መፍትሒ ድማ ሕጃብ ንሙስሊም ጓል ኣንስተይቲ ሃይማኖታዊ ሕጊ ምስቲ ምኳኑ ሕጃብ ምኽልካል ከምዘየድሊ እዩ። ብኣንፃሩ ድማ ኒቃብ ምግባር ኣይፍቀድን። ኣብቲ ሃይማኖት እውን ዝተፈቐደ ኣይኮነን" ይብል። ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ሕጃብ ማለት ዝኾነት ሙስሊም ትግራወይቲ እትገብሮ ኮይኑ ምሉእ ገፃ ዘርኢን ፀጉራ ጥራሕ እትሸፍነሉን ስለዝኾነ ፍቑድ እዩ። ኒቃብ ግና ሙሉእ ብምሉእ ገፃ ዝሸፍን እዩ። እዚ ከዓ ይትረፍ ቤት ትምህርቲ ባዕሉ ቤት ምኽሪ እስልምና እውን ኣይድግፎን። ካብ እምነት እስልምና ወፃኢ ከምዝኾነ ብምግላፅ እዮም ዘውግዝዎ።

እዚ ከምዘሎ ኮይኑ ከምቤት ፅሕፈት ምስቢሮ ትምህርቲ ትግራይ ዝተኣሰረ ሰነድ ስምምዕነት ኣሎ። ትሕዝትኡ ድማ ኣብ ካልኣይ ብርኪ ኣብያተ ትምህርቲ ጎንፅታት ከይፍጠሩ ፀጋታት ሰላምን ስርፀት ክብርታት ሰላምን ዝምልከት እዩ። ይኹን እምበር ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ጎንፅታት ንምልዓል ዝግበሩ ፈተነታት ኣለዉ እዮም። እዚኦም ብዙሕ ስግኣት ዝፈጥሩ እኳ እንተዘይኮኑ ምስቢሮ ትምህርትን መሓውር ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን ብሓባር ብምኳን ብመፅናዕቲ ኣደጊፍካ እናተፈትሑ እዮም መፂኦም። ኣብ ትካላት ትምህርቲ እውን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ካልኣይ ብርኪ "ክለባት ሰላም" ዝበሃሉ ኣለዉ። እዞም ክለባት ኣብ ውሽጢ ኣብያተ ትምህርቶም ሰላም ንክህሉ ስነ-ምግባር ተምሃሮ ንምጥንኻርን እዮም ዝሰርሑ። ብተወሳኺ ድማ ኣብ ሞንጎ ሃይማኖታት ምክብባርን ምክእኣልን ክህሉ፣ ሰላማዊ ከይዲ ምምሃር ምስትምሃር ንምስፋን ከምዝሕግዙ ኣይተ ሃይለሚካኤል የረድኡ።




ኣይተ ሃይለሚካኤል ስዩም
ኣብ ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን ትግራይ
ዳይሬክተር ዳይሬክቶሬት ጉዳያት ሃይማኖትን ትካላት ትምህርትን

ነዞም ልዕል ኢልና እናገለፅናዮም ዘመፃና ሓሳባት መሰረት ዝገበረ ኣብ ውሽጢ ትግራይ ዝተሰርሑ ስራሕቲ ብዙሓት እዮም። እንተኾነ ግና ምስቲ ህዝቢ ትግራይ በፂሑዎ ዘሎ ናይ ህይወት፣ ንብረትን ስነልቦናን ሃሰያ ኣዛሚድካ እንትርእ ዝተርፍ ስራሕ ከምዘሎ ርዱእ እዩ። ንኣብነት ብሰንኪ ሕፅረት በጀት ዘይተሰርሑ ብዙሓት ስራሕቲ ኣለዉ። ናይዚ ቤት ፅሕፈት ቀንዲ ዕማም ጎንፂ ምስተልዓለ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣቐዲምካ ንጎንፂ ምኽንያት ዝኾኑ ተርእዮታትን ምልክታትን ኣፅኒዕኻን ፈሊኻን ኣቐዲምካ ክእለዩ ምግባር እዩ። ካብዚ ሓሊፉ ድማ ውዳበታት ሰላም ምጥንኻርን ኣብ ኣተኣላልያ ጎንፂ ዓቕሚ ምፍጣርን እዩ ዝሰርሕ። እዞም ውዳበታት ድማ ኣብቲ ሕብረተሰብ ኣትዮም ሰላም ናይ ምጥንኻር ስራሕ ብቅርበት ዝሰርሑ እዮም። ትካላት ትምህርትን ኣብያተ እምነትን እውን ኣካል እዘን ውዳበታት እየን። ስለዚ ነዚኣን ስልጠና እናሃብካ ብዛዕባ ህንፀት ክብርታት ሰላም፣ ምእላይ ጎንፂ፣ ምክብባርን ምክእኣልን ግንዛበ ንምፍጣር ዝተሰርሐ ስራሕ ቀሊል ኣይኮነን። ይኹን እምበር ሕፅረት በጀት፣ ብሓይሊ ሰብን ናውትን እዚ ቤት ፅሕፈት ስራሕቱ ብምሉእ ዓቕሚ ንምዕማም ዕንቅፋት ኮይኖምዎ ኣለዉ። ኣብ ታሕቲ ዘለዉ መሓውራትን ውዳበታትን እውን ብኩሉ መዳይ ክጠናኸሩን ምሉእ ቁመና ክውንኑን ከምዘይከኣሉ ምርዳእ ይከኣል።

ኣብዚ ክግለፅ ዘለዎ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ነቲ ቤት ፅሕፈት ዝህቦ ትኹረት ትሑት ምኳኑ እዩ። እቲ ቤት ፅሕፈት ዋና ልኡኹ መንግስትን ህዝብን ምርኻብን ከምኡ እውን ህዝቢ ንህዝቢ፣ ኣብ ሞንጎ ዜጋታት፣ ሃይማኖትን ትካላትን ዘሎ ዝምድናን ምትእስሳርን ክጠናኸርን ሰላማዊ ሃዋህው ክዓስልን ዝኽእል ኩነታት ምፍጣር እዩ። ኣብ ትግራይ ዘለዉ ትካላት ሃይማኖት ድማ ንህዝቢ ናይ ምምሃርን ምንቃሕን ዝለዓለ ሓላፍነት ዘለዎም እዮም። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ከምቤት ፅሕፈት ዝተሰርሐ ስራሕ ቀሊል እኳ እንተዘይኮነ በቲ ዝድለ ደረጃ ግን ኣይኮነን። ኣብ ትካላት ትምህርቲ እውን ከምኡ። እዚ ከዓ ዓቕሚ እቲ ቤት ፅሕፈት ድሩት ብምኳኑ እዩ። ስለዝኾነ ከምግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ነቲ ቤት ፅሕፈት ዝግባእ ትኹረት ብምሃብ ዝጎደለ ናውቲ፣ ሓይሊ ሰብን በጀትን ብምምላእ ዝተማልአ

ናብ ገፅ 17 ይዘውር

## ጦፈኛ

# “እምቢ ንምልክን ንብተናን!”

ኣብ መጀመርታ ወርሒ ታሕሳስ 2017 ዓ.ም እዩ። ኣብቲ እዋን ብምኽንያት ስራሕ ካብ ከተማ መቐለ ተበጊሰ ናብ ዞባ ሰሜን ምዕራብ ትግራይ ተንቀሳቒሰ ነይረ። ወርሒ ታሕሳስ መቐይሮ ነጥቢ ዝኾኑ ዓበይቲ ህዝባዊ መድረኻት ዝተኻየደላ ወርሒ እያ። ህወሓት ኣብ ወረዳታት ዞባ ምብራቕ፣ ዞባ ማእኸል፣ ዞባ ሰሜን ምዕራብን ተመዛበልቲ ዞባ ምዕራብን “ወፍሪ እምቢታ” ብዝብል ምልኣተ ህዝቢ ዝተሳተፈሎም ሰፋሕትን ዝለዓለ ወነ ዝተርኣየሎምን መድረኻት ኣካይዳ እያ። ካብቶም ዝተኻየዱ ዓበይቲ መድረኻት፤ ብሽም ወፍሪ እምቢታ ኣብ ከተማ ሽራሮ ዝተሳለጠ መድረኽ፤ ብኣካል ተረኺበ ክዕዘብ ክኢለ እየ። ኣብቲ መድረኽ ዝቐረቡ ሓሳባት ህወሓት ንኣስታት ክልተ ዓመት በቲ ፅግዕተኛ ሓይሊ ተጠሊማ ካብ ሚድያታት ትግራይ ዋላ እንተረሓቐት ኣብ ባይታ ወሪዳ ብምስርሓ ህዝባዊ ተቐባልነታ ኣብ ቦትኡ ከምዘሎ ብጭቡጥ ተራእዩ እዩ። ብኣንፃሩ ድማ እቶም ንውድብ ህወሓት ጠሊሞም ምስ ሓይልታት ፅንተት ወጊኖም ስቓይ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ምንዋሕ ዝዋስኡ ዘለዉ ጉጅለታት ክሕደት ብትረት ክቃወሞምን ክቃለሶምን እየ ተዓዚበ። ብፍላይ ኣብቲ መድረኽ ዝለዓሉ ዝነበሩ ሓሳባት “እዞም ናይ ጥልመት ጉጅለ መኸተና ሓንሺሾም፣ ጀኖሳይደራት ብፀልማት ሰዲዶም ከብቅዑ እንተለዉ፤ ሕዚ ድማ ኣብ ክንዲ ተናሲሖም ብመሰረት ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ዝተመዛበሉ ወገናትናን ዝተወረረ መሬትናን ንምምላስ ዝፅዕሩ ብግልፂ ብሄራዊ ክሕደት” እናበሉ ብትሪ ክኸኑኑ እዮም ውዒሎም።

እዚ ከምዚ ዝበለ ቁጠዐ ህዝቢ እንታይ ከምዝፈጠሮ ምዝኽኻር ኣድላይ እዩ። ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ተፈሪሙ ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ ካብ ዝጣየሽ ዳርጋ ናብ ክልተ ዓመት ዝኣክል ጊዜ ኣቑፂሩ ኣሎ። እዚ ግዝያዊ ምምሕዳር ክጣየሽ እንተሎ ብመሰረት ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ንክፍፅሞም ዝተውሃብዎ ተልእኾታት ምንባሮም ይፍለጥ። ኮይኑ ግና እዚ ሓይሊ ኣብቶም ዝሓለፉ ክልተ ዓመት ቀልጢፉ ናብ ተግባር ኣትዩ ፀገማት ህዝቢ ትግራይ ኣብ ክንዲ ምፍታሕ ናብ ዘይተደለየ ሕቱኽቱኽ ብምእታው ፖለቲካ ትግራይ ናብ ቅልውላው ኣእትዩ ሓድነት ህዝቢ ትግራይ ክዝረግ እናሰርሐ እዩ መፂኡ።

ነዚ ዝኸሓደ ጉጅለ ኣቐዲማ ዝተረደአት ህወሓት፤ ቅድሚ መበል 14 ውድባዊ ጉባኤ ምኽያዳ ኣትሒዛ ውዕሊ ስምምዕ ሰላም ፕሪቶርያ ብኣግባቡ ንክፍፀም ዝተፈላለዩ ፃዕርታት እናካየደት መፂኣ እያ። ጉባኤኣ ብዓወት ምስዛዘመት እውን እንተኾነ ቃልሳ ኣየቋረፀትን። እቲ ስልጣን ዝተቖፃፀረ ሓይሊ ግና ምስ መንግስቲ ፌደራል ብምምሻጣር ንህወሓት ኣፍሪሱ ውዕሊ ፕሪቶርያ በዓል ዋና ዘይብሉ ብምግባር ህዝቢ ትግራይ ንምብርካኽ ዓሊሙ ክገብሮ ዝኽእል ኩሉ ገይሩ እዩ። እቲ ህዝቢ ንምድንጋር ዝጥቀሙሉ ስልቲ ድማ “ህወሓት ውዕሊ ፕሪቶርያ ክፍፀም ኣይደልን፤ ንለውጢ ቅሩብ ኣይኮነን ወዘተ” ዝብሉ ፀለመታት ምጥቃም እዩ። ከምኡ ገይሩ እውን ንህዝቢ ኣደናጊሩ ካብ ሕጊ ወፃኢ ስልጣን ተቖፃፂሩ ክልተ ዓመት ምሉእ ዝተወሃቦ ተልእኾ ከይፈፀመ ዘሊቑ። ህዝቢ መሪርዎ “ይኣክል!” እናበለ ክሳብ ሰልፊ ምኽያድ ዘብፀሖ ኣብ መንጎ ውድብ ህወሓትን እቲ ፅግዕተኛ ሓይልን ዝተፈጠረ መሰረታዊ ኣፈላላይ ስልጣን ወይ ፖለቲካ ዘይኮነስ ናይ ኣሰላልፋ ምኧኑ ኣንዳዕዲዑ ስለዝተረድአ እዩ። ባዕሎም እቶም ኣባላት ጉጅለ ክሕደት እውን ሰራዊት ትግራይ ክብተን ሰራዊት ኢትዮጲያ ናብ ትግራይ ክኣቱ ኣለዎ ብምባል ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2017 ዓ/ም ናብ ኣዲስ ኣበባ ከይዶም ግልፂ ገይረምዎ እዮም።

ድሕሪ እዚ ግልፂ ዝኾነ ክሕደት ድማ ህወሓት ካብቲ ቅድሚኡ ዝገብሮ ዝነበረ ቃልሲ ብዝተፈለየ መንገዲ ህዝቡ ኣብ ጎድኑ ኣሰሊፉ “ወፍሪ እምቢታ” ብዝብል



ተሳታፍቲ ነባራት ዓቕሚ ኣብ መድረኽ እምቢታ

መሪሕ ቃል በብከባቢኡን ውዳብኡን ሰፋሕቲ መድረኻት ኣካይዱ እዩ። ህዝቢ ብወገኑ፤ “እምቢ ንብሄራዊ ክሕደት፣ እምቢ ንምልኪ፣ እምቢ ንብተና” ኢሉ ብኣንደበቱ ገሊፁ እዩ፤ ሕዚ እውን እናገለፀ ይርከብ። እዚ ድምፂ ህዝቢ ድማ ክስማዕ ኣለዎ።
ብመሰረቱ ህወሓት ኣብ ታሪኽ ጉዕዞኣ ዝተፈላለዩ ፀገማትን ፈተናታትን ከጋጥሙዋ እንተለዉ ምስ ህዝባን ኣባላታን ተላዚባ ናይ ምፍታሕ ተመኩሮ ዘለዋ ውድብ እያ። እዛ ውድብ ዋላ እኳ በቶም ዝኣመነቶም ውሑዳት ሐዚ እንተተጠለመት ውዕሊ ፕሪቶርያ ዝፈረመትን ንዕኡ ብኣግባቡ ክትፍፅም እትኽእልን ውድብ እያ። ኮይኑ ግና ነዚ ብኣግባቡ ንከይትፍፅም ብፋሉላትን ከዳዓትን ከቢድ ሓደጋ ኣጋጢምዋ ኣሎ። ነዚ ከቢድ ሓደጋ ዝተረደአ ህዝብን ኣባልን እውን ኣንፃር እዚ ፅግዕተኛ ገዛኢ ደርቢ ፊት ንፊት ገጢሙ ብትረት እናተቓለሰ ይርከብ።

ከምቲ ዝፍለጥ ሰራዊት ትግራይ ህልውና ህዝቢ ትግራይ ንምውሓስ ኣብ ቅድሚት ዝተሰለፈ ናይ መኸተ ሓይሊ እምበር ብውልቀ መለኸቲ “እዚ ግበር፣ እዚ ኣይትግበር” ዝበሃል ኣይኮነን። ካብዚ ብምብጋስ ስቓይን መከራን ህዝቢ ትግራይ ከብቅዕ ካብ ክባን ዕፅዋን ቀልጢፉ ክወፅእን ተመዛበልቲ ወገናትናን ዝተወረረ ግዝኣታዊ መሬትናን ናብ ንቡር ንምምላስ “ሓይሊ ፀጥታ ትግራይ ኣብ ፖለቲካ ጣልቃ ኣይኣቱን” ካብ ዝብል ኣጉል ምኽንያትን ኣተሓሳስባን ወፂኡ ንጉጅለ ክሕደት ብምውጋድን ናብ ሕጊ ብምቕራብን ኣቢሉ ትግራይን ህዝባን ከድሕን ይግባእ ዝብል እምነት ኣለኒ። እዚ እምነተይ ጥራሕ ዘይኮነስ ካብ ከተማ ሽራሮ ተበጊሰ ክሳብ መቐለ ዝኣቱ በቢከባቢኡ ዝሰማዕኹዎ ድምፂ ህዝቢ ትግራይ እዩ። ድምፂ ህዝብና ድማ ክስማዕ ኣለዎ።

**ሶሻል**
**ካብ መቐለ**

---

ሰላም ክሰፍን....ካብ ገፅ 16 ዝዞረ

ቁመና ወኒኑ ኣድማዒ ስራሕ ንክሰርሕ ሓገዝ ክግበረሉ ከምዝግባእ እዮም ኣይተ ሃይለሚካኤል ዘተሓሳሰቡ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፣ ቤት ፅሕፈት ብዙሕነትን ምጥንኻር ርክብ ህዝብታትን ትግራይ ብፍላይ ከዓ ዳይሬክቶሬት ጉዳያት ሃይማኖትን ትካላት ትምህርትን ኣብ ውሽጢ ትግራይ ምስጉዳያት ሃይማኖት ተዛሚዶም ዝፍጠሩ ጎንፅታትን ስግኣታትን ንምእላይ ፅቡቕ ምንቅስቓስ ከምዝገበረ ምርዳእ ይከኣል። ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ እውን ጎንፅታት ከይፍጠሩ፣ እንትፍጠሩ ድማ መበገሲኦምን ብምፅናዕ ምፍትሒ ኣብ ምቕማጥ ዝኸዶ ክያዶ ብእወንታ ይውሰድ። እዚ ኮይኑ ግን ሕዚ እውን ጎንፅታት ቅድሚ ምፍጣሮም ኣቐዲምካ ኣብ ምእላይን ምንካይን ካብዚ ንላዕሊ ትኹረት ሂቡ ክሰርሕ ይግባእ። ብኻሊእ መዳይ ብወገን ግዝያዊ ምምሕዳር ነዚ ቤት ፅሕፈት ክግበር ዝግበብኦ ደገፍን ትኹረትን ብምሃብ መበገሲ ጎንፂ ክኾኑ ዝኽእሉ ተርእዮታትን ምልክታትን ናብ ጎንፂ ቅድሚ ምስጋሮም ዝፍትሕሉ መንገዲ ክፈጥር ኣለዎ። ዋና ልኡኹ ኣብ ትግራይ ውሑስ ሰላም፣ ዝተረጋግአ ምንቅስቓስ ማሕበረ-ቁጠባን ህዝባዊ ምትእስሳርን ንክህሉ ምግባር ምስቲ ምዃኑ ከምህዝቢ፣ መንግስታውን ዘይመንግስታውን ትካላት፣ ኣካላት ፀጥታን ትካላት ሃይማኖትን እውን ናይ ባዕሎም ኣበርክቶ ክገብሩ ይግባእ ንብል። ሰላም ክሰፍን ፃዕርና ይሰስን!

ኣብ ትምህርቲ...ካብ ገፅ 14 ዝዞረ

ወርሓዊ ፅግያት ከመፀን እንከሎ ዘዕርፉሉን ዝነፃፃሃሉን ናይ በይነን ክፍሊ እውን ተዳልዩለን ኣሎ። ብኻሊእ መዳይ ንደቂ ኣንስትዮ ጥራሕ ዘይኮነ እቶም ደቂ ተባዕትዮ እውን እተን ኣሕዋቶም ወይ መማህርቶም ተፈጥሮኣዊ ፀገም ከጋጥመን እንከሎ ከምቅቡል ክገብርዎን ከየግልሉወንን ግንዛበ ዘትሕዝ ስልጠና ይወሃቦም እዩ። ኣብ መዳይ ትምህርቲ እውን ንደቂ ኣንስትዮ ፍሉይ ደገፍ ይግበረለን እዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ድማ ካብ ቀዳማይ ክሳብ 10 ደረጃ ዝሕዝአ ንሳተን እየን። ስለዚ እቲ ዝግበረለን ሓገዝ ብተግባር ለውጢ የምፅእ ከምዘሎ ምርዳእ ይከኣል።

ካብኡ ሓሊፉ፣ እቲ መምህር ቀዳምነት ንተምሃሮኡ ሂቡ እዩ ዝሰርሕ። ናይ 17 ወርሒ ዘይተኸፈሎ መሃያ እንተሃለዎ እውን ተፀጊመ እንተይበለ ተምሃሮኡ ብፍልጠት ክበቕዑ ብዘይዕረፍቲ እዩ ዝነጥፍ። ናይ ባዕሉ ግዜ ከይተፀባፀበ ንተምሃሮኡ ንምሕጋዝ ብዙሕ ፃዕሪ እናገበረ እዩ። ካሊእ ድማ ናይ መንግስቲ ሓገዝ ከይተፀበኻ እቲ ሕብረተሰብ ዝለዓለ ተሳትፎ ክህልዎ ምግባር እዩ። ተወለድቲ (ደቂ ዓዲ) ኣብ ዘዘለዉዎ ኮይኖም እቲ ቤት ትምህርቲ ከይፅገምን ናውቲ ንክማለኣሉን ዝተገበረ ፃዕሪ ዝነኣድ እዩ። ብተዛማዲ ሕብረተሰብን ምምሕዳርን እቲ ከባቢ ነቶም መምህራን ዝገብሮ ደገፍ ናብ ካሊእ እውን ክጋፋሕ ዝግብኦ እዩ። እዚ ማለት ግን ዛጊድ ዘይተማልኡ ነገራት የለዉን ማለት ኣይኮነን። ተምሃሮ ክማልኡሎም ዝደልዩዎም ዘይተማልኡ ናውትታት ኣለዉ። ንኣብነት፣ መምሃሪ መፅሓፍቲ፣ ቤተ ፈተነ፣ ቤተ ንባብ፣ ኮምፒተራት፣ ናውቲ ሚኒ ሚድያን ስፖርትን ምጥቃስ ይከኣል። እዚኦም ግና ብደቂ ዓዲ ጥራሕ ዝሸፈኑ ወይ ደቂ ዓዲ ጥራሕ ይሸፍንዎ ኢልካ ዝግደፉ ኣይኮኑን።። ስለዚ ከምግዝያዊ ምምሕዳርን ቢሮ ትምህርትን ትግራይ እውን ናይዚ ቤት ትምህርቲ ፀገማት ኣብ ምፍታሕን ዝጎደሉ ናውቲ ኣብ ምምላእን ሓላፍነቶም ክዋፅኡ ከምዝግባእ እዮም መምህር ተወልደ ዘረድኡ።

ኣጠቓሊልካ እንትርአ፣ ትምህርቲ ናይ ኩሎም ልምዓታት መሰረት ምዃኑ ግልፂ እዩ። ስለዝኾነ ኩሉ ኣካል ብተግባር ናብ ትምህርቲ ክወፍር ኣለዎ። ብፍላይ ኣብ ዳግመ ህንፀት ኣብያተ ትምህርቲ ኩሉ ማሕበረሰብ፣ በዓል ሃፍቲ፣ ገባሪ ሰናይ ድጋፍ ክገብር ይግባእ። ምኽንያቱ ብትምህርቲ ዝተሃነፀ ወለዶ እንትህሉ እዩ ልምዓት ዓዲ ዝረጋገፅ። ስለዚ ማሕበረሰብ ትምህርቲ ቤት ትምህርቲ ለቓይ፣ ነባሪ ሕብረተሰብ ጣብያ በዓቲ ማይ መሳኑን ተወለድትን ተዋዲዶም ዝሰርሕዎ ስራሕ ካልኦት ኣብያተ ትምህርትን ወረዳታትን ትግራይ ከምመርኣያ ወሲደን ክጥቀማሉ ኣለወን። ኣብ ትግራይ ዝተምሃረ፣ ጥዑይ ዜጋ፣ ስነ ምግባሩ ዝተሓለወ፣ ብቑዕ፣ ዘበናዊ ቴክኖሎጅን ዘበናዊ ኣተሓሳስባን ዝወነነ፣ ምስዓለም ዝወዳደርን ንዓዲ ዝጠቅምን ትውልዲ ንምህናፅ ኩሉ ትግራዋይ ኣብ ትምህርቲ ክዓስል ይግባእ።

መስዋእቲ...ካብ ገፅ 11 ዝዞረ

ግርማይ ንጉስን ዝበሉ ወየንትን ምልሻን ተሰዊኦም እዮም።

ብሓፈሻ ፀላኢ ዋላ እኳ በዝሒ ሓይሊ ሰብን በዝሒ ኣፅዋርን ይሃልዎ ዕላማ ኣልቦ ስለዝኾነ ናይ ምውጋእ ዓቕሙ ዝሞተ እዩ ነይሩ። በዚ ድማ ኣብ ኩሎም ውግኣት ብውሑድ ክሳራ ኣብ ልዕሊ ፀላኢ ዓብዩ ዕንወት በፂሑ እዩ። ቀደሙ እውን ፀላኢ ካብ ጉራን ፈኸራን ሓሊፉ ብተግባር እንትርአ ኣዝዩ ፈራሕ ድሁልን እዩ። እዚ ዝበሃል ዓቕምን ሞራልን ዘይብሉ እዩ። ስለዚ ኣብ ኩሎም ውግኣት ብቶም ጀጋኑ ወየንቲ ይውቀጥ ነይሩ። ኣብዞም ውግኣት ጎሊሁ ዝተርኣየ ጅግንነት ብርግፅ ኣብ ኩሉ ወያናይን ምልሻን ተመሳሳሊ እዩ። ይኹን እምበር ጅግና ምልሻ ካሕሱ ተስፋይ ምስኒ ኣስሮ ኮይኑ እናተዋገአ እናሃለወ ብረቱ ምስተወቐዐት ካብ ካልእ ሰብ ብረት ተቐቢሉ እዩ ብሕራነ ተዋጊኡ። ኣብ መወዳእታ 12 ሰነ 2013 ዓ/ም ናብ ማእኸል ኣትዩ ምስ ፀላኢ ተሓናኒቑ ብጅግንነት ተሰዊኡ እዩ። ብድምር ኣብ ሓይሊ ክልተ ኣብ ኩሎም ውግኣት ሓሙሽተ ነባራት ጀጋኑ ወየንቲ ተሰዊኦም እዮም። 17 ድማ ዝቖሰሉ ከምዘለዉ ወያናይ ሓየሎም ይገልፅ። **ክቕፅል እዩ።**



ብመስዋእቲ ጀጋኑ ዝተረኸበ ተስፋ ሰላም ኣብ ሸትኡ ንምብፃሕ ንረባረብ!!

## ማህደር ፎቶ

# ሰልፊ "ይኣክል!" ከተማታት ትግራይ ብኸፋል



















ንምልክነት ምምካት ፅኑዕ ቃል ኪዳን ቓልስና እዩ!!